ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ
ዝዳሎ መጽሄት

ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

**ኣድራሻና**
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ. ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

**መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ**
E-MAIL - nuew@nuew.org
WEB SITE - www.nuew.org

**ኣሰናዳኢት**
ፋጥና ዓብዱራሕማን

**ምክትል ኣሰናዳኢት**
ሜሪ ጸሃየ

**ስእሊ**
ኤፍሬም ሚኪኤል
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

**ለይኣውት**
ኣብረሁት ንጉሰ

**ካቨር ዲዛይን**
joሲ

**ዘርጋሒ መጽሔት**
200454/ 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

# ትሕዝቶ

**02**
**ልሳን**
ክብርታት ሓርነታዊ ቃልሲ ንለምዓት

**04**
**ሪፖርታጅ**
ንእስ ዞባ ጊንዳዕ -
ጥዕናዊ ኣስተምህሮ

**09**
**ዲያስፖራ**
"መሰረት ዓወትናን ሓያል ውዳበናን፡ ህዝባዊ ግንባርዩ"

**14**
**ቁጠባ**
- ኣብነታዊት ገራቢት ኣደ
- "ብርሃጽካ ዘምጽኣካዮ ሃብቲ ኢኻ ትሕልዎ

**20**
**ሕጊን ሕብረተሰብን**
ኣቦይ ዝሃቡኒ መንበር.....

**28**
**ስነ-ጥበብ**
ኣብ ቅርዓት ኣኤክስፖ 2023

**34**
**ሞዛይክ**
- ብርሃን ገዛ
- ብጽሒት ዋዕሮ

**38**
**ስፖርት**
ፈላሚት ፕረዚደንት
ዓንኬል ደያኑ ብሽክለታ

**03**
**ዜና ማሕበር**

**06**
**ቃለ መሕተት**
"ኤርትራ ብብዙሕ መዳያት ኣብነት ኮይና ኣላ"
- ኣምባሳደር ሶፍያ ተስፋማርያም

**12**
**ትምህርቲ**
ዝመቀረትካ ገረብ፡ ስራ ኩዒትካ ብልዓያ!

**18**
**ጥዕና**
ጽሬት - እቲ ዝበለጸ ባህርያዊ መመላኽዒ

**22**
**ማህደር ታሪኽ**
- ምቁር ከም መዓር መሪር ከም ዕረ
- ካብ ደንደን ናብ ደጅን

**30**
**ስነ-ልቦና**
- ደቂኣንስትዮን ዓወትን
- ጽንብል ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን (baby-shower)

**37**
**ደቂ-ኣንስትዮ ዓለም**
- 44 ቈልዑ ዝፈረየ ሲጋስ ማህጸን!

**40**
**ይብሉ ነበሩ!**
'ፍቕሪ ተግባር ምስ ዘውሕዳ፡ መግለጺ ይበዝሓ!'

# ልሳን

## ክብርታት ሓርነታዊ ቃልሲ ንልምዓት

መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነት እንዝክረላ ወርሒ እያ። ናይ 1961 መስከረም፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 40ታትን 50ታትን ንመሰል ርእሰ ውሳነኡ ዘካየዶ ሰላማዊን ፖለቲካዊን ቃልሲ ጸማም እዝኒ ምስ ተዋህቦ፡ ዝተነፍጎ መሰል ብቕልጽሙ ከረጋግጽ፡ ንነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ኲናት ዝነቐለላ እያ ነይራ። በዛ ታሪኻዊት ወርሒ'ዚኣ ዝፈለመ ብረታዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት ዝኣክል ብኣዝዩ ጽንኩርን ፈታንን መድረኻት ሓሊፉ፡ ብዙሕ መስዋእቲ ተኸፊልዎ፡ ኣብ 1991 ናጽነት ጋህዲ ዝገበረ ቃልሲ ብምዃኑ ድማ፡ ኣብ ታሪኽ ወለዶታት ኤርትራ ደሚቑ ዝለዓል ዓቢ ምዕራፍ እዩ።

ናይ ሎሚ ዘመን ወርሒ መስከረም ፍሉይ ዝገብራ፡ ልክዕ ከም 1991፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን እንተቐዶ ልኡላውነቱ ንምሕዳግ፡ እንተዘይኮነ ህንጸት ሃገሩ ንምኹላፍ ዘንቀደ ካብ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ስውርን ግሁድን ሽርሒታት ኣበርዒኑ፡ ጻማ ጽንዓቱን ስጡም መስርዑን ብዓወት ወጺኡ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ተኣምራታዊ ታሪኹ ተወሳኺ ቅያ ሰሪሑ ናብ ሓድሽ መዋእል ኣብ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን ትዝክር ምህላዋ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ንናጽነት ዘካየዶ ነዊሕ ተጋድሎ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጠርኒፉ፡ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒን ማዕርነትን ዜጋታትን ዝሰረቱ፡ ወርቃዊ መትከላትን ክብርታትን ከኹስኩስ ክኢሉ እዩ። ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህሊን ማሕበራዊ ቦታን፡ ኣብ ማዕርነት ዝሰረተ ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ ከኣ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝቢን ሃገርን ክፈጥር በቒዑ። እዚ ኣብ ሓርነታዊ ኲናት ዝተኾስኰሰ ክብርታት'ዚ ድማ፡ ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ሰጊሩ፡ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ደጊሙ ድንቂ ታሪኽ ሰሪሑ።

ዘለናዮ መድረኽ፡ ሰላምናን ሃገራዊ ክብረትናን ኣውሒስና፡ ብምሉእ ሓይልና ናብ ገዚፍ ልምዓታዊ ስራሕን ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየትን እንሰጋገረሉ መድረኽ እዩ። ካብ ተሞኩሮ ሓርነታዊ ቃልሲናን ናይ ድሕሪ ናጽነት ታሪኽናን ከምእንምገንዘቦ ከኣ፡ ውሕስነት ህላወን ቀጻልነትን ጥራይ ዘይኮነ ምንጪ ዕብየትን ምዕባለን ሓደ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ሃገራዊ ጥምረት፡ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ንቕሓትን ባህልን ክብርታትን እዩ።

ከምዝፍለጥ ናይ መወዳእታ ዕላማ ሓርነታዊ ሰውራ ኤርትራ ሃገራዊ ናጽነት ምርግጋጽ ጥራይ ኣይነበረን። ራእይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ማዕረ'ቲ ንናጽነቱ ዘካየዶ ጽኑዕ ገድሊን ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእቲን፡ ብፍትሒን ማዕርነትን ዝነበበረላ ስልጥንቲ ሃገር ምህናጽ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ማዕርነትን ስኒትን ዝተመስረተት ሓያልን ብልጽግቲን ሃገር ብምህናጽ፡ ማዕረ ዘሐብን ታሪኽና ኮይንና ክንርከብ ናይዚ ሓድሽ መዋእል ቀንዲ ተልእኾና እዩ። ዝኽሪ መስከረም ከኣ፡ እቲ ኣብ ነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝኾስኰስናዮ፡ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ጥምረትና፡ ዘሕብን ሃገራዊ ታሪኽናን ቅያታትናን ዝኾነ ባህልን ክብርታትን፡ ኣብ ምዕሩይ ሱታፌ ዜጋታትንን ጾታዊ ማዕርነትን ዝኣምን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን መትከላትን፡ ብቐጻልነት ዓቂብናን ኣማዕቢልናን ናብ ልምዓት ንምቕንዑ ቃልና እነሐድሰሉ እዩ። ደቀንስትዮ ኤርትራ ከኣ፡ ከም ኣብ ሓርነታዊ ተጋድሎ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ እውን፡ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓተን ኣበሪኸን ነቲ ዘሐብን ታሪኸን ብተወሳኺ ቅያ ከምዘወቕባኦ ርጉጽ እዩ። ክብሪን ሞጎስን ነቲ ዘይከኣል ክኢሉ ናብ ሓድሽ መዋእል ተሰጋጊሩ ዝርከብ ወናኒ ስጡም መስርዕ ህዝቢ ኤርትራ!

ዜናታት ማሕበር

# ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ፡ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ገምጊማ



ፈጻሚት ቦርድ ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብ20ን 21ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየደቶ ኣኼባ፡ ገምጋም ቀዳማይ መንፈቕ ብምክያድ፡ ኣብ መደባት ካልኣይ መንፈቕ ዘትያ።

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂ ኣንስትዮ ኩብ ንምባል ዝካየድ ጻዕረታት ንምድንፋዕ፡ ኣባላት ማሕበር ኣብ ትግባረ መደባት ኣበርቲዐን ክሰርሓ ጸዊዓ።

ሓለፍቲ ሽዱሽቲኣን ዞባታትን ሓለፍቲ ክፍልታት ማሕበርን ኣብ ዘቕረብኦ ጸብጻባት ድማ፡ ኣብ ምኹስኳስን ምዕቃብን ክብርታት፣ ምውዳብ ደቂ-ኣንስትዮ ብዓይነትን ብዝሕን፣ ምብራኽ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቁጠባ፣ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚታት፣ ከምኡ እውን ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ምውጋድ ጐዳእቲ ልምድታትን ኣተባባዒ ስራሕ ከምእተዓመ ገሊጸን።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ካልኣይ መንፈቕ - መደባት ምብራኽ ንቕሓትን ውዳበን ዓይነታውን ጸላውን ንምግባሩ ብውህደት ክስርሓ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሐን።

# ፕረዚደንት ሃማደኤ ምስ ደቀንስትዮ ጸሮናን ደቀምሓረን



ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ጸሮናን ደቀምሓረን ምስ ነበርትን ኣብ'ቲ ከባቢ ምስ ዝርከባ ደቀንስትዮ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን - ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ደቀንስትዮ ዘተኮረ ርክባት ኣካዪዳ።

ወይዘሮ ተኽኣ፡ ምስዘን ደቀንስትዮ ኣብ ሓውሲ ከተማ ጸሮና ኣብ ዘካየደቶ ርክብ፡ ብቕዓት ጓለንስተይቲ ብምብራኽ ኣበርክቶኣ ኣብ ኩሉ መዳይ ንምዕዛዝ ማሕበር ምስ ዝምልከተን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ተወሃሂዱ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጻ። ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ፡ ከምቲ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ኣብ ጐድኒ ኣሕዋታ ተሰሊፋ ዝተቓለሰትን ዘድምዐትን፡ ገስጋስ ልምዓታዊ መደባት ብተዓጻጻፊ ንምስጓም እውን፡ ንጡፍ ተራኣ ወሳኒ ምዃኑ ኣስሚራትሉ።

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ መኸተ መድረኻት ደቀንስትዮና ንዝርኣያኦ ታሪኻዊ ጅግንነት ብምምዃስ፡ "እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝወራረስ ቅያ ኣብ ልምዓት'ውን ከምዝድገም ዘጠራጥር የለን" ኢላ። ህዝብን መንግስትን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ብዝገብርዎ ዘለዉ ወፍሪ ብዝተፈላለየ ማዕርግ ካብ ኮሌጃት ዝምረቓ መንእሰያት ቁጽረን እናሰሰነ ይኸይድ ከምዘሎ ብምሕባር ካ፡ ኣብ መደባት ልምዓት ዓቢ እጃም ከምዘህልወን እምነታ ገሊጻ።

ወይዘሮ ተኽኣ፡ መሰልን ማዕርነትን ደቀንስትዮ ምሉእ ብምሉእ ንምርግጋጽ ገና ክስገር ዘለዎ ብድሆታት ከምዘሎ ብምምልካት፡ ኣብ ሰራዊት ዘለዋ ደቀንስትዮ፡ ኑብሰን ብትምህርትን ሞያን ከማዕብላ ተላብያ። ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ጽላት ተዋፊረን ዝርከባ መንእሰያት ደቀንስትዮ እውን፡ ብፍልጠትን ሞያን ዓቕመን ክዕብያ ኣጥቢቓ ኣዘኻኺራ።

# ዓቕሚታት ደቂ-ኣንስትዮ ዘሐይል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ብሃማደኤ ዘባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ዝተወደበ፡ ኣብ ኣምራት ኑብሰ-ዕብየትን ጽልዋኡን፡ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦ ሕጊ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል ውዳቤታት መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ዘተኮረ፡ 45 ወከልቲ ኮሌጃት መንእሰያት ተሳቲፈናኦ ኣስተምህሮ ብ20ን 21ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ተዋሂቡ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ ኣበራሽ ሃብታይ፡ እቲ ዕላማ ደረጃ ንቕሓት ተሳተፍቲ ብምብራኽ፡ መንግስቲ ኣርሒዩለን ንዘሎ ዕድላት ትምህርቲ ብግቡእ ተጠቒመን ዓቕሚታተን ንኸማዕብላን ንኻልኦት ክጸልዋን ከምዝኾነ ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ እቲ ትምህርቲ ብቕንዱ ኑብሰኻ ንምፍላጥን ንምምዕባልን ስለዝሕግዝ ተመሳሳሊ መድረኻት ብሰፊሑ ክውደብን ቀጻልነት ክህልዎን ተላብየን።

ሪፖርታጅ

# ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ጥዕናዊ ኣስተምህሮ

ሙራኤል መርሃዊ

ብ10 መጋቢት 2023፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብሃመደኤ ዝተወደበ ዝተፈላለየ ኣስተምህርቶ ኣብ ኣደራሽ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ናይቲ ዞባ ተዋሂቡ። ካብቲ ንመንእሰያትን ኣደታትን ደቀንስትዮ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ሓደ ብነርስ ብንያም ጺጋይ ዝቐረበ ኣብ ጥዕና ደቀንስትዮ ዝቐንዐ ኣስተምህሮ እዩ።

ፈለማ ዝቐረበ ኣርእስቲ ንኽሸቦ ጓለንስተይቲን ሳዕቤናቱን ዝገልጽ'ዩ ነይሩ። ነርስ ቢንያም ጺጋይ ኽሸቦ ጓለንስተይቲ ጎዳኢ ልምዲ ምኳኑ፡ ኣብ ጥዕና ጓለንስተይቲ ድማ ክጽወር ዘይክእል ጥዕናዊ ጸገም ካብ ምፍጣር ሓሊፉ ክሳብ ሞት ኣደን ዕሸልን ከስዕብ ዝኽእል፡ ኣካላዊን ስነ-ኣእምራዊን ስንክልና ዘኸትል ኣዝዩ ሓደገኛን ጎዳኢን ልምዲ ምኳኑ ገሊጹ።

ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ብንያም፡ ካብቶም ሽዑ-ንሽዑ ዘጋጥሙ ሓልኪታት (ሳዕቤናት)፥ ሕበጥ፡ ብዙሕ መድመይቲ፡ ብርቱዕ ቃንዛ፡ ምዕጋት ሽንቲ፡ ረኽሲ ዝተጨንደሓ ቑስሊ፡ ዋሕዲ ደም፡ ረኽሲ ሽንቲ፡ ረኽሲ ማህጸን፡ ጋንግሪን፡ ምልካፍ ብደም ዝመሓላለፉ ሕማማት ከም ኤች-ኣይ-ቪን ወይቦን ካልእን ጸገማትን እዮም። ኣብ ዝተናዉሐ ግዜ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ሕዱራት ሓልኪታት ድማ ከም በሰላ፡ ጥሙት (ጽበት) ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡ ነጠብጣብ ሽንቲ፡ ፈስቱላ፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ስጋዊ ርክብ፡ መኻንነት፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት፡ ምዕጋት ወርሓዊ ጽግያት፡ ምግዛፍ ኩብዲ፡ ደንጓዩ ወይ ዕጉት ሕርሲ፡ ዘይንቡር ምቕዳድ ርሕሚ ወይ ማህጸን ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ ሞት ኣደ ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ ሞት ዕሸል፡ ጸቕጢ፡ ጭንቀት፡ ሕማቕ ተዘክሮ ዕለተ ምኽንሻብ፣ ኣብተን ዕብይ ምስ በላ ዝኽንሸባ ደንስትዮን ድማ ምጉዳል ወይ ጾታዊ ስምዒት ዘይምህላው፡ ብዓብዩ ኸኣ ሞት ኣደን ዕሸልን ኣብ ሓደ እዋን የጠቓልል።

ይኹን እምበር ህዝብና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምኽንሻብ ጎዳኢ ልምዲ ምኳኑ ስለ ዝተረደኦ ብፍላይ ኣብ 2007 ኣብ ሽባሕ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ወጊድ ንኽሸቦ ተባሂሉ ሕግታት ካብ ዝወጽኣሉ ንደሓር ክሸቦ ጓለንስተይቲ ኣብዚ እዋንዚ ከም ልምዲ ኣዝዩ እናጎደለ ይኸይድ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ ምኽንሻብ ጓለንስተይቲ ጎዳኢ ልምዲ ምኳኑ ተረዲኡ፡ ነዚ ዘወግድ ሕጊ ብኣዋጅ ኣዉጺኡ'ዩ። እቲ ሕጊ ንኸንሹብቲ ከቢድ ናይ ገንዘብን ማእሰርትን ዘጠቓልል መቕጻዕቲ ዝብይን ኮይኑ፡ ዋላ ኑቶም ንኽሸቦ ቦታ ዘዳለዉ፡ ንብረት ዘቀባበሉ፡ እናረኣዩ ንዘምልከቶ ኣካል ዘይሓበሩ ሽለል በብዓረጃ ጌጋኦም ዝቐጽዕ እዩ።

ድሕሪ ኽሸቦ ነርስ ብንያም ናብ “ትሕቲ ዕድመ መርዓን ሳዕቤናቱን” ዝብል ኣርእስቲ እዩ ሰጊሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ብንያም፡ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ገኒኑ ዝርአ'ዩ። እቶም ቀንዲ ጠንቅታት ወይ ደረኽቲ ረቛሒታት ትሕቲ ዕድመ መርዓ ድማ ድኽነት፡ ባህልን ልምድን፡ ገዘሚ፡ ጓሎም ከይተመርዓወት ከይትተርፍ ዝመንቀሊኡ ፍርሒ ስድራቤት፡ መሃይምነት ዝኣመሰለ እዩ።

ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ወይ ክፍለ ዓለማት ብብዝሒ ዝርአ'ዩ። ኣፍሪቃ፡ ደቡባዊ ምብራቕ እስያ፡ ላቲን ኣመሪካን ኦሽንያን ገለ ካብተን እዚ ልምዲ'ዚ ብብዝሒ ዝረኣየለን ከባቢታት ዓለምና እየን።

ነርሲ ብንያም ጺጋይ ንገለ ካብ ሳዕቤናት ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዘርዚሩ። ኣብ ዘይዕድመኻ



ጥንሲ፡ ጸገማት ሕርሲ፡ ፈስቱላ፡ መልከፍቲ ብስጋዊ-ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፡ ምቅላዕ ንመንሽሮ ኣፍ ማህጸን፡ ትሕቲ ሚዛን ዕሸል ምውላድ፡ ኣብ ዘይግዚኡ ሕርሲ፡ ሞት ዕሸል፡ ሞት ኣደ ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ ምኹላፍ ካብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ቁጠባዊ ጽግዕተኛነት፡ ማሕበራዊ ተነጽሎ፡ ዘይምስምማዕ ኣብ ሓዳር፡ ፍትሕ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት (ጭንቀት፡ ቅዛነት፡ ዘይንቡር ፍርሂ) ትሑት ስርዓተ ምክልኻል፡ ዓጸቦ፡ ምግሃስ ኩሉ ዓይነት መሰላት ደቀንስትዮ...ወዘተ ካብቲ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤናት'ዩ።

ነርስ ብንያም ምስዚ ኣተኣሳሲሩ፡ ኩብዲ ሳዕቤናት ትሕቲ-ዕድመ መርዓ ብምግንዛብ ወለዲ ብፍላይ ከኣ ኣደታትን መንእሰያትን ደቀንስትዮ፡ መንግስቲ ኣውጺእዎ ዘሎ ሕግታት ብምኽባር፡ ንቕሓቶም ብምብራኽ፡ ነዚ ጎዳኢ ልምዲ'ዚ ነበረ'ያ ነበረ ኣብ ምግባሩ እጃሞም ከበርክቱ ጸዊዑ።

“ክንክን ቅድሚ ሕርሲ” ስዒቡ ዝቐረበ ኣስተምህሮ እዩ። ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ብንያም ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ካብታ ኑብሰ ጾር ኣደ ንመጀመርታ እዋን ናብ ትካል ጥዕና ዝኸደትላ መዓልቲ ክሳብ ዕለተ ሕርሳ ዘሎ ግዜ ዘጠቓልል'ዩ። በዚ ድማ፡ ኑብሰ-ጾር ኣደ፡ ቅድሚ 12 ሰሙን (ቅድሚ 3 ወርሒ) ኣብ ዘሎ

ግዜ ግድን ናብ ሕክምና ክትበጽሕ ትምከር። ንኑብሰ ጾር ኣደ ኣብ ሕክምና ዝግበረላ ክትትል ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡- ምዕቃን ክብደት ኑብሲ፡ ምዕቃን ጸቕጢ-ደም፡ መርመራታት ሽንቲ፡ ሓፈሻዊ ኣካላዊ መርመራ፡ መርመራ ከብዲ (ዓቕን ዕሸል ኣብ ማህጸን)፡ ምውሳድ ጸረ-ቴታኖስ፡ ምዕቃን ቁመት፡ ናይ ደም መርመራታት፡ ዓቐን ሄሞግሎቢን፡ ዓይነት ደም፡ መርመራ ኣር-ኤች፡ ኤች-ኣይቪ/ ኤይድስንን ካልኦት ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን፡ መርመራ ኣልትራሳዉንድን (ብኮምፒዩተር ዝግበር መርመራ) ካልእን።



ብመሰረት ኣስተምህሮ ነርስ ብንያም፡ ሓንቲ ኣደ ብውሑዱ 8 ግዜ ናብ ጥቓኣ ዝርከብ ሕክምና ክትመላለስ ኣለዋ። እዚ ምምልላስ'ዚ ሕማማት ቅድሚ ሕርሲ ብኣጋኡ ንምልላይን ንምፍዋስን፡ ጸገም ዘይብሉ ሕርሲን ጥዑይ ዕሸል ንምግልጋልን ዝሕግዝ ስለዝኾነ።

ሕክምናዊ ክትትል ኣብ ግዜ ጥንሲ እዚ ዝተጠቕሰ ረብሓታት ስለዘለዎ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ዝኾነት ኣደ ኣብ ገዛ ክትሓርስ ክትፍትን የብላን። ብኣገላልጻ ዉድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ገዛ ምሕራስ ልክዕ ከም ኑብሰኻ ምቕታል'ዩ ዝሕሰብ። ገለ ካብቶም ኣብ ገዛ ምሕራስ ከኸትልዎ ዝኽእሉ ሳዕቤናት፥ ዘይምቁጽጻር መድመይቲ፡ ምድንጓይ ሕርሲ፡ ረኽሲ፡ ምቕዳድ ማህጸን፡ ምጭናቕ ዕሸል፡ ግዳይ ብደም ዝመሓላለፉ ሕማማት ምዃን፡ ምድንጓይ ፍወሳ፡ ብዓብዩ ኸኣ ሞት ኣደን ዕሸልን'ዮም።

"ምንጻል ጥንስን ሳዕቤናቱን" ኣብ መወዳእታ ዝቐረበ ኣርእስቲ ናይቲ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ እዩ።

ኣብ ዓለም ዘጋጥም ጥንሲ ፍርቁ ኣብ ዘይ ግዚኡን ብዘይ መደብን ዝኸሰት ብምዃኑ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ካብ 36 ክሳብ 53 ሚልዮን ጥንሲ ይንጸል። ካብዚ እቲ 20 ሚልዮን ኣገባብ ምንጻል ጥንሲ ውሑስ ኣይኮነን። ከም ሳዕቤኑ ድማ 80 ሽሕ ኣደታት ምስ ምንጻል ጥንሲ ዝዝተሓሓዘ ጸገማት ይሞታ። ምንጻል ጥንሲ ብዘይካ'ዚ ንብዙሓት ኣደታት ግዳይ ከቢድ ጉድኣትን ስንክልናን ገይሩወን ይርከብ።

ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ብንያም፡ ክልተ ዓይነት ምንጻል ጥንሲ'ዩ ዘሎ። ባህርያዊ ምንጻል ጥንስን ደፋእታዊ ምንጻል ጥንስን። እቲ ባህርያዊ ምንጻል ጥንሲ ዝበሃል ብዘይ ፍላጥ ማለት ኣደ ነቲ ጥንሲ ክትንጽሎ ከይሓሰበት ብዝተፋላለዩ ጸገማት ማለት ብጥዕናዊ ጸገም ኣደ ወይ ኣቦ፡ ጸገም ናይቲ ድቂ፡ ዘይንቡር ኣቃዉማ/ኣፈጣጥራ ድቂ፡ ምብካል ድቂ ብመድሃኒትን ካልእን፡ ዘይንቡር ምትካል ድቂ፡ ኣብ ሻንምቆ ማህደረ እንቋቑሖ/ማህጸን ረኽሲ ክፋላት ስርዓት መፍረ፡ ሕዱራት ሕማማት፡ ዘይስሩዕነት ስርዓተ ነዝዒታት፡ ጸገማት ኣካላት ስርዓተ መፍረ፡ ጸገማት ምፍራይ ኑብሰ-ተጻዉሮ (ኣር-ኤች ፋክተር) ጸገማት ስርዓተ ምርጋእ ደም፡ ካልኦት ኣከባብያዊ ጸገማት (ትምባኾ፡ ኣልኮል. . .) ምዝንባዕ ክሮሞዞም፡ ህላወ ኣደና ቫይረስ ኣብ ተባዕታዊ ፈሳሲ ዝኸሰት ዓይነት ምንጻል ጥንሲ'ዩ።

ነርስ ብንያም ከምዝገለጾ፡ ኑብሰ ጾር ኣደ፡ ምፍሳስ ደም፡ ቃንዛ ታሕተዋይ ማዕጥቕ፡ ቃንዛ ሕቖ፡ ጽርውሩው፡ ምዉጻእ ገለ ወይ ኩሉ ክፋል ድቂ ...ወዘተ ምስ ዝስመዓን ዘጋጥማን ምልክታት ምንጻል ጥንሲ ምዃኑ ክትግንዘብ ኣለዋ። ከምዚ ምስ ዘጋጥማ ድማ ተቐላጢፋ ናብ ቀረባኣ ዘሎ ትካል ጥዕና ብምኻድ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ ኣለዋ። ምኽንያቱ ምንጻል ጥንሲ እንተ ኣጋጢምዋ ብድሕሪኡ ቀልጢፉ ጥዑይ ጥንሲ ክትሕዝ ኣይትኽእልን እያ። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ሓኪም ንግዜኡ መከላኸሊ ጥንሲ ክትወስድ ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ ካብቲ ተነጺሉ ዝኸደ ድቂ ተረፍ ክህልዋ ስለ ዝኽእልን ሓደገኛ ስለዝኾነን ተቐላጢፋ ናብ ሕክምና ምኻድ እቲ እንኮ ኣማራጺ'ዩ።

ኣብ መወዳእታ ነርስ ብንያም ጸጋይ ብዛዕባ ደፋእታዊ ምንጻል ጥንሲ'ዩ ገሊጹ። ደፋእታዊ ምንጻል ጥንሲ ዝበሃል እታ ኣደ ብፍላጥ፡ ኮነ ኢላ ነቲ ዕሸል ብዝተፋላለየ መገዲ ብድፊኢት ክትሰዶ እትወስዶ ስጉምቲ እዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ኣብ ኤርትራ ደፋእታዊ ምንጻል ጥንሲ ብሕጊ ክልኩልን ዘቕጽዕን'ዩ። ይኹን እምበር ሓንቲ ጓለንስተይቲ ዘጋጠማ ጥንሲ ካብ መቕርብ ምስ ዝኸዉን፡ እቲ ጥንሲ ብዓመጽ ዘጋጠመ ምስ ዝኸዉን፡ ነታ ኣደ ኣሰካፊ ጸገም ጥዕና ዝወስዳ ምስዝኸዉን፡ ናይ ኣእምሮ ሕምምቲ ምስ እትኸዉን ብሕጊ ክንጻል ይፍቀድ'ዩ። ካብዚ ወጻኢ ግና ደፋእታዊ ምንጻል ጥንሲ ገበንን ብሕጊ ዘሕትትን'ዩ።

# ቃለ - መሕትት

## “ኤርትራ ብብዙሕ መዳያት ኣብነት ኮይና ኣላ”

ኣዋጥፍ ዓብዱ

### ኣምባሳደር ሶፍያ ተስፋማርያም

**◆ፈለማ ብድሕረ ባይታኺ ክንጅምር?**

ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊደ። ገና ብህጻነይ እንከለኹ፡ ምስ ስድራይ ናብ ኢትዮጵያ ብምኻድ ኣብኡ ንውሑድ ዓመታት ተቐሚጠ። ዳሕራይ ሽዱሽተ ዓመት ምስ ኰንኩ፡ ኣቦይ ብስራሕ ናብ ዳርኤሰላም፡ ታንዛንያ ስለዝተቐየረ ናብኡ ከይድና። ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ድማ ኣብኡ ተማሂረ። ካልኣይ ደረጃ ክጅምር ምስ ቀረብኩ፡ ኣቦይ ናብ ኣክራ፡ ጋና ስራሕ ስለዝቐየረ፡ ኣብኡ ትምህርተይ ቀጺለ። በዚ ምኽንያት ዝበዝሐ እዋን ንእስነተይ፡ ኣብ ጋናን ታንዛንያን እየ ኣሕሊፈዮ። ብድሕሪኡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ናብ ኣመሪካ ከይደ። ኣብ ኣሪዞና ኢንተርናሽናል ኮሌጅ ዩኒቨርሲቲ፡ ብዓውዲ ትራቨል ቱሪዝም ቢዝነስ ማነጅመንት ተመሪቐ። ካብ 1978 ጀሚረ ከኣ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣመሪካ እቕመጥ ኣለኹ።

**◆ ተራ ወለድኺ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ ስምዒትኪ ከመይ ትገልጽዮ?**

ናብ ኣስመራ ዕረፍቲ ኣብ ዝመጻእኩሉ እዋን፡ ብዛዕባ እቶም ናብ ሜዳ ዝኸዱ ኣኮይን ሓትነይን እሓትት ነይረ። ኣባሓጐይ ድማ፡ ብዛዕባ’ቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ የዕልለኒ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ካብ ገድሊ ዝመጽእ ዝነበረ ጽሑፋት ስድራና የንብቡ ነይሮም። ሙዚቃ ናይ በዓል በረኸት መንግስትኣብ ማለት፡ ከም በዓል ‘መለይ’ ዝኣመሰላ ደርፍታት ክድረፋ እንከለዋ፡ ትርጉሙን ሓፈሻዊ መልእኽቱን ንዛረበሉ ነይርና።ኣብ ኣመሪካ እውን፡ ኣብ’ቲ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ንጥፈታት ሓፋሽ ውዱባት ስለዝነበረ፡ ብመንገዲ ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ ወይ ቡቲ ዝመጽእ ዝነበረ ጽሑፋትን ሓበሬታታት ንረክብ ነይርና። ኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት ማሕበር መንእሰያት ድማ፡ ብዛዕባ ቃልሲ ዝነበረና መረዳእታ ኣብ ምስፋሕ ዓቢ ተራ ይጻወቱ ነይሮም። ኣብ’ቲ ማሕበረኮም ብግብሪ እናንጠፍና ከኣ ኣፍልጦና ዝያዳ ከነስፍሕ ክኢልና።

**◆ ቅድሚ ናጽነትን ድሕሪኡን ዝነበረኪ ተሳትፎ ከመይ ይመስል?**

ቅድሚ ናጽነት፡ ኣብ ንጥፈታት መንእሰያትን ምእካብ ገንዘብን ዝኣመሰሉ ጉዳያት እሳተፍ ነይረ እየ። የግዳስ፡ ኣብ ዓውዲ ፖሎቲካ ዕምቈት ዝበለ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ንሓጺር ግዜ ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣትየ ነይረ። ናይ ቋንቋ ትግርኛ ሕጽረት ስለዝነበረኒ ግን፡ እቲ ንጥፈት ንዓይ ቅሩብ ኣሸጋሪ’ዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ ንጥፈታት ምስታፈይ ጥራይ ግን፡ ዝነበረኒ መረዳእታ ክድንፍዕ እኹል ነይሩ።

ናጽነት ክትመጽእ ከላ ተማሃሪት ኮሌጅ እየ ነይረ። ድሕሪ ናጽነት፡ ረፈረንደምን ካልእ ሃገራዊ ንጥፈታትን ክካየድ እንከሎ፡ ኣብ ኩሉ ይሳተፍ ነይረ። ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ውዳቤታት ከኣ ምስ ኣደይ እኸይድ ነይረ። ኣባል ሃማደኤ ክኸውን ዝነሰገሰትኒ፡ ሕጂ ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዘላ ወይዘሮ ልኡል ጉብርኣብ እያ። ኣብ 2003 ከኣ፡ ኣባል ሃማደኤ ኰይነ ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣለኹ።

**◆ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ ንምዕቃብ ልኡላውነትን መኸተን ልዑል ግደ ከምዝነበርኪ ይፍለጥ፤ ብሓፈሻ እቲ ዝተሓለፈ ጉዕዞ ከመይ ትግምግምዮ?**

ዝኾነ ስራሕ ብእኩብን ብጥምረትን ምስ ዝዕመም ዕውት እዩ። ፈለማ ነቲ ዝገጠመና ተጻብኦ ህዝብና ብዕምቈት ከምዝርድኦ ክንገብር የድልየና ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ምስ ሓለፍቲ ማሕበረ ኮም እናተረዳዳእና ብሓባር እናተመያየጥና ንሰርሕን ንንቀሳቐስን ነይርና።




ብዛዕባ’ቲ ተጻብኦታት፡ እገዳ ካልእን ኣብ ምሉእ ዓለም እናዘርና እንታይ ከም ዝኾነ ከነረድእ ስለዝኸኣልና ድማ ውጽኢቱ ጽቡቕ ነይሩ። ወያነን ደገፍቱን ኣብ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ከእትውዎ ዝሓሰቡ ዝነበሩ ሕንፍሽፍሽ ክሰምር ኣይከኣለን። ኣነ ብዝያዳ ኣብ’ቲ ናይ ጽሑፍ ዕዮ እናተሳተፍኩ’የ ዝቃለስ ነይረ። በይንኻ ትገብሮ ቃልሲ ይኹን መኸተ ግን የለን። ኩሉ ናይ ሓባር ዕዮ’ዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ዝነብሩ ኤርትራውያን ሓቢሮም ክሰርሑ ብምኽኣሎም ከኣ፡ ውጽኢቱ ብግብሪ ተራእዩ። ንኣብነት፡ እገዳ ገና ከይመጽአ እንከሎ፡ እንተመጸ እንታይ ክንገብር ንኽእል ኢልና ኣቐዲምና እናተመያየጥና ንሰርሕን ህዝብና ንንቀሳቐስን ስለዝነበርና፡ እቲ እገዳ ኣብ መወዳእታኡ ብናይ ህዝቢ ኤርትራ ሞራልን መኸተን ተመኪቱስ መወዳእታኡ ከምዝለዓል ኮይኑ።

**◆ ሕጂ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኮይንኪ ትሰርሒ ኣለኺ። ዕማማትኪ እንታይ ይመስል? ኣብ ስራሕ ዘጋጥመኪ ጸገማት’ከ ኣሎዶ?**

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣቲኻ ክትሰርሕን ብደገ ኰይንካ ዝህልወካ ኣፍልጦን መረዳእታን በበይኑ ኮይኑ እየ ረኺበዮ። ኣብ'ዚ ኣብ ዝተመደብኩሉ ፈለማ እዋን፡ ምስ መሳርሕተይ ብቐንዱ ኣብ ጉዳይ እገዳ ዘድሃበ ስራሕ ኢና ንሰርሕ ነይርና። ንኤርትራ ኣብ ዝረብሐ ጉዳያት ድማ ምስ ካልኦት ምሳና ሽርክነት ዘለወን ሃገራት ርክባትና ንምስፋሕ ድማ ንጽዕር ነይርና። ቻይናን ሩስያን ምስ ዝርከብአን ምስና ተመሳሳሊ መረዳእታ ዘለወን 19 ሃገራት ኤውሮጳ፡ እስያን ኣፍሪቃን ሓቢርና እንሰርሓሉን እንመያየጠሉ ናይ መሓዘት ጉጅለ ኣለና። ኩልና ድማ፡ ነቲ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝመጽእ ተጻብኦታትን ካልእ ጉዳያትን እናርኣና፡ ብኸመይ ከም እንገጥሞ ንዘራረበሉን ብሓባር ንምክቶን። ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ከም ምኽንሻብ ደቀንስትዮ፡ ልምዓትን ዕብየትን፡ ፋይናንስ ወዘተ. ኣርእስቲታት እናልዓልና ብሓባር ንነጥፍን ተሞኩሮታትን ንለዋወጥን ኣለና። ጽቡቕ ውጽኢት ድማ ንረኽበሉ ኣለና። ንኣፍሪቃ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ከኣ ምስ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ርክባትን ምይይጥን ኣለና።

**◆ በቲ እተካይድዎ ዲፕሎማሲያዊ ስርሓት ምስሊ ኤርትራ ብግቡእ ይንጸባረቕ ኣሎ'ዶ ትብሊ?**

ብርግጽ! ኤርትራ ብብዙሕ መዳያት ኣብነት ኮይና ትሰዕብ ዘላ ሃገር እያ። ዝኾነ ጉዳይ ኣልዒልና ክንዘራረብ ከለና እተን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ናትና ርእይቶ'የን ዝጽበያ። ንሕና ከኣ፡ ናይ ኤርትራ ተራ ከነዕብዮ ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ኩሉ መሪሕ ተራ ክንጻወት ንቃለስ ኣለና። ኣብ ዝመጽእ መበል 78 ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት እንታይ ክንገብር ከምዘለና ድማ መደብ ኣውጺእና ኣለና። ተራ ኤርትራ ብኸመይ ነዕብዮን እቲ ክበሃል እንደልዮን ምስ ውሽጢ ዓዲ እናተዘራረብና ኢና ኣጀንዳ ንሕዝ።




**◆ ናብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐርብ በብዓይነቱ ጸብጻባት ኣሎ፡ እዚ ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ እንታይ ጽልዋ ኣለዎ ትብሊ?**

ናይ ሕቡራት ሃገራት ሰነዳት ኣብ ኹሉ ነገር ወሰንቲ እዮም። ንኣብነት ንኤርትራ ዝምልከት ሓበሬታ ምስ ዝድለ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ሰነዳት ቀንዲ መወከሲ እዩ።ስለዚ ንደቀንስትዮ ኣመልኪቱ በብግዜኡ ናብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐርብ ጸብጻብ ጸላዊ እዩ።ከም ሃገር ኣበይ በጺሕና ከምዘለና ዝገልጽ ብምዃኑ፡ እቲ ጸብጻባት ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ዝቐርብ ጸብጻባት፡ ምስሊ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር እነካይዶ ዘለና መደባት ልምዓት ዘጉልሕ ስለዝኾነ፡ ክዓበን ክሰፍሕን ኣለዎ።እዚ እንተገይርና፡ ዝጐድለናን ብሕጂ ክንገብሮ ዘለናን ክንፈልጥ ስለዝኽእለና፡ ብወገነይ ብዛዕባ ኤርትራ ዝም ልከት ናብ ሕቡራት ሃገራት እነቕርቦ ዝተፈላለየ ጸብጻባት መሰረታዊዩ በሃሊትየ።

**◆ ተራ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ምሕያል ተሳታፍነትን መሰልን ደቀንስትዮ ከመይ ትግምግምዮ?**

ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብዙሕ ንደቀንስትዮ ዘገድስ መደባትን መድረኻትን ኣሎ። ኣብኡ ክንዋሳእን ክንሳተፍን ዘለና ግና ባዕላትና ኢና። ሕቡራት ሃገራት ናይ ሃገራት ምትእኽኻብ ኮይኑ ከም መድረኽ ዘገልግል እምበር ንበይኑ ዝሰርሖ ስራሕ የለን፡፡ ስለዚ ናትና ኣስተዋጽኦ የድሊ። ሃገራት በብወገነን ኣብ ዘቐርብኦ ሓሳባት፡ ርእይቶታትና እናሃብና ኢና



ንሰርሕ። ብፍላይ እቲ ንጉዳይ ደቀንስትዮ ዝምልከት ኣርእስቲታት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ክንመርሖ ንኽእል ኢና። ተራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣዝዩ ልዑል፡ ብዝኾነ ወገን ክግመት ዘይክእል እዩ። ስለዚ ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ ብዝለዓለ መሪሕነት ክንነጥፍ ንኽእል ኢና። እንተኾነ፡ ዝቐርብ ጽሑፋት ይውሕደናዩ። ደቀንስትዮና ከምዚ እየን ኢልና ብጭብጢታት ኣሰኒና ክንዛረብ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዝቐንዐ ሰነዳት ክነዳሉ የድልየና። ኣብ ኤርትራ ንምሕያል ሱታፌን ምርግጋጽ መሰልን ደቀንስትዮን ኣመልኪቱ ዝካየድ ንጥፈታት ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ዝበዝሐ ናይ ቅድም እዩ። ስለዚ በብግዜኡ ዝሕደስ እዋናዊ ሓበሬታ የድልየና። ከምኡ ዘይምዃኑ የጸግመና እዩ። ንኣብነት፡ ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ሰላምን ውሕስነትን ዝብል ዛዕባ ልዕልና ክዛረበሉን ክምድረሉን ዝኽእል ሕብረተሰብ የለን። ተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ቅድምን ድሕርን ናጽነት፡ ገሊጽካ ዘይውዳእን መወዳድርቲ ዘይብሉን ስለዝኾነ፡ ነቲ ኣኼባ ክንመርሖ ዝግበኣና ንሕና ኢና። ግን እዋናዊ ሓበሬታ የድልየካ። ብግብሪ እንተርኢናዮ፡ ንምዕባለ ደቀንስትዮ ኣመልኪቱ ሕቡራት ሃገራት ዝጥቀመሉ መለክዒ ኤርትራ ንዅሉ ሓሊፋቶን በሊጻቶን እያ። እዚ ግብራዊ ገሲጋስ ግን ብጽሑፍ ክግለጽ ክኽእል ኣለዎ። ስለዚ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዝፍጽምኦ ዘለዋ ዕማማት ብዳታን ሰነዳትን ተሰኒዱ ከምዝቐርብ ንምግባር ጻዕርታትና ከነዛይድ የድሊ።

### ◆ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብሓባር ይኹን ብውልቂ እንታይ ዝተርፈን ዕማማት ኣሎ ትብሊ?

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ብዛዕባ ዓለም በጺሓቶ ዘላ መድረኽ፡ እኹል ሓበሬታ ክህልዋ ኣገዳሲ እዩ። ዓለም በብግዚኡ እናተቐየረት ትኽይድ ስለዘላ፡ ኣፍልጦ ደቀንስትዮ ኩሉ ግዜ ክዓቢ ኣለዎ። ደቀንስትዮ፡ ብዛዕባ ኩነታት ዓለምን ከባቢን ጽልዋኡ ኣብ ሃገርናን፡ ብኣስተምህሮን ንባብን ካልእ መገዲን መረዳእታአን ከስፍሓ የድሊ። ቀኑጠባዊ ምዕባለ ደቀንስትዮ እውን ወሳኒ እዩ። ብሓፈሻ ጓለንስተይቲ፡ ኣብ ህይወታ፡ መነባብሮኣ፡ ስርሓ፡ ትምህርታ ብኸመይ ትመሓየሽ ኣጀንዳ ሒዝካ ክስርሓሉ ይግባእ። ነዚ ከኣ፡ ብውልቂ ብስድራን ብደረጃ ሕብረተሰብን ክንሰርሓሉ ዘለና እዩ። ደቀንስትዮ ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ስለዝኾንና ምስቲ ካልእ ፍርቂ ጎድንና ብሓባር መታን ክንጓዓዝ፡ ኣፍልጦና ተራናን ብኹሉ መዳይ ንምዕባይ ኢና እንሰርሕ ዘለና።

### ◆ ተራ ናይ'ተን ኣብ ደገ ዝነብራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮኸ፡ ከመይ ትገልጽዮ?

ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ንሃገር ዝመስሉን ብስነ ስርዓት ዝተኾስኰሱን መንእሰያት ከፍርያ ዓቢ ተራ'የን ዝጸወታ። ቁጠባ ናይ ሃገር ዝሕግዛ ብዙሓት ደቀንስትዮ'ውን ኣለዋና። ጠበቓታት፡ ሓካይም፡ ዝተፈላለየ ሞያታት ዝሓዛ ብሉጻት መንእሰያት ከይተረፈ ኣለዋና። ምስ ሃገር እናኣላለና ንሃገር ከበርክታ ዝኽእላሉ መንገዲ ክነናዲ ኣገዳሲ እዩ። ብማሕበር ጥርኑፋት ደቀንስትዮ ስለዘለዋና'ውን፡ ነቲ



ማሕበር ንምሕያል ዝግበር ዝርርባት ኣለና። ምስ ካልኦት ከማና ዝመሰላ ሃገራት እናናላለና ከኣ ብሓደ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ የድሊ።

### ◆ ኩነታት ስራሕን ሓዳርን ከመይ ተወሃህድዮ ኣለኺ?

ሓዳር ንባዕሉ ስራሕ እዩ። በዓል ቤተይ ኣቶ ኪዳነ ተኪኤ ዒተል ይበሃል። ካብ እንምርዖ ዝሓለፈ ሰነ መበል 30 ዓመትና ኣሕሊፍና። ፍናን፡ የሴፍን ኖህን ዝሰመናዮም ሰለስተ ደቂ ኣለዉና። ፍናን ብዓውዲ ሰብኣዊ ጸጋ (Human resource)፡ የሴፍ ብዓውዲ ቢዝነስ ቴክኖሎጂ፡ ኖህ ድማ ብዓውዲ መራኸቢታት (media, movie, scriptwriting) ትምህርቶም ወዲኦም ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ይርከቡ። ስለዚ፡ ንዓይ ካልእ ስራሕ ንኽሰርሕ፡ ቅኑብ ዕረፍቲ ሂቦሙኒ ኣለው። ኣነ ብስራሕ ምኽንያት፡ ኣብ ኒውዮርክ እየ ዘለኹ። ስድራይ ከኣ፡ ካብ ዋሽንግቶን ዲሲ እናተመላለሱ፡ ናብ'ዚ ዘለኹዎ ዓዲ ማለት ኒውዮርክ እናመጽኡ ይርእዩኒ እዮም። ኣነ'ውን ይኸዶም።

### ◆ ብውልቂ እንታይ ዝምባለ ኣለኪ?

ሙዚቃእፈቱእየ።ኣብደርፌምጽሓፍ'ውን ይነጥፍ እየ። ኣብ ከም በዓል ናጽነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ ፈስቲቫል ሳዋን ሴካፋን፡ ነቲ ኣጋጣሚ ዝምልከት ሙዚቃዊ ግጥምታት ጽሒፈ ኣለኹ። ዛጊት፡ ኣነ ዝጸሓፍኩዎን ኣስታት 15 ደርፍታት ተዘርጊሐን ይርከባ። ካብ'ተን ዝጸሓፍኩወን ኣርእስትታት ናይ ደርፊ፡ ብኤራ-ኣም ሲስተርስ ዝተደርፈት፡ 'ናብ ናቕፋ ውሰደኒ' (Take Me Back to Nakfa) ትብል ትርከበን። ብተወሳኺ፡ ኤራ-ኣም ሲስተርስ ዝደረፉኣ ብዛዕባ ውርሻ ሳዋ ትምልከት ግጥሚ ነይራትኒ። ካልእ፡ ካብ ደገ ዝመጽኡ፡ ከም ሳንዲ ንጉስ፡ ሳይነ ታደስ፡ ኤራ-ኣም ሲስተርስ፡ ከምኡ'ውን ካብ ኡጋንዳን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝመጽኡ በብቛንቋኦም ዝደረፉዋ ብመልክዕ ሊሪክስ ዝቐረበት ንሳዋ ትምልከት ግጥሚ'ውን ኣላትኒ። ኣብ ሲነማ ሮማ ዝቐረበት ንሕብርታት ኤርትራ ትገልጽ ግጥሚ ናይ ደርፊ ኣዳልየ ነይረ። ብዘይካ ግጥሚ ምጽሓፍ፡ ምንባብን ዕንባባታት ምክንኻንን ከኣ እፈቱን ኣዘውትርን እየ።

### ◆ ኣብ መወዳእታ ብፍላይ ንደቀንስትዮ ክተመሓላልፍዮ እትደልዪ መልእኽቲ እንተሎ?

ደቀንስትዮ፡ ኣብ ኩሉ ስራሕ ብኣድማዕነት ክነጥፋ ይኽእላ'የን። ዝያዳ ርእሰ ምትእምማነን ኣዕብየን ኣብ ኩሉ መዳይ ክወዳደራ እመኽረን። ብልጫ ደቀንስትዮ፡ ዘለና ትዕግስቲ'ዩ። እዚ ኣብ ስራሕ ዓለም ይሕግዘና እዩ'ሞ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ በርትዓ ኣብ ጉድንኽን ኣለና ክብለን እፈቱ።

**◆ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ወይዘሮ ሶፍያ ተስፋማርያም ስለ'ቲ ዝሃብክና ሓበሬታ ብስም ኣንበብቲ መጽሄት ኣግእዞ ነመስግነኪ!**

***ኣነውን ኣመሰግን፡ የቐንየለይ!***

***

## ዲያስፖራ

# “መሰረት ዓወትናን ሓያል ውዳበናን፡ ህዝባዊ ግንባርና”

የሴፍ ሃይለማርያም

## ወይዘሮ ልኡል ተወልደ

### ◆ ምስ ነብስኺ ከተላልይና?

ወይዘሮ ልኡል ተወልደ እበሃል። ኣብ ጀርመን ከተማ ከለን እቕመጥ። ኣብ ጀርመን ን43 ዓመታት ተቐሚጠ ኣለኹ። ንመበል 32 ዓመት በዓል ናጽነትና ኣብ ዓደይ ከብዕል ስለዝመጻእኩ፡ ኣብ'ታ ምውቕቲ ሃገረይ ምስ'ቲ ሓርበኛ ህዝበይን መንግስተይን ሕጉስ ቅንያት የሕልፍ ኣለኹ።

### ◆ ኣተዓባብያኺ ክትሕብርና?

ኣብ 1961 ኣብ ኣኸርያ ተወሊደ፡ ኣብኡ ዓብየ። ኣቦይ ኣቶ ተወልደብርሃን ኣስገዶም፡ ኣደይ ድማ ወይዘሮ ምላሽ ተወልደ ዘርሓርያት ይበሃሉ። 12 ቈልዑ ወሊዶም። ኣቦይ ኣብ መደበር እናሰርሐ ብጽቡቕ ኣዕብዩና። ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራ ዕግርግር ምስ ኰነ፡ ኣቦና ምስ ስውእቲ ቦሹሪ ሓፍተይ ኣበባ ተወልደ ሓሙሽተ ኣባላት ስድራቤት ንዓድና ገሽናሽም ላዕላይ ሰዲዱና። ድሕሪ ትሽዓተ ወርሒ ንኣስመራ ተመሊስና። ካብኡ ጉዕዞ ቃልሲ ጀሚረ፣ ኣብ 1976 ኣብ ዋህዮ ተወዲበ። ሽዑ ዕድመይ የፍቅደለይ ኣይነበረን። ልዑል ድሌትን ተገዳስነትን ስለዝነበረኒ ግን፡ ቦሹሪ ሓፍተይ ንጥፈታተይ ርእያ ኣብ ውዳበ ኣእትያትኒ። ወለደና ክልቲኦም ሃገራውያንን ሓልዮት ዝመልኦምን እዮም ነይሮም። ብናታቶም ምትብባዕ እዩ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ንቕሓት ክህልወና ፍቕሪ ህዝብን ሃገርን ክሰርጸና ክኢሉ። ብፍላይ ኣቦና፡ ኣብ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ርክባት ነይሩዎ። ካብን ናብን ባሕሪ እናተንቀሳቐሰ ሓበሬታ የመሓላልፍ ነይሩ። በዚ ድማ ኣነን ኣሕዋተይን ተወዲብና ክንሰርሕ፡ ኣብ ውሽጢ ግዜና ተኣኪብና ዕማማት ውድብ ክንገብር ፈቒዱልናን ክንቃለስ ባይታ ሂቡናን።


ኣነ ውዕይቲ'ኳ እንተነበርኩ ምስጢራዊት'የ ነይረ። ሓፍተይ ዕቱበነተይ ስለትፈልጥ፡ ናታ ተልእኣኺት ገይራትኒ። ቢታ ዝነበረትኒ ንእሽቶ ዘንቢል ድማ ዝተልኣኽኩዎ ኣበጻጽሕ ነይረ። ሓፍተይ ኣብ 1976 ንሜዳ ምስ ተሰለፈት፡ ምስ ትምኒት ትበሃል ውፍይቲ ኣተሓሒዛትኒ ከይዳ። ምስ ትምኒት ብዙሕ'የ ሰሪሐ። ምሳና ከኣ ኤልሳ ዓንደመስቀል፡ ወይኒ ፍትዊ፡ ኣለም፡ ሃንሱ ዝበሃላ ነይረን። ትምኒት ስራሕተኛ ባራቶሎ ዝነበረት ኮይና፡ ብዙሓት ዋህዮታት እትመርሕ ዓባይ ተቓላሲት'ያ ነይራ። ንሳ ዝሃበትና ወረቓቕትን ወርሓዊ ውጽኢት ዋህዮን ከምኡ ድማ ኣድለይቲ ኣስቤዛታትን ንሕክምና ዝገድሱ መሳርሒታትን ነበጻጽሕ ነይርና።

### ◆ ነዚ ኩሉ ክትገብሪ ዘጋጠመኪ ጸገም ነይሩ'ዶ?

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኩነታት ኣስመራ ጽንኩር'ዩ ነይሩ። ግዛና፡ ዳርጋ ገዛ ገድሊ ስለዝነበረ፡ ሓደ ዝጠርጠረ ኣባል ኢሰፓ፡ ኣተኹም ወጻእኩም እናበለ ብዙሕ ምክትታል ክገብረልና ጀሚሩ። ኑቶም ምስ ሓፍተይ ስሩዓት ዝነበሩ፡ ንገዛና ክኣትዉ ክወጽኡ ይከታተሎም ነይሩ። ክሳብ ሓደ ምሸት ተኣኪብና እናተዘራረብና፡ ኣብ መንደቕ ናይ ገዛና ለጊቡ ክሰምዕን ክስልን ከሎ፡ ኣቦና ረኺቡዎ። እዚ ስክፍታ'ዚ ቦታ ክንቕይርን ፋሕ ክንብልን ኣገዲዱና። ኣነን



ምዕባይ ሓፍተይን ከኣ፡ ኣስመራ ገዲፍና ናብ ገሽናሽም ክንምለስ ኣቦና መኺሩና። ኣብ ገሽናሽም ምስ ሓፍተይ ኬንና ናይ ዋህዮ ስራሕ ቀጺልናዮ። ኣብ ማእቶት እውን ንሳተፍ ነይርና። ኣረኣእያና ዘስፍሕናሉ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድማ ክንቀስም ክኢልና። ብድሕሪ'ዚ ኩነታት እናኸበደ ከይዱ። ኣነ ንከረን ወሪደ። ካብኡ ድማ፡ ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ጽንኩር መድረኽ፡ ምስ ኣልማዝ ዝተባህለት ብጻይቲ ሱዳን ተሰዲድና። ንሱዳን ክንከይድ ከለና ብዙሕ ጸገምን መከራን'የ ረኺቡና። ገመል ተሰቒለ እናኸድኩ፡ ወዲቐ ተሃሪመ፣ ዓሶ ሓሚመ ዝሕክመኒ ስኢነ ነይረ። ምስቲ ዝነበረ ዕግርግር ኣብቲ እዋን'ቲ ኣመትና ዝጉብር ወገን ኣይነበረን። እዚ ኩሉ ግን፡ ነቲ ናይ ቃልሲ ኒሕና ኣሒይልዎምበር ኣየዳኸሞን። ኣብ ዕላማናን መትከልናን ክንቅጽል ገይሩና እዩ። ኳል 13 ዓመት ዝጀመርኩዎ ቃልሲን መትከልን ኣብ ወጻኢ ኮይነ ንልዕሊ 43 ዓመት ቀጺለዮ።





2ይን ሓድነታውን ጉባኤ

### ◆ ካብ ሱዳን ናበይ ኣበልኪ? ሕጂ’ኸ እንታይ ዓይነት ንጥፈት ተካዩዲ?

ብከሰላ ገይርና ሱዳን ምስ ኣተና፡ ተቐላጢፍና ናብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር - ካርቱም ኣቲና። ሽዑ፡ ብጻይ ሰመረ ርእሶም፡ ተወልደ ጎቦ፡ በዓል ውልደየ፡ መሓመድብርሃን ተቐቢሎምና። ኩነታትና ምስ ነገርናዮም፡ ቤተሰብና ክንደሊ ሓጊዞምና። ብወገነይ፡ ክሳብ 1979 ንዓዲ ጣልያን ዝኸድክሉ ምስኦም ኰይነ እቃለስ ነይረ። ዓዲ ጣልያን ምስ ኣተኹ ድማ ኣብ ሃማደኤን ካልኦት ሃገራውያን ውዳበታትን ኰይነ ቃልሰይ ቀጺለ። ካብኡ ናብ ጀርመን ኣምሪሐ። እቲ ቃልስን መኸተን፡ ሎሚ ብዝበለጸ ንቕሓት እቕጽሎ ኣለኹ። ኣብ ሃማደኤ ን43 ዓመታት ንጥፍቲ ኣባል ኰይነ ሰሪሐ እየ። ካብ ጥሪ 2023 ኣትሒዘ ከኣ፡ ኣደ መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን ኰይነ እንጥፍ ኣለኹ። ማዕረ ማዕሪኡ፡ ኣብ ሃገራዊ ሽማግለ ፌስቲቫል ን13 ዓመታት ሰሪሐ። ሕጂ ከኣ፡ ተሓዚት ገንዘብ ሃገራዊ ሽማግለ ናይ ምሉእ ጀርመን ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ ንኡሳን ጨንፈር ህግደፍ ኣደ መንበር እየ። ስለዚ ናይ ህግደፍን ማሕበረ ኮምን ፌስቲቫላትን ንጥፈታት የካይድ። ማሕበረኮምና ዝለዓለ ሓላፍነት ዝስከም ውዳበ ስለዝኾነ፡ ኩሉ እነካይዶ ንጥፈታት መኸተ፡ ተቓውሞን ጥርዓናትን ብመንገዱ እዩ ዝካየድ። ካብ 2016 ኣትሒዝና ከኣ፡ ማሕበራት ተወሃሂዱ ኣብ ሓደ ዝሰርሓሉ ዕማማት ኢና ነሰላስል ዘለና። በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ጉዳዮም ኣወንዚፎም ኣብ ሃገራዊ ዕማማት ብተወፋይነትን ጽንዓትን ዝዋስኡ መሳርሕተይ ከምስግኖም እደሊ።

### ◆ ንጥፈታትኩም እንታይ ይመስል?

መሰረታዊ ባይታን ዕውቱ ዕማማትን ውዳበታትና ህዝባዊ ግንባር እዩ። ንሱ ብዝፈጠሮ ዕድልን ጥጡሕ ባይታን ኢና ዕማማትና ብዓወት ነሰላስል ዘለና። ኣብ’ዚ ሃገራዊ ውዳበታትን ንጥፈታትን ከኣ ቀንዲ ሞተር ዘላ ዓለንስተይቲ እያ። ካብ ቅድም ዝነበረን ዘሎን ተራን ኣበርክቶን ኤርትራዊት ዓለንስተይቲ፡ ርእሰ ግሉጽ እዩ። ኣብ ደገ ዝነበረ ውዳበታት ሃማደኤን ሃማሰኤን ካልእን፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ዝተጻወቶ ተራ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ 1988 ድማ ንዝያዳ ኣድማዕነት ኣብ ሓደ ማሕበር ተጠርኒፈን ክሰርሓ ተወሲኑ።



ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን

ድሕሪ ናጽነት ግን ንቕሩብ እዋን እቲ ንጥፈታት ደስኪሉ ነይሩ። ኣብ 1992 ኣብ ዝተኻየደ ራብዓይ ጉባኤ ማሕበር ከኣ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ሃማደኤ ዳግማይ ክበራበር ተወሲኑ፡ ደስኪለን ዝጸንሓ ንኡሳን ጨናፍር ሃማደኤ ንምብርባር ጕስጓስ ተኻይዱ።

ቅድሚ ናጽነት፡ ተራ ኣብ ደገ እንቕመጥ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ነቲ ሰውራ ምዕዋት ዝብል’ዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ግን፡ ፕሮግጀክትታት ኣብ ምትግባር ከነተኩር መሪጽና። “ሰብ ዝርእዮ፡ ብኢድ ዝድህሰስ ፕሮጀክት ክንገብር፡ ንህዝቢ ብፍላይ ከኣ ንደቀንስትዮ ዝጠቅም ስራሕ ክንሰርሕ ኣለና” ብምባል ከኣ፡ ኣብ 1993 ጉባኤ ገይርና ተበጊስና። ክሳብ 1998 ከኣ እኹል ገንዘብ ኣኪብና። ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ ብዝተዋህበና መምርሒ መሰረት፡ መዋእለ ህጻናት ክንሰርሕ ወጢንና። ኣብ 1998 ወራር ወያነ ምስ ጀመረ ግን፡ ቀዳምነት ኣብ ምድሓን ሃገር ከነተኩር ስለዝወሰንና፡ 70 ሽሕ ዶችማርክ ንምክልኻል ሃገር ወፊናዮ። ኣብ ርእሲኡ ድራር ተጋደልቲ እናበልና፡ ንምክልኻል ሃገር ብቐጻሊ ወፈያታት ንገብር ነይርና። ወራር ወያነ ምስ ተሓምሸሸ፡ ኣብ 2000 ጉባኤ ኣካይድና፡ ነቲ ዝጀመርናዮ ፕሮጀክት ብምቕጻል፡ ኣብ ባረንቱ መስልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ሃኒጽና። ኣብ ከተማ ሃኖቨር ዝቕመጣ ኤርትራውያን ከኣ፡ ኣብ ተሰነይ መዋእለ ህጻናት ሰሪሐን።

ንጥፈታትና በዚ ደው ኣይበለን። ቀጻሊ እዩ ዘሎ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ 30 ንኡሳን ጨናፍር ኣለዋና። እተን 26 ጽቡቕ ክግስግሳ ከለዋ፡ እተን ዝተረፋ ግን ምብርባር ዘድልየን ኮይነን፡ ንሰርሓለን ኣለና። ሕጂ ኣብ ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን፡ ብስሩዕ መገዲ ግቡኣን ዝፍጽማ ልዕሊ 600 ኣባላት ኣለዋና። ኩልና ከኣ፡ ብደረጃ ንኡስ ጨንፈር ወርሓዊ ንእከብ፣ ብደረጃ ጀርመን መንፈቓዊ ኣኼባ ንገብር፣ ኣብ ዓመት ወርሓዊ ውጽኢትና ንሽፍል፣ ኣብ ንጥፈታት’ቲ ንሰለስተ መዓልቲ ዝካየድ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ጀርመን ሓላፍነት ተሰኪምና ብዝለዓለ ንዕጠቕ። ብተወሳኺ፡ ሓደስቲ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ኣባላት ማሕበር ኮይነን ተራአን ከበርክታን ጥምረተን ከሐይላን ጻዕርታት ነካይድ።

### ◆ ኣብ ምውዳብ ዘጋጥመክን ጸገም?

ኣቐዲሙ፡ ንመንግስኹም ትድግፉ ኣለኹም ተባሂልና ብመንግስታት ምዕራብ ብዙሕ ተነጺሎ ይገጥመና ነይሩ እዩ። ብፍላይ መንእሰያትና፡ ዘለዎም ናይ ቁጠባ ጸገም ከይኣኽሎም፡ መንግስቶም ንኽጸልኡን ንምድኻሞምን ዝተገብረ ጕስጓስ ቀሊል ኣይነበረን። ረብሓ ዘይብሎም ዙሮሙሮ ኮይኖም ንኽተርፉ ዝዓለመ’ዩ። በዚን ካልእን ብደሆታት፡ ኣብ ሕማቕ ዝወድቁ መንእሰያት ኣይተሳእኑን። እዚ፡ ንሓዝነሉን ንጉህየሉን እዩ። ነዚ ብድሆ’ዚ ንምስዓር ከኣ፡ ውዳበታትና ኣሐይልና ንሰርሕ ኣለና። መድረኽ እናተቐየረ ስለዝመጽእ እውን፡ ብዙሓት በቲ መንግስታት ምዕራብ ዝገብርኦ ጸቕጢ ፈሪሖም ዘይጽንበሩና ዝነበሩ መንእሰያት፡ ክጽንበሩናን ምሳና

ሓቢሮም ክኸዱን ጀሚሮም ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣብ 2022 ልዕሊ 6 ሽሕ ኤርትራውያን፡ ኣብ'ቲ ዘዳለናዮ ፌስቲቫል ተሳቲፎም። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት'ውን፡ ብዙሕ ሰብ ተሳቲፉ ነይሩ። ባንዴራ ኤርትራ ዝተሰለማ ልዕሊ 50 መካይን፡ ብፖሊስ እናተዓጀባ፡ ንምልእቲ ከተማ ከለን ከምዝዞራሓ ተገይሩ። ካልእ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብዝተኻየደ ጉስጓስ፡ ልዕሊ 80 መንእሰያት ኣብ ማሕበረኮም ከምዝኣትዉ ገይርና ኣለና። መንእሰያት ናባና ኽይቀርቡ ክግበር ዝጸንሐ ጸቕጢ እናተሳዕረ፡ ሎሚ ኣብ ሃማደኤ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ማሕበረኮምን እናተወደቡ ይመጽኡ ኣለዉ። 'ናይ ኣደታትና ሕድሪ ክንቅበል ኣለና' ኢለን ናብ ሃማደኤ ዝመጻና ዘለዋ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮናን። ንሕና'ውን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ማዕጾ እናኳሕኳሕና ክንውድበን መደብ ሒዝና ኣለና። ተሪፉና ዘሎ መጓሳገሲ ትምህርቲ ምክያድ እዩ። መጓሳገሲ ጽሑፋት ክመጸና ኣለዎ። ህዝቢ እንተዘይነቒሑ፡ ክስዕበካ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ብሃማደኤ ዝካየድ ጉስጓሳት ክሕይል ኣለዎ። መሰል ጓለንስተይቲ ዝኣምንን ዝኸብርን ውድብ ስለዘለና፡ ዕላማ ህዝባዊ ግንባር ክንክተል ዝሕግዘና መጕሳገሲ ክህሉ ይግባእ። ንሕና'ውን ብግደና መንእሰያት ኣብ ምጥርናፍ ሓያል ጻዕሪ ከነካይድ ኢና።

### ◆ ንግዜኺ ብኸመይ ተወሃህድዮ?

ኣብ ማሕበረ ኮም፡ ሃማደኤ፡ ህግደፍ ኣብ ፌስቲቫል ብንጥፈትየ ዝዋሳእ። ንኣብነት ካብ 2010 ክሳብ ሕጂ ኣብ ፌስቲቫል ይነጥፍ ኣለኹ።ኣብ መንእሰያት ህግደፍ'ውን እሕግዝ እየ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ ሰዓት ሰራሐ'የ ገዛይ ዝኣቱ። ስለዚ ዝኣክል ግዜ የብለይን። በዓል ቤተይ መንግስተኣብ ኣርኣያ ከኣ የተባብዓኒ እዩ። ምስ መንግስተኣብ ኣብ 1979 ኣብ ሱዳን ኢና ተፋሊጥና። ስደት ምስ ኣተና ኣብ 1982 ተመርዒና። ንባዕሉ ንጡፍ ኣባል ስለዝኾነ፡ ኣይበቀንን እዩ። ስራሕ ሃገር ቅድሚ ዝኾነ ኢና ንሰርሖ። ኣብ 1987፡ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ተሳቲፈ ካብ ሜዳ ንጀርመን ምስ ተመለስኩ፡ በይሉል ዝሰመናዮ ቦኾሪ ውድና ወሊድና። ጸኒሕና ሰልያና ዝበልናያ ጓልና ደጊምና። በይሉል ብዲጂታል ማርኬቲን ናይ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ (Digital Marketing in IT) ተመሪቑ ይሰርሕ ኣሎ፣ ሰልያና ድማ ብኣኽባር ሕጊ (Attorney) ተመሪቓ፡ ሕጂ ስራሕ ክትጅምር እያ። ደቀይ ርእሶም ክኢሎም ስለዘለዉ፡ ተዓዊትና ኣለና። ኣነን በዓል ቤተይን፡ ርእስና ኣብ ምኽኣልን ምድግጋፍን ኢና ንርከብ ዘለና።

### ◆ ህይወት ስደት ከመይ ትገልጽዮ?



ወ/ሮ ልኡል ምስ ስድራቤታ

ኣብቲ ቅድም ብዙሕ ዕድላት ነይሩ። ክትሰርሕ፡ ክትመሃር፡ ሰራሕካ ስድራቤትካን ውድብኻን ክትሕግዝ ትኽእል ነይርካ። ሎሚ ግን ከምኡ ኣይኮነን። መነባብሮ ኣመና ከቢድ'ዩ። ዝበዝሑ ንስደት ዘምርሑ ትምህርቲ ከይጸገቡ ዝወጽኡ ስለዝኾኑ፡ ዝጠቅም ስራሕ ኣይረኽቡን'ዮም። ምስኡ ናይ ቋንቋ ጸገም ኣሎ። እቲ ንስደተኛታት ባይታ ዝፈጥር ዝነበረ ሕግታት ሎሚ ተቐይሩ እዩ። ሎሚ ኤውሮጳ ካብ ኣፍሪቃ ዝሓይሽ ናብራ የብሉን። ኣብ ቅልውላው'ዩ ዘሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ጀርመን 14 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ 'ትሕቲ ምንባር' ከምዝርከቡ ናይ ቀረባ እዋን መጽናዕቲ የመልክት። ኲናት ዩክረይንን ሩስያን ኣብ መነባብሮ ዘምጽኦ ጽልዋ ከቢድ እዩ። ኣይኮነን ነዞም ሓደስቲ ነቶም ልዕሊ 40 ዓመት ዝገበርና ከይተረፈ ዝፈታተን ኲነታትዩ ዘሎ። ኲሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከቢሩ እዩ። ሓደ መንእሰይ 400 ዩሮ ዘይበጽሓ ገንዘብ ገይሩ ክነብር ዝሕሰብ ኣይኮነን። ካብዘን ወርሓዊ ደሞዙ፡ ንመግቢ፡ ንገዛ ክራይ፡ ንኤለክትሪክ፡ ንጋዝ ወዘተ. ከፊሉ ክናበር ከቢድ እዩ። ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ጥራይ በሊዖም ዝውዕሉ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮኑን። በዚ ኣጋጣሚ፡ ስራቤቶም ነዚ ክርድኡዎ እዘኻኽር።

### ◆ ተራ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ከመይ ትገልጽዮ?

ዓንዲ ሕቖ ህዝባዊ ግንባር ደቀንስትዮ እየን። ኲሉ ዓይነት መስዋእቲ ከፊለን፡ ፍርቂ ሓይሊ ሰውራ ምኳነን ብግብሪ ኣመስኪረን እየን። ኣብ ደቀንስትዮ ዘሎ ጥበብ፡ ሓሳባት፡ ተወፋይነት፡ ድሌት መግለጺ የብሉን። ገንዘበን ኮነ ዓቕመን ግዜኣን ዘይበቓንየን። ወትሩ ውፉያትን ዕጡቓትን። ደቀንስትዮ ሃገርና ከምዚ ክኾና ዘብቅዐን ብቕንዱ ኣተሓሕዛን ጠመተን ህዝባዊ ግንባር እዩ። ኣብ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ጠፊኡ ዝበሃለሉ ዝነበረ ናይ ምዝላቕ ግዜ (1979)፡ ማሕበር ከምዝቖውም ምግባሩ ከኣ፡ ቃልሰን ብዝሓየለ ክቕጽላ ኣኽኢሉወን እዩ። ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ክሳብ ሕጂ ንደቀንስትዮ ተፈጢሩ ዘሎ ባይታ፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር ዘይርከብ እዩ። ኣብ ኤርትራ ንጓለንስተይቲ ዝዕጾ ነገር የለን። ሳላ ዝተፈጥረለን ምዕሩይ ባይታ፡ ኣብ ኲሉ መዳያት ናይ ቃልሰን መኸተን ዘለወን ተወፋይነትን ኣበርክቶን ዘሐብን እዩ። ማእገር ሃገር ኮይነን ድማ ይምርሻ ኣለዋ።

### ◆ ኣብ መወዳእታ ትብልዮ እንተለኪ?

መሰረትና ኣብ ሃገር ዘሎ ሃማደኤ'ዩ። ሃማደኤ ንመሰል ጓለንስተይቲ እናተቓለሰ ሕማቕ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ምቕያር ዕላማኡ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ሓዱሽና ክንቃለስ ኣለና። መኸተ ኣንጻር ጐዳኢ ልምድታት ብዝሓየለ ክቕጽል ኣለዎ። ደቀንስትዮ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድላት ትምህርቲ ክጥቀማሉ ኣለወን። እዚ ዕድልን ባይታን'ዚ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዝርከብ ኣይኮነን። ኢደ'ውን ንጓላ ክተተባብዓ ኣለዋ። ኣብ ወጻኢ ዘለና ኤርትራውያን ድማ፡ ኲለንተናዊ ዕብየትን ኣግእዞን ደቀንስትዮ ንምርግጋጽ ብሃማደኤ ውሽጢ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ንምዕዋት፡ ኣብ ኲሉ መደባት መኸተ እናተሳተፍና፡ ውዳበታትናን ተወፋይነትናን ብዝሓየለ ክንቅጽሎ ኢና።

## ትምህርቲ

# ዝመቀረትካ ገረብ፡ ሱራ ኲዒትካ ብልዓያ!

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

"...ከምዚ ሓበሬታ ደልየ" ምስ በልክዎ፡ ንዝደለኽዎ ተረዲኡ ናብ ቤታ እታ ስድራ መሪሑ ዝወሰደኒ ተኽለ ዓርከይ'ዩ። ኣብ መዓስከር ዒታሮ ኣስመራ እትነብር 6 ውሉዳት ዝፈረየት ስድራ እያ። ድርኩኺት ረገጽካ ንውሽጢ ገዛ'ዛ ስድራ ቅድሚ ምስጓምካ፡ "ከማኹም የብዝሓዮም!" ዝብል ንጻዕሪን ድኻምን እታ ስድራ ዝገልሕ፡ ኣብ መንደቕ ብሪጋ ዝተንጠልጠለ ስእሊ 5 ምሩቓት ኮሌጅ ውሉዳት ይቕበለካ።

ወለዲ እዞም ምሩቓት ተጋዳላይ ሰመረኣብ ኢሳይያስን ተጋዳሊት ዓዘዘት ቀሺ ጠዓመን እዮም። ሰመረኣብ ኣብ ደቀምሓረ ደምበዘን'ዩ ዓብዩ። ወይዘሮ ዓዘዘት ከኣ ሓድሽ ዓዲ ቡጉነያ ደሓን ጺጋ ካብ ዝነበሮም ስድራ ሓረስቶት ተወሊዳን ዓብያን። ክልቲኦም ዕድመኦም ምስ ኣኸለ ከም ኩሉ ናይ ምግዳል ባህጊ ዝነበሮ ናይ መድረኾም መንእሰይ፡ ኣብ 1986 ንሜዳ ወጺኦም። ሰመረኣብ ሓስታ ዓዘዘት ከኣ ኣብ ዒላ ባቡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ድሕሪ ምቕሳም፡ ናብ ስታፍ ክፍሊ ኣጽዋር (ኤምዳድ) ዒታሮ - ሳሕል ተመዲቦም ኣበርኪቶኦም ኣብ ገድሊ ኣሃዱ ኢሎም ፈሊሞሞ። ሌላኦም ኣብ ገድሊ ኮይኑ፡ ብ1989 ከኣ ዝምድና መስሪቶም። ኣብ ገድሊ ብዝመስረትዎ ዝምድና ድማ፡ ነዞም ብትምህርቶም ብሉጻትን ንፈላጢኦም ዘኹርዑን ውሉዳት ፈርዮም። ከም ውጽኢት ምወቕ ፍቕሮም ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ 1991 ክልተ ወርሒ ጸኒሖም ኣብ ሓምለ ሓርነት ዝሰመይዋ ጓል ተበኲሮም። ሓርነት ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብቲ ቀንዲ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ዓራርብ ተወሊዳ።

ተጋዳሊት ዓዘዘት ኣብ 1994፡ ንሓርነት ጓላ ሒዛ ተጣይሳ ሰቪላዊ ህይወት ጀሚራቶ። በተን ንመጣየሲ ዝተዋህበኣ 10 ሽሕ ብር ከኣ ናብራ ኣሃዱ ኢላቶ። ኣይጸንሐትን ብ1995 የናስ ዝሰመይዎ ወዲ ደጊማ። መሊሳ ኣብ 1997 ሰምሃር ዝበልዋ ሰሊሳ። ገና ኣብ ሓዳር ውጻኢ፡ ሰለስተ ቈልዑ ተወሊዶም። ብኡ መንጽር እታ ስድራ ናብራ ክኸብዳ ግድን ኰነ። ኣይደንጐየትን ብ1999 ሳምራዊት ስዒባ። እታ ሓጐቲ ቈልዓ ሒዛ ሓዳር ዘጣየሰት ስድራ ተጋዳላይ ኢሰይያስ 6 ትንፋስ በጺሓ። ሰመረኣብ ተጋዳላይ እዩ፡ ስለዝኾነ፡ ቈልዑ ናይ ምእላይ ዕማም ኣብ እንግዳዓ ዓዘዘት ወደቐ። ገና ናብራ'ታ ስድራ ከይተመሓየሸ፡ ኣብ 2001 ሊድያ ዝተባህለት ሓሙሽይቲ ቈልዓ ተወሊዳ። ናብራ ብኸምዚ እናቐጸለ፡ ኣብታ ብደሞዝ ኣቦ ጥራይ ክትጥወር ዘይትኽእል ስድራ፡ ቈልዑ ትምህርቲ ዝጀምርሉ ዕድመ ኣኸለ። ዓዘዘት ከይትሰርሕ ኑቶም ኣብ ርእሲ ርእሲ ዝተወልዱ ቈልዑ ኣብ ምእላይ ዝሕግዛ ሰብ ኣይነበራን። "በቲ ተኸድክን መርዓዊኽን ይሞተክን፡ በቲ ተኸድክን ሕጊ ጓልክን ይፈርሰክን፡" ኩሉ ጋዶ ኰና። መጣየሲኣ 10 ሽሕ ብር፡ ኣብ መዓላ መጸገኒ ገዛን፡ መግዝኢ ኣቑሑ መውጽኢ ሓዳርን ስለዝወዓላ፡ ጥራይ ኢዳ እያ ተሪፋ። በዚ ድማ ንደቃ መምሃሪ ገንዘብ ኣብ ምርካብ ተጨነቐት። እዚ ዝፈጠሮ ደቃ ኩሎም መውዓሊ ህጻናት ከይተማህሩ ብቐጥታ ቀዳማይ ክፍሊ እናተጸንበሩ ከምእተማህሩ ወይዘሮ ዓዘዘት ትጸዊ። ተተመራሪሕካ ናብ ትምህርቲ ምስ ኰነ፡ ንድቪዛ፡ ጥራውዝቲ፡ ዓመታዊ ክፍሊት... ዝሕተት ገንዘብ በየን ይምጻእ።

ኣብ እዋን ወራር ወያነ፡ ዝበዝሑ ዉሉዳት ስድራ ሰመረኣብ ንኣሽቱ እዮም ዝነበሩ። ዓዘዘት ልዑል ሓገዝን ደገፍን እትደልየሉ እዋን'ዩ ነይሩ። እንተኾነ በዓል ቤታ ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ንግሆ ሰዓት 6 ወፊሩ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ይኣቱ ስለዝነበረ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ክድግፍ ኣይኮነን ንባዕሉ እፎይ ኢሉ ክብዱ ዝዕንገለላ ግዜ ኣይነበሮን። "ብዓል ቤተይ ወተሃደር እዩ። ህይወት ውትህድርና ከኣ ዝነበርክምዎን ዝፈልጦን ስለዝኾነ፡ ዘይሓገዘኒ ዝብለሉ




ምኽንያት ኣይነበረንን።" ትብል ወይዘሮ ዓዘዘት። ብዘይካ'ተን ተቘሪጺ ደሞዝ በዓል ቤታ፡ ምንጪ ኣታዊ እትረኽበሉ ስራሕ ስለ ዘይነበራ፡ ምንባይን ምዕባይን ደቃ ከቢዱዋ።

ብደገ፡ "ተጸጊምኪ ኣለኺ፡ ንመምሃሪ ደቅኺ ሓገዝ እንተኾነኪ፡" ዝብል ሓው ይኹን ቤተ ዘመድ ካብ ክልቲኡ ወገን ኣይነበረን። ኣብ ቀለብ ግን፡ "ኣጆኺ እዛ ጓለይ፡ ንሕጂ እንተተጸገምኪ ጽባሕ ንግስቲ ዝገብረኪ ትዕግስቲ'ዩ።" ብምባል ዘየሕፍሩ ንፉዕ ሓሙ ነይሮማ። ኣብ እዋን ቀውዒ ካብተን ዝረኸብወን እቶት ስርናይ ስገም ንእንጌራ፡ ድንሽ ንጸብሒ ካብዛ ዓለም ክሳብ ዝፍለዩ ኣይጠለምዋን። ልዑል ደገፍ ናይ ሓሙኣ ኸኣ፡ ደቃ ከተምህር ዕጥቂ ከምዝኾና ተረድአ። ኣብ ልዕሊ ሓሞኣ ዘለዋ ክብሪ መግለጺ እያ ትስእነሉ።

ትግብሮ ዝሓርበታ ወይዘሮ ዓዘዘት፡ ስራሕ ክትጅምር ሓሰበት። ኣብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ምኒዋለ ተቘጺራ ንግሆ ሰዓት 6 ወፊራ ምሸት ሰዓት 6 ቤታ ትምለሰሉ ስራሕ ሚኒዋለ ጀመረት። ሚኒዋለ ንጓለንስተይቲ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ወይዘሮ ዓዘዘት ግን ካልእ ምርጫ ስለዘይነበራ ተለማሚዳቶ ሓንገፋይ ኢላቶ።

ምስ ምውሳኽ ደረጃ ትምህርቲ፡ ጠለባት ንትምህርቲ ዘድሊ ነገራት ብኡ መንጽር ዛየደ። ተቑራጺ ደሞዝ በዓል ቤታ ምስቲ ሚኒዋለ ሰራሓ እትረኽቦ ሒደት ገንዘብ ተደሚሩ እውን ንህይወት'ታ ስድራ ክቖይር ዝኽእል ኣይነበረን። ወይዘሮ ዓዘዘት ነዚ ኣንቢባ፡ ትርፊ ሰዓታት እናሰርሐት ኣታዊ እተኻዕብተሉ ካልእ ሜላ ፈጠረት። ብልቢ



እተመስግና ደቃ ኣብ ምእላይ ዓቢ ደገፍ እትገብረላ ጕረቤት ነይራታ'ያ።

መንግስቲ ድሕሪ ናጽነት ንተጋደልቲ ዕድል ትምህርቲ ከፊቱ ነይሩ'ዩ። ብዙሓት ነቲ ዕድል ተጠቒሞም ክሳብ ብደረጃ ዩኒቨርስቲ ዝተመረቑ ኣለዉ። ዓዘዘት ግን ሓርነት ዳላ ጥዕና ስለ ዘይነበራ፡ ኣመት ጥዕና ዳላ ክትገብር ትምህርቲ ኣይጀመረትን። ደሓር'ያ ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት 2ይ ክፍሊ በጺሓ። ኣብ መንጎ ምጥያስ ስለዝመጸ ከኣ ኣይቀጸለትን። ኣብኡ ተሓጺራ ኸኣ ተሪፋ። ግን ነዚ እውን ከም ብልጫ ጠሚታ ኣመት ኣብ ትምህርቲ ዝውዕሉ ደቃ ንምክትታል ጥራውዝቶም ትፍትሽ። ጌጋ ምስ እትረኽበሎም ስለምንታይ ተጋግዮም ብዓቕማ ከተረድኦም ትፍትን። ዘይምምሃራ ስለዘተሓሳሰባ፡ ደቃ ካብኣ ዝሓሸ ህይወት ክህልዎም የማን ጸጋም ከይበሉ ትምህርቶም ጥራይ ክገብሩ ናይ መዓልቲን ለይቲን ለበዋኣ እዩ ነይሩ።

ዓዘዘት ደቃ ብዓቕሞም ሶፍት፡ ማስቲካ፡ ሽጋራን...ካልኦት ቀንጠመንጢ ሸይጦም ክኣትዉ ይኽእሉ ነይሮም እዮም። ናብ ካልእ መገዲ ከየላግሶም ብምሕሳብ ግን ክኸደን፡ ክረግጽን ክስለምን ኣይበለትን። ኩሉ ጾር ኣብ እንግድዓኣ ተሰኪማ፡ ኩሉን'ትንኣ ንስለ ትምህርቲ ደቃ ወፍያ። ኣብቲ ፈለማ ብዕድመ ንኣሽቱ ኣብ ዝነበርሉ እቲ ወላዲቶም ንስለኦም ክትብል እትኸፍሎ ዝነበረት ከቢድ ዋጋ፡ ይርድኦም ኣይነበረን። ደሓር ዕድመ እናለቀቡ ምስ ከዱ ግን ብግቡእ ክርድኦም፡ "ማማ ከኑብርየኪ ንሸኺ ኣዕርፊ፡" ክብልዋ ጀሚሮም። ስልማት ዓቢ ነገር እዩ፣ እቲ ዝቐለለ ክዳንን ጫማን እውን እንተኾነ፡ ዓመት ብዘይ ቅያር ክትከይድ ከተሓሳስቦም ጀመረ። ነዚ ኣመልኪቱ ዮናስ ዝዝክሮ ኣለዎ። "ኣዴና፡ ሕጂ ብዛዕባ ድኻመይ ኣይትሕሰቡ፡ 'ንሽኹም ትምህርትኹም ነፊዕኩም ኣብ ዝብጻሕ እንተድኣ በጺሕኩምለይ ጥራይ'ዩ ዓስበይ!' እናበለት ደገ ኣየውጽኣትናን። ንፋስ'ውን ኣየውቕዓትናን፡ ከምኡ ሳላ ዝገበረት ብዘይካ ሓንቲ ንእሽቶይ ሓብትና ኩሉና ተመሪቕና ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊርና ሰሪሕና ክንኣቱ ጀሚርና ኣለና።" ወላዲቶም ምእንትኦም ክትብል ነብሳ ኣሕሲማ ዘሓለፈቶ መድረኽ ብኣስተንትኖ ይገልጹ።

ዮናስ ንእሽቶ ሓብተይ ዝበላ፡ ብ2006 ዝተወልደት ሜሮን ሕሳስ ልደ ገዛ ኮይና፡ ተማሃሪት 11 ክፍሊ ዘላ እያ። ንሳ እውን ከም ኣሕዋታ ብዝለዓለ ደረጃ ክትምረቕ ተስፋ ዝንበረላ፡ ኣብ ትምህርቲ ግድስቲን ተወዳዳሪትን እያ። ከም ኣገላልጻ ዮናስ፡ ሳላ ከቢድ ጻዕሪ ወላዲቶም ጥሜት ጽጋብ፡ ጽምኢ ርውየት፡ ዕርቃን ከኣ ሓድሽ ልብሲ'ዩ ንዕኦም። ገጽን ናብራን ጕረባብቶም ምስ ህይወት ገዛኦም ከየወዳድሩ ተማዒዶምን ተመኺሮምን እዮም ዓብዮም። በዚ ድማ ዓመት ምሉእ ብሓንቲ ክዳን ይውድኡዋ። ብቴንዳ ዝተሰፍየ ቦርሳ ይጥቀሙ። እዚ ወይዘሮ ዓዘዘትን ደቃን ንቡር ወሲዶም ዝለመድዎ ኣነባብራ እዩ። "ንደቅኺ እንተጠቕሞም" ኢሎም ጨርቀ-መርቂ ዝልግሱ እንተተረኺቦም ትቕበል። ሓጺባን ቀዳድ እንተለዎ ለጊባን ደቃ ትኸድኖም። ኣብዚ ሕቶ ርእይቶ ዝበሃል የለን። ደቃ፡ "ልባስ ክዳን ናይ ሰብ ኣይንወዲ" ኣይብሉን - ኣደኦም ዝበለቶም ሰሚዖም ይቕበሉ።

ጽቡቕ ክዳን ክትከድኖምን ጥዑም መግቢ ክትቅርበሎምን ኣይትኽኣል'ምበር፡ ንትምህሮቶም ክትብል ግን፡ "ካበይ ከምጽኣልኩም" ዝበሃል የለን። ስኢነን ጨኒቑኒን ብምባል፡ ደቃ ንሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ካብ ትምህርቲ ምብኳር እቲ ዝኸበደ ሕማምዩ ንዓኣ! ምድረ-ሰማይ ከም ኣፍ ዕንቀኵ ዋላ ትጽበባ ካብ ዘምጽኣት ኣምጺኣ ግድን ክትከፍለሎም ኣለዋ። በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ተማእዚኖም እናተመርሑ ዝዓበዩ ደቃ ጕረባብቲ ዝምስክርዎ እዱባትን እሩማትን እዮም።

ወይዘሮ ዓዘዘት ኣብ'ዚ ኩሉ መድረኽ ዘይትርስዖ ዝኽሪ ኣለዋ። ናይ መሬት መጎጎ እያ ትጥቀም ዝነበረት። ካብ ዝወፈረቶ ዕንጸይቲ ተሰኪማ ገዛኣ ክትኣቱ ዝርእይኣ ዝጸርፍኣ ጕረባብቲ ምንባረን ተውግዕ። እቲ ዘገርም ከኣ፡ "ባዕላ መወጽኢት ደርፊ፡ ባዕላ መጥፍኢት ደርፊ፡" ከምዝበሃል፡ እተን ዝጸርፍኣ ብድሕረኣ ኣጸምየን ብዕንጸይታን መጎጎኣን እንጌራ ይስንክታ ምንባረን'ዩ።

ናብ ገጽ 17 ይቕጽል

# ቁጠባ

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

## ኣብነታዊት ገራቢት ኣደ!

ብኢጋጣሚ 5 ሰነ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባቢ ሎሚ ዓመት ብምትሕብባር ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራን ውድብ ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ኣከባቢ ብከላ ንምውጋድ ብደቀንስትዮ ዝተገብረ ወፍሪ ዝግምግም መለክዒ ዘማልአ ብደረጃ ሃገር ናይ ምምማይ መስርሕ ተኻይዱ ነይሩ። እቲ መመያ ንጥፈታት ምግራብ፡ ምስራሕ መንገ ኣድሓነት፡ ጉስጓሳት ኣንጻር ከባብያዊ ብከላ፡ ግራት ገደና ...ወዘተ፡ ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተሳተፍዎ ኣብ ሽዱሽቲኣን ዞባታት ሃገርና ሰፊሕ ዳህሳስ ብምግባርዩ ተኻይዱ። ኣብ መወዳእታ ብዝተረኸበ ውጽኢት ከኣ፡ ካብ መወዳድርተን ጸብለል ዝበላ ካብ ዞባታት ጋሽ ባርካ፡ ደቡብን ዓንሰባን 6 ኣደታት ተመሪጸን ንሽልማት ቀሪበን። ዝተዳለወለን ገንዘብን ወረቐት ምስክርን ድማ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ተሳተፍቲ እቲ መደብ ተቐቢለን።


ኣብ ዝቕጽል ምስ ዕዉታትን ኣብ ሽልማት ዘብጽሐ ዝነጥፋሉም ዓውዲታትን ዘላሊ መደብ ክንቕጽሎ ተስፋ እናገበርና፡ ንሎሚ ኣብ ምግራብ መበቆላውያን ኣግራብ ብዝገበረቶ ኣበርክቶ ነቲ ሽልማት ዝበቕዐት ዕውትቲ ወይዘሮ ኣሉ ዳኩር እሸባ ከነላልየኩም።

ወይዘሮ ኣሉ ዳኩ ጓል 77 ዓመት ነባሪት ከተማ ባረንቱ እያ። እዛ ኣደ ዕድመ ሽምግልና ዝፈጠሮ ድኻምን ናይ ምርኣይ ጸገምን የንጸላልዋኳ እንተሎ፡ ሓቦኣን ተስፋኣን ከምዘይጐደለን ከም ቀደሙ ከምዘሎን ካብ ኣዘራርባኣ ትርዳእ።

ወይዘሮ ኣሉ፡ ንጥፈታት ዓውዲ ኣግራብ ብ1993 ጀሚራቶ። እቶም ከባቢኣ ንምልማዕ እትጥቀመሎም ኣግራብ ኩሎም፡ ጋባን ካልኦት ፍረ ዝህቡን ዘይህቡን መበቆላውያን ኣግራብ እዮም። ኣብ ምግራብ ክትነጥፍ ድርኺት ዝፈጥረላ፡ ብሰሪ መግዛእቲን ተደጋጋሚ ኩናትን ንዘቤታዊ ጸዓት ዝሃልኽ ኣግራብን ግርማኡ ዝተጠቐንጠጠ መሬት ሓምላይ ንምቕያር እዩ። ወይዘሮ ኣሉ እዚ ዕማምዚ ተበግሶ ኩሉ ዜጋ ዝሓትት ምዃኑ ትገልጽ። በዚ መረዳእታዚ ኣብ 1993 ብንኡስ ዓቕሚን በብቑሩብን ዝጀመረቶ ንጥፈታት ምግራብ እናስፋሓቶ ከምዝመጸት ትሕብር። ከም ውጽኢት ናይቲ ብቐጻሊ ከተካይዶ ዝጸንሐት ስራሕ ምግራብ፡ ልዕሊ 10 ዓይነት 4000 መበቆላውያን ኣግራብ ተኺላ፡ ተኸናኺና ኣዕቢያ ትርከብ።

ኣደ፡ ኩሉ ምኳናያ! ስለዚ ድማ ከም ኣደ መጠን ብግቡእ ተኸናኺናን ሓልያን ዘዕበየቶም ኣግራብ፡ ካብ ደቃ ፈልያ ከምዘይትርእዮም ተውግዕ ወይዘሮ ኣሉ፡ "ንቑልዓ ክይጠሚ-ክይጸምእ ብደቀቕ ንከታተሎ፡ ገረብ'ውን በቲ ትደልዮ ዓብዩ ካብኡ ትደልዮ ክትረክብ ልዑል ናብዮት እዩ ዝደሊ። ኣደ እየ፡ ሓላፍነት ምእላይ ስድራ ኣብ እንግድዐይ ጾይረ እየ ነዚ ናይ ምግራብ ስራሕ ዘሰላስሎ። ለይቲን መዓልቲን ኣብ ስራሕ እየ፡ ዕረፍቲ ዝበሃል ኣይፈልጦን። ሳላ ከምኡ ዝገበርኩ ንዓይንኻ ባህ ዘብሉ ርኢኻ ዘይትጸግቦም ኣግራብ ከፍሪ ክኢለ።" ብምባል፡ ዝበዝሐ ግዜኣ ኣብ ስራሕ ተጸሚዳ ከምእተሕልፎ ትዛረብ።

ወይዘሮ ኣሉ ነቲ ሽልማት ዝበቕዐት ውጽኢት ናይ 30 ዓመት ከቢድ ጻዕራ እዩ። 30 ዓመት ኣብ ህይወት ብዙሕ ተፈቲኑ ናይ ዝሰጉመ በጽሒ መንእሰይ ዕድመ እዩ። ወይዘሮ ኣሉ እቲ ናይ ምግራብ ስራሕ፡ ኣብ ልምዓት ከባቢ ርኡይ ውጽኢት ከምዝህልዎ ኣሚና ዝተበገሰትሉ ወፍሪ እዩ። ክሳብ ክንደይ ከቢድ ዋጋ ከምዝኸፈለት ድማ



ዘለምዐ ቦታኣ ባዕሉ ምስክር እዩ። ኣብቲ ልዕሊ 4 ሄክታር ዝግመት ካብ ወለዳ ብውርሻ ዝረኸበቶ መሬት ዝተተኽሉ ልዕሊ 4000 ኣግራብ ለሚያም ነቲ ከባቢ ፍሉይ ትርኢን ግርማን ሂቦሞ ይርከቡ። ዕድመን ጥዕናን እንተድኣ ሂብዋ፡ ዝተረፈ ዘይለምዐ ሃጓፍ ቦታታት መሊኣ ንምልማዕ መደብ ሒዛ ምህላዋ ተውግዕ።

ኣብ ባህሊ ብሄረ-ኩናማ ኣብ ቀኣጠባ ቀንዲ ኣፍራይቲ ዓለንስተይቲያ። ወይዘሮ ኣሉ ንዝረኸበቶ ዕድል ተጠቒማ፡ ኣበርክቶ ክትገብር ብውርሻ ዝረኸበቶ ቦታ ንምልማዕ ናብ ወፍሪ ምግራብ ኣቕሚታ። ንመላእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ኣሻቓሊ ኮይኑ ዘሎ ብከላ ኣየርን ንሱ ዘስዓቦ ቀኣጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ጥዕናውን ኣከባብያውን ምምዝባልን ከቃልል ካብ ዝኽእል ሜላታት ሓደ ምግራብ እዩ። ሃገርና እውን ካብዚ ተርእዮዚ ክትገላገል ዕማም ምግራብ ብስፍሓት ከተተግብር የድላያ። ኣብዚ ድማ ተሳትፎ ናይተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቀንስትዮ ኣድላዪ እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ምግራብ፡ ምስራሕ መንገ ኣድሓነትን ካልእ ብከላ ዘጒድል ወፍሪታት ዝነጥፋ ብዙሓት ደቀንስትዮ ከምዘለዋ ይእመን። ሓንቲ ካብኣን ከኣ ን30 ዓመታት

ዝተሳለየ ንጥፈታት ምግራብ ተካይድ ዘላ ወይዘሮ ኣሉ እያ። “ዓለንስተይቲ ብምዃነይ ዘየሰጉም ባህሊ ሕብረተ-ሰብ ሓሊኹ ዝሕዘኒ እኳ እንተኾነ፡ ንሃገረይ ዋላ ሓንቲ ከየበርከትኩላ ክሓልፍ ሕልናይ ዝዓርፈለይ ኣይኮነን።” ብምባል ከኣ፡ ብህይወት ክሳብ ዘላ ኣብ ስራሕ ዘጋጥምዋ ብድሆታት ብትብዓት እናመከተት ዝተረፋ ክትምልእ ክትቃለስ ምዃና ተረጋገጸ።

ወይዘሮ ኣሉ ኣዝያ ጻዕራም ኣደ ምዃና ወዳ መምህር ፓውሎ ቾቾ ይገልጽ። ዝያዳ ግን ውጽኢት ስርሓ ባዕሉ ዝምስክር እዩ። ፓውሎ፡ ወላዲቱ ወይዘሮ ኣሉ፡ ዝበዝሐ ግዜ ንግሆ ምስ ወፈረት ብጥሙይ ከብዳ ምስ ኣግራብ ክትቃለስ ውዒላ ምሸት ገዛኣ ከምእትምለስ ይገልጽ። “ኣደና ደቃ ካብ ትምህርቲ ከይንበኩር፡ እቲ ንሕና ክንገብሮን ክንለኣኾን ዝግበኣና ባዕላ እናዓመመት፡ ኣምሂራትና። ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሓትና። በዚ ከኣ ልዑል ምስጋና ንዕኣ ይኹን!” ይብል ፓውሎ። ንጽንዓትን ሓቦን ወላዲቱ ብቓላት ክገልጾ የጸግሞ እዩ።

ኩሉ ከምዝፈልጦን ዝርድኦን ተኽሊ ክዓቢ፡ ሓመድን ማይን የድልዮ። ሓመድን ማይን ከረጋእ፡ ናይ ምዝላይን ከትሪታት ናይ ምስራሕን ስርሒ ክካየድ ኣለዎ። ወይዘሮ ኣሉ ጐድኒ-ጐድኒ ናይ ምግራብ ስርሓ፡ ጉልበታ ሓዊሳን ሽቃሎ ብምውፋርን 21 (21*80 ሜትር) ዛላታትን 16 (16*3.5*1 ሜትር) ከትሪታት ብምድላዉ መሬታ ከተደልድል ዝኽኣለት ሓቦኛን ኣብነታዊትን ገራቢት ኣደ እያ።

ወይዘሮ ኣሉ ተኽናኺና ዘዕበየቶም ኣግራብ ሓጺርን ነዊሕን ዕድመ ዘለዎም እዮም። ዝናብ ክረምቲ ክሕግዛ ኣብ ወቕቲ ክራማት እያ ትተኽሎም ወይ ትዘርኦም። ዝበዝሑ ኣብ ግራታ እትተኽሎም ኣግራብ ድርቂ ተጻዊሮም ክጸድቁ ዝኽእሉን ነዊሕ ዕድመ ዘለዎምን እዮም። ብጥሪትን ካልኦት ተጻባእቲን ከይብልዑ ድማ፡ ቀጻሊ ኩለላን ምክትታልን እናገበረት ጽኑዕ ሓለዋ ተካይድ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብቶም ኣሻኺት ኣግራብ እናጸልጸለት መሬት ሕርሻኣ ሓጺራ ካብ ጥሪት ትከላኸል። ኣብ ግዜ ክረምቲ ብዝፍጠር ብርቱዕ ንፋስ ዝወድቑ ኣግራባ ድማ፡ ንመስርሒ ገዛን ንዕንጸይትን ትጥቀመሎም።





ወይዘሮ ኣሉ ንዓመታት ገንዘባን ጉልበታን እናወሃሃደት ብኸቢድ ጻዕሪ ከተሰላስሎ ዝጸንሐት ንጥፈታት ምግራብ፡ ዝያዳ ኹሉ እቲ “ኣፍርየ” ብምባል ኣብ ህይወታ ዝፈጠረላ ሕልናዊ ቅሳነት እያ ከም መኽሰብ እትርእዮ። “ከም ሰብ ዝምስጠንን ዘሕጉሰንን እንተሃልዩ ብገዛእ ፍቓደይ ክዓም ዝመደብክዎ ስራሕ ፈርዩ ክርኢ ከለኹ'ዩ። ስለዚ ብዘይመጠን ዕግብቲ'የ።” ብምባል ከኣ፡ ድሕሪ ብዙሕ ምጽማምን ትዕግስትን ዝጭበጥ ፍረ ክትሓፍስሉ ኣብ ትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ምህላዋ ተረድእ። ብፍላይ ካብ ጋባ ተረፍ መግቢ ኣብ ዓመት ካብ 2 ክሳብ 2.5 ኩንታል ብምሕፋስ፡ ካብ ሽያጡ ካብ 1500 ክሳብ 1600 ናቕፋ ኣታዊ ከምእትረክብ ትሕብር።

ዝተጸመመን ዝጸዓረን ፍረ ዓስቡ ከይተኸፍለ ኣይተርፍን እዩ። ወይዘሮ ኣሉ ግርማኡ ዝተቐንጠጠ መሬት ሓምላይ ንምቕያር ቅድሚ 30 ዓመት ዝጀመረቶ ስራሕ ምግራብ፡ እንሆ ሎሚ ምንጪ ብዙሕ ረብሓታት ኮይኑዋ ይርከብ ኣሎ። ኣብቲ ሕሩም ቦታኣ ካብ ዝበቑል ሳዕሪ ዓመታዊ ልዕሊ 10 ሽሕ ናቕፋ ኣታዊ ትረክብ። ሓንቲ ሰኽፍ እትብላ ነገር ከምዘላ ግን ኣዕሊላትኒ። ኣብ መንጎ እቶም ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ኣግራባ፡ ባዕላ ዝተኸለቶም ኣግራብ ዓርኮብኮባይ ኣለዉ። ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ትኾን ፍረኦም ከይጠዓመት ካብዚ ዓለም ከይትፍለ ንፈጣሪ ዕድመ ክህባ ናይ መዓልቲን ለይትን ጸሎታ'ያ።

ወይዘሮ ኣሉ ነዚ ብውርሻ ዝረኸበቶ ቦታ ምልማዕ፡ ምስ ምስፋሕ ከተማ ባረንቱ ተኣሳሲሩ ዝመጸ ብድሆ ከምዘሎ ኣይሓብኣትን። ቦታ ኣግራብ፡ ምስ መንበሪ ኣባይቲ ስለዝለገበ፡ ህዝብና ከኣ ንጸዓትን መስርሒ ገዛን ገረብ ካብ ምቑራጽ ገና ስለ ዘይተገላገለ፡ እቲ ብኸንደይ ክንክን ሓለዋን ዘዕበየቶ ኣግራብ፡ ብዘይተፈልጡ ሰባት እናተቘርጹ ይውሰድ ምህላው ክቱር ሻቕሎት ፈጢሩላ ዘሎ'ዩ። ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣድህቦ ገይሩ፡ ደገፉ ከበርክተላ ድማ ትምሕጸን። ገለ ኣብ ኣግራባ ኣትዮም ክቖርጹ ዝረኸበቶም ሰባት ንምንታይ ምስ እትብሎም፡ ጸርፍን ዘለፋን ዘዝንቡላ ካብኡ ሓሊፎም ዘጓጥጡላ ምህላዎም እውን ትገልጽ። ነገሩ፡ “ሰሪቓስ እንተትሓፍረለይ'ዩ” ዘብል እዩ።

ኣብ ዝኾነ ዕማም ሓያልን ድኹምን ጎድኒ ኣሎ። እዛ ኣደ ሓያል ምዃና፡ ካብቶም ብውልቃ ተኺላ ዘዕበየቶም ልዕሊ 4000 ኣግራብ ዝዓቢ ህያው ምስክር የልቦን። ከም ድኹም ጎድና ገይራ ትገልጾ ግን ኣለዋ። ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ምግራብ ስራሕ፡

ናብ ገጽ 21 ይቕጽል

# “ብርሃጽካ ዘምጻእካዮ ሃብቲ ኢኻ ትሕልዎ”

መርሃዊ ታደሰ

ኣብ ኣስመራ ከባቢ ገዛ ከንሻ'ያ ተወሊዳ ዓብያ። ናይ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ትምህርታ ኣብ ኣስመራ ዛዚማቶ። ብድሕሪ'ዚ ካብ ኣስመራ ናብ ዓሰብ እናተንቃሳቐስት ብንእሽቶ ዓቕማ ንንግዲ ዓለም ኣሃዱ ኢላ ጀሚራቶ። ነዊሕ ከይጸንሐት ካብ ትካል መደብ ውህለላን ልቓሕን (መወል) ልቓሕ ወሲዳ ነቲ ናይ ሽቐጥ ስርሓ ኣብ ዓሰብ ከተማዕብሎ ወሲና። ኣብዚ እዋን'ዚ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓሰብ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸራ ኣብነታውያን ነጋዶ ደቀንስትዮ ብምኽኣን ህይወታን ህይወት ስድራ-ቤታን ኣብ ምምራሕ ትረከብ። ኣዝያ ሕውስትን ምቕልልትን ሰብ'ያ - ነጋዲት ወይዘሮ ዮዲት ዮውሃንስ።

◆ **ዓሰብ ከመይ ረኺብክዮ?**

ዓሰብሰቡ ጥዑም፡ መነባብርኡ ጥዑም'ዩ። ዓዲ ኢንጅራይ ስለዝኾነ ልዕሊ ዕስራ ዓመት ጸጋታት ባሕርና እናስተማቐርኩ ተቐሚጠ ኣለኹ። ካብ ዓሰብ ውጽኢ ኣይመጽኣንን'ዩ።

◆ **እንታይ ዓይነት ንግዲ ኢኺ ተካዪዱ? ብኸመይ ጀሚርክዮ?**

ሓንቲ መከፋፈሊት ድኳን ሃለኸቲ ነገራት ኣላትኒ። ኣብታ ጎና ድማ መሸጢ ጹማቑ ንእሽቶ ትካል ኣላትኒ። ኣብዘን ክልተ ትካላት'የ ዝነጥፍ ዘለኹ። ፈለማ ድልየተይ ዝተገንዘበ ዓብዪ ሓወይ'ዩ። ኣብ 2002 ዓ.ም. 15 ሽሕ ናቕፋ ሂቡ ኣበጊሱኒ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ዓሰብ ጠቕሊለ ኮፍ ምስ በልኩ ካብ መወል 15 ሽሕ ናቕፋ ልቓሕ ወሲደ ነቲ ናይ ሽቐጥ ስራሕ ከማዕብሎ ጽዒረ። ካብ መወል ብብግዜኡ ክሳብ 100 ሽሕ ናቕፋ ልቓሕ ወሲደ ብዝግባእ እናመለስኩ ክሰርሕ ጸኒሐ። ብድሕሪኡ ርእሰይ ክኢለ ክንቃሳቐስ ስለ ዝጀመርኩ ካብ መወል ልቓሕ ምውሳድ ገዲፈዮ። ነዚ ስራሕ ስለዝመለኽኩዎን ስለዝተዋሃሃደንን ምስ ሰባት ጽቡቕ ምቅርራብ ስለዘለንን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ደረጃ በጺሐ ኣለኹ።

◆ **ነታ መሸጢ ጽሟቕ ትካልኪ ብኸመይ ጀሚርክዮ?**

ኣብ ድኳንና ኣራንሺ ንሸይጥ ኢና። ኣራንሺ ኸኣ ነዊሕ ክጸንሕ ዝኽእል ዓይነት ፍሩታ ኣይኮነን። ስለዚ ካብ ተባላሸዩ ትግሕፎ ከይተበላሸወ እንከሎ ጽሟቕ ጌርካ ክትሸጦ ዝሓሸ ኮይኑ ስለዝረኸብክዎ'የ ነዛ እንዳ ጽማቕ ጀሚረያ። ዝጠሉብክዎ ኣራንሺ ኣብ ድኳን እንተ-ዘይተጠሊቡ ኣብታ እንዳ ጽሟቕ ብሓድሹ ከገልግል ስለዝኽእል ካብ ክሳራ ከናግፈካ ይኽእል'ዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው'የ ነዛ እንዳ ጽማቕ ከፊተያ።

◆ **ንረብሓታት ትካል መወል ብኸመይ ትገልጽዮ?**

ኣጠቓቕማኡ ብትኽክል እንተፈሊጥካዮ ብዙሕ ረብሓታት'ዩ ዘለዎ። በቲ ካብ መውል ትረኽቦ ገንዘብ ጌርካ ዘድልየካ ናይ ንግዲ ንብረት ክተገዝእን ክትሸይጥን ትኽእል ኢኻ። ብዘይካ'ዚ ድማ ካብ መወል ልቓሕ ክትወስድ እንከለኻ ዝቕመጠልካ ወይ ዘውህለልካ'ሞ ልቓሕካ መሊስካ ካብ መወል ክትወጽእ እንከለኻ ትወስዶ ብብቑዕ ዝውህለል ገንዘብ ኣለካ። ንኣብነት ኣነ ኣብታ ናይ መወዳእታ ልቓሐይ መሊሰ ካብ መወል ክወጽእ እንከለኹ ልዕሊ ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ ዝኸውን ገንዘብ'ዩ ተዋህሊሉለይ ጸኒሑ። ስለዚ መወል ገንዘብ ጥራሕ ዘይኮነ ዘለቅሕ፡ ንተለቃሕቲ ገንዘብ ከም ዘዋህልሉ እውን ዝገብር'ዩ።

◆ **ልቓሕኪ ኣብ ምምላስ ሽግር ኣጋጢሙኪ ይፈልጥ'ዶ? ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታትኪ'ኸ ክሳራ የጋጥመኪ'ዶ?**

ወርሒ-ወርሒ ስለዝኸፍል ፈጺሙ



ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን። ኣብታ ወርሒኻ ትኸፍል እንተደኣ ኮይንካ ወለድ ኣይበዝሓካን'ዩ።ንመምርሒታት መውል ብዝግባእ እንተደኣ ኣተግቢርካዮ ዕውት ኢኻ።ኣብ ንግዲ ዓለም ክሳራ ከጋጥመካ ባህርያዊ'ዩ። ኣነ እውን ክሳራ ኣጋጢሙኒ ይፈልጥ'ዩ። ግና ክሳራ ኣጋጢሙኒ ኢልካ ክትጀጁ የብልካን።

◆ **ኣብ ስራሕኪ ዝሕግዙኺ ሰባት ኣለዉ'ዶ?**

ብዓብዩ ምስ በዓል ቤተይን ደቀይን ተዋሃሂድና ኢና ንሰርሕ። ክልተ ደቀንስትዮ ቆልዑ ኣለዉና። ደቀይ ብዙሕ እዮን ዝሕግዛኒ። ሰራሕተኛታት'ውን ስለዘለዉኒ ብዙሕ ኣይሽገርን'የ።

◈ **ኣብ ንግዲ ቋንቋ ወሳኒ'ዩ፡ ብኸመይ ትረዳድኢ?**

ደሓን'ዩ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን። ንሳቶም ትግርኛን ዓፋርን ካልእ ቋንቋን ሓዋዊሶም ክዛረቡኒ እንከለዉ፡ ኣነ'ውን ከማታቶም ንቛንቋ ዓፋርን ካልእን ምስ ቋንቋ ትግርኛ እናሓወስኩ እዛረቦም። ብኸምዚ ከይተሸገርና ንሓድሕድና ብዝተደባለቐ

ቋንቋ ጽቡቕ ኢና ንረዳዳእ።

### ◆ ምስጢር ዓወትኪ እንታይ'ዩ?

እንታይ'ሞ ክብለካ'የ? ምስጢር ዓውተይ ጻዕሪ'ዩ።ምስጢርዓውተይደኺመኪይበልካ ምስራሕ እዩ።ብዓል ቤተይ የተባብዓኒ እዩ። ብፍቕርን ስኒትን ኢና ንነብር። ኣብ ትርፊ ግዜኡ ይሕግዘኒ'ዩ። ብሓጺሩ ተዋሃሂድና ኢሂን ሚህን እናተባሃሃልና ብሓባር ኢና ንሰርሕ። እዚ ናቱ ግደ ኣለዎ። ንተራ በዓል ቤተይ መግለጺ ዝኸውን ቃላት ክረኽበልካ ኣይክእልን።



### ◆ መጻኢ መደባትኪን በዚ ኣጋጣሚ ክትብልዮ እትደልዩን እንተሎ?

ነዚ ሒዘዮ ዘለኹ ስራሕ ኣስፊሐ ብምሓዝ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሖ እዩ መደበይ። ደቀይ ኣብ ትምህርተን ንፉዓት'የን። ግና ከም ኣደ መጠን ኣሰረይ ክስዕባ ኩሉ ነገራት ክፈልጣ ርእሰን ክኽእላ ኣብ ገዛእ ርእሰን ክምርኮሳ ካብቲ ጀሚረዮ ዘለኹን ብሕጂ'ውን ምስ በዓል ቤተይ ብምኻን ኣበርቲዐ ብዝለዓለ ክሰርሓሉን ዝሕልን መደብ'ዩ።በዚ ኣጋጣሚ ክብሎ ዝደሊ፡ ንደቀንስትዮ ተማሃራ፡ስርሓ፡ ካብ ሰብ ከይተጸብኽን ኣብ ገዛእ ርእስኽን ተመርኮሳ፡ ሃብቲ ኮነ ካልእ ባዕልኻ ብረሃጽካ እንተደኣ ኣምጺእኻዮ ኢኻ ክትሕልዎ ትኽእል ክብለን እደሊ።

**ካብ ገጽ 13 ዝቐጸለ**

## ዝመቀረትካ ገረብ፡......

ወይዘሮ ዓዘዘት፡ ግዜ እናነውሐ ደቃ ጉቢዞም ሕማቕን ጽቡቕን ዝፈልጥሉ ደረጃ ዕድመ ምስ በጽሑ ግን፡ ካልእ ይትረፍ ዝዓቕሞም እንተገደደ ንድሺዛኦም፡ ጥራውዝቶምን ዓመታዊ ክፍሊትን እንተምጽኡ ብዝብል፡ ሰሪሖም ክኣትዉ በለስ ከተራግፈሎም ወጢና። ደቃ ንሓሳብ ወላዲቶም ብሓጉስ ተቐበልዎ። ኣደኦም ዘረጋፈትሎም በለስ በብእብረ ኣብ ምሻጥ ተዋፊሮም ቅሩብ ቁራቦ ገንዘብ ሒዞም ገዝኦም ክኣትዉ ጀሚሮም። ሰምሃር ብሕልፊ፡ ገዛ ንምሕጋዝ፡ ካብ ኮሌጅ ክሳብ ትምረቕ፡ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኣ በለስ ምሻጥ ደዉ ኣየበለትን። ከም ስግኣት ወላዲታ ግን ኣብ ትምህርታ ኣይዓንቀፋን፡ እኳ ደኣ መሊሱ ብልሒ ወሲኹላ።

ኣብትምህርቲብሉጽውጽኢትዘምዝገብ ውህደትን ሓባራዊ ጻዕሪ መምህራን፡ ወለዲን ተማሃሮን እዩ። መምህርን ወላዲን ንፉዓት ኮይኖም ብዘይ ደገፍ ተማሃራይ ክምዝገብ ዝኽእል ውጽኢት የልቦን።ብኹሉንትናኦም ምሩጻትን ብኣብነት ተጠቀስቲን ኮይኖም ዝረኣዩ ውሉዳት ሓንቲ ስድራ፡ ቅድመኦምን ድሕረኦምን ዕጥቕቲ ኣደ ምህላዋ እዩ ዘመልክት። ስለዚ፡ "ዝመቀረትካ ገረብ፡ ሱራ ኩዒትካ ብልዓያ፡" ከምዝበሃል፡ ውሉዳት ተጋዳላይ ሰመረኣብ ኣብ ትምህርቶም ግዱሳትን ተወዳደርቲን እናኾኑ እዮም ክሳብ ናይ ኮሌጅ ትምህርቶም ዛዚሞም። ኣብ ገዝኦም ዝተንጠጠለ ስእሊ መመረቓታኦም ከኣ ንብቕዓቶም እኹል ምስክር እዩ። እዞም ውሉዳት ኣብ ትምህርቶም ብሉጻት ክኾኑ ድሕሪ ወላዲቶም ወይዘሮ ዓዘዘት ብኣርኣያ እትጥቀስ፡ ሓርነት እታ ቦኹሪ ገዛ'ያ።

ሓርነት ብምህንድስና ስነ-ቀመም ብዲፕሎማ ተመሪቓ ኣብ ኮርፖራሽን ጥሪትን ዘራእቲን ተመዲባ፡ ሰምበል ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ኣስቃጥላ ትሰርሕ ኣላ። ዮናስ ካብ ኮሌጅ ጥዕና ኣስመራ ብነርስ መወለዳን ብዲግሪ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ኣብ ሆስፒታል ባረንቱ ተመዲቡ ይሰርሕ ኣሎ። ሰምሃር፡ ብህዝባዊ ጥዕና ብዲግሪ ተመሪቓ ንሳ'ውን ኣብ ከረን ተመዲባ ትሰርሕ ኣላ። ሳምራዊት ብስነ-ሕሳብ ብዲግሪ ተመሪቓ መምህር ኣብ ካልኣይ ደረጃ ማይ ነፍሒ ኣላ። ሊድያ ካብ ቤት ስነ-ኪነት ኣስመራ ብዓውዲ ኣውቶ መካኒክ ብሰርቲፊኬት ተመሪቓ፡ ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣስመራ ተመዲባ ትሰርሕ ዘላ ክትከውን ከላ፡ ሜሮን እታ ሕሳስ ልደ ከኣ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተገልጸ ተማሃሪት 11 ክፍሊ ኣላ።

ንነዊሕ ጉዕዞ ብዘገምታ እንተጀመርካዮ ኢኻ ብሰላም ትበጽሖ። ስድራ ሰመረኣብ ዝነበራ ቍጠባዊ ጸገማት ኣየሸነፋን። ከምቲ ሓሙኣ ዝበልዋ ንኹሉ ደበንገረ መደረኽ ቍጠባዊ ቅልውላው ብትዕግስቲ ሳላ ዝተጓዕዘቶ 3 ብዲግሪ፡ ሓንቲ ብዲፕሎማ ሓንቲ ከኣ ብሰርቲፊኬት 5 ደቃ ኣመሪቓ፡ ፍረ ኩሉ መዳያዊ ቃልሳ ዓስባ እትሓፍስሉ፡ ውሉዳት ኩሎም ዝተኸስረ ዕድላት ንምምላስ፡ ገዛኦም ንምሕዋይ፡ ዝሓዘ ሒዞም ቤቶም ክኣትዉ ጀሚሮም ምህላዎም ወይዘሮ ዓዘዘት ድሙቕ ፍሽኽታ ኣሰንያ ገሊጻትልና።

# ጥዕና

## ጽሬት - እቲ ዝበለጸ ባህርያዊ መመላኸዒ

ምስጋና ሳሙኤል

ቈርበትና፡ ጽሬቱ ሓልዩ፡ ወዝ ዘለዎን ብሩህን ክኸውነልና፡ ዝተፈላለየ ሜላታት ኢና እንጥቀም። እንጥቀመሉ ኣገባባት ከንክን ቈርበት፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ንቡር እዩ። ብፍላይ ጽሬት ኣካላትን ቈርበት ዓለንስተይቲን፡ ክሕሎ ክንክን ዘድልዮን እዩ። በሉ ኣብ ጽሬት ዓለንስተይቲ ኣተኲርና ገለ ሓሳባት ክነካፍለኩም፦

ዓለንስተይቲ፡ ብብዝሒ ስብሒ ስለእትውንን ቀልጢፉ'ያ ትርህጽ። ረሃጽ ምስ ተዓብዓበ፡ ናብ ርስሓትን ሕማቕ ሽታን ይቕየር። ጽሬት ብዘይ ምዝውታር፡ ክንዮ'ቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዘጋጥማ ተነጽሎ፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ንሕማም ዝተቓልዐት ትኸውን። ኣብ ጽሬታን ጽፈታን ትግደስ ምስ ትኸውን ግና፡ ብሰንኪ ርስሓት ክስዕብ ካብ ዝኽእል ሕማም ተሓልያ ትነብር።

ኣብ'ዚ እዋንዚ፡ እናገነነ ዝመጽእ ዘሎ ተጠቃምነት ዝተፈላለዩ ከሚካላት ዝውንኑ ቅብኣታት፡ ንደቀንስትዮ የታልለና እዩ ዘሎ። ኣብ ክንዲ ኣብ ጽሬት ነድህብ፡ ኣተኩሮና ኣብ ምቕያሕን ምልማጽ ቈርበትናን ብምግባር፡ ዘዝመጽእ ሓደስቲ መለኻኸዪ ክንጥቀም ኢና ንርኢ። ዋላ'ኳ ቈርበትና ንግዜኡ ለሚጹን ቀይሑን እንተተራእየና፡ እቲ ብሓይሊ ዝቐየሐ ቈርበትና ግን፡ ልዕሊ ዕድሜና ክንመስል'ዩ ዝገብረና። ዕድመ እናወሰኽና ምስ ከድናውን፡ ብዝተፈላለየ ሕማማት ቈርበት ንሳቐ ውሑዳት ኣይኮናን። ብሰሪ'ዚ፡ ገጽና ደልሃሙት መሲሉ፡ ዘይመልክዕና ሒዝና፡ ፈቓዶ ሕክምና ሓገዝ ክንረክብ ኲላል እንብል ደቀንስትዮ፡ ናይ'ዚ ምስክር ኢና።

ዓለንስተይቲ ግን፡ ብጸልማን ቅይሖን ኣይኮነትን ጽርይቲ እትብሃል። እንታይ ደኣ፡ ዕለታዊ ጽሬት ኣካላታ እናናተኸታተለት፡ ጽሩይ ክዳውንታ ተኸዲና፡ ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዋህባ ሕብሪ ቈርበታ ብዝግባእ ምስ እትሕሉን እዩ።

ቀጺልና፡ ጽሬት ኣካላትና ክንሕሉ ዝሕግዙና ሜላታት ክንጠቅስ፥

### ማይ ምስታይ

ኣብ ምሕላው ጽሬት ኣካላትና፡ መጀመርታ ክንገብሮ ዘለና፡ ነቲ ከም ቀሊል ኣገባብ እንወስዶ ግን ከኣ ጥቕሙ ገሊጽካ ዘይውዳእ እኹል ማይ ምስታይ እዩ። ማይ ከም ኣማራጺ ክንጥቀመሉ ኣይግባእን። ካብ ንጽምኣትና ምርዋይ ሓሊፉ፡ ንቈርበትና ወዝ ስለዝሀብ፡ ብዘይ ምቁራጽ ክንወስዶ ዘለና መድሃኒት እዩ። ኣብ መዓልቲ 8 ብኬሪ ማይ ምስ እንሰቲ፡ ቈርበትና ወዝ ይዀብር። ንኣብነት፡ ህብብቲ ተዋሳኢት ሶፍያ ሎረን፡ ጥዕናን ወዝን ቈርበታ ንምክንኻን እትጥቀመሉ ቀንዲ ሜላ፡ ማይ ምስታይ ምዃኑ ትምስክር። "ማይ ብሉጽ ጥቕሚ ስለዘለዎ፡ ኣብ መዓልቲ 7 ብኬሪ ከይሰተኹ ኣይውዕልን'የ" ብምባል ከኣ፡ ደቀንስትዮ ካብ ንእስነተን እኹል ማይ ሰትየን ክዓብያ ተዘኻኽር።

### እኹል ድቃስ

ምስጢር ድቃስ፡ ክሳብ ሕጂ ብተመራመርቲ ክብጻሕ ዘይተኻእለ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ወዲ-ሰብ'ዩ። የግዳስ፡ ድቃስ፡ ኣበር ዘይብሉ መድሃኒት ኣእምሮ ምዃኑ ምስክር ኣየድልዮን። እኹልን ስሩዕን ስዓታት ድቃስ ምርካብ፡ ጭንቀት ኣወጊዱ፡ ቈርበትና ንኸይደርቕ ይሕግዝ። ኣብ መዓልቲ፡ 8 ሰዓታት ምድቃስ፡ ዋህዮታት ቈርበትና እኹል ባህታ ክረኽቡ የኽእሎም። ብተወሳኺ፡ ገጽና ናብ ሙተርኣስ ደፊእና ምድቃስ፡ ንጽሬትን ምብራህን ገጽና ብኣሉታ ስለዝጸልዎን ባክተርያ ናይ'ቲ ሙተርኣስ ናብ ገጽና ክዝርጋሕ ዕድል ስለዝረክብን፡ ክነወግዶ ዘለና ኣይቓቕሳ እዩ። ቅድሚ ምድቃስና፡ 'ሜክ-ኣፕ' ገይርና ንሃሉ ኣይንሃሉ፡ ናይ ግድን ገጽና ክንሕጸብ ኣለና። ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ፡



ክልተ ግዜ ገጽና ክንሕጸብ ይግባእ። ካልእ፡ ጽሬት ጸጕርና ኣብ ቈርበት ገጽና ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ጸጕርና ክረስሕን ቅብኣት ክበዝሖን ከሎ፡ ኣብ ግንባርና ፈጺጋን ዕንፍሩርን እዩ ዝፈጥር።

### ምንቅስቓስ ምዝውታር

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ፍቱን መድሃኒት ቈርበት እዩ። ምንቅስቓስ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ወዝ ቈርበቶም ኣመና ብሩህን ውቁብን እዩ። ስለዚ፡ ደቀንስትዮ፡ ወዝ ቈርበትና ንምሕላው፡ ኣብ መዓልቲ፡ ካብ 45 ደቒቕ ክሳብ 1 ሰዓት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክነዘውትር ኣለና። እዚ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ምሒቓቕ መግብን ምሕላው ቅርጺ ኣካላትን ዝጠቕመና፡ ንቈርበትና ጽሬቱን ትርኢቱን ብሩህን ወዝ ዘለዎን



ይጉብር።

**ካብ ወልፊ ሽጋራ፡ መስተን ቡንን ምሕራም**

ኣብ ኣወለፍቲ መስተታት ዝርከቡ ቀመማት፡ ጸረ ዋህዮታት ቈርበትዮም። ንውሽጣዊ ኣካላትና ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዴጋዊ ትርኢትና ከይተረፈ'ውን የበላሽዉ። ስለዚ፡ ካብ ወልፍታት መስተ፡ ሽጋራን ቡንን ናጻ ምዃን፡ ጥዕና ኣካላትና ሓልዩ፡ ወዝ ቈርበት ዘውሕስ ስለዝኾነ፡ ደቀንስትዮ ካብ'ዞም ልምድታት ናጻ ክንከውን ይግባእ።

**ጭንቀት ምውጋድ**



ጭንቀት ፈቲና እነምጽኦ፡ ጸሊእና ድማ እነውግዶ ኣይኮነን። መስርሕ ሓልዩ ዝኽሰት ግብረ-መልሲ ናይ ኣካላትና ስለዝኾነ፡ ጠንቁ ኣለለና ከነውግዶ'ዩ ዘለና። ካብ በዓል ሞያ ምኽሪ ምርካብ ድማ፡ ጭንቀት ተውግደሉ መስረታዊ ነገር እዩ። ዝተጨነቐት ዓለንስተይቲ ጽሬት ኣካላታ ክትሕሉ ኣይትኽእልንያ። ደቀንስትዮ፡ ዝበዝሐ ግዜ፡ ብመልክዕና ከም እንጭነቕ ክኢላታት ይገልጹ። ንኣብነት፡ ኣብ ገጽና ፈጺጋ ምስ ዝወጻና፡ ለይቲን መዓልትን ቡቲ ፈጺጋ እናሓሰብና፡ ኣብ



ጭንቀት ንኣቱ። ፈጺጋ ምስ በዝሐ፡ ጭንቀት ሰማይ ስለዝዓርግ፡ መልክዕ ቈርበት ገጽና መሊሱ ክበላሾን ክኸፍእን ይጅምር። ስለዚ፡ ጭንቀት፡ ንቈርበትና ዝሃስዩ ነዘዕታት ኣብ ኣካላትና ወረር-ወረር ክብሉ ስለዝገብር፡ ኩሉ ካብ ልክዑ ስለዝይሓልፍ፡ ኣይንጨነቕ።

**ቈርበት ፍሩታታት ምጥቃም**

ነቲ ወዝ ዝሰኣነ ቈርበት ገጽና፡ ፍሩታታት ተጠቒምና ጽባቐኡ ከነመሓይሾ ንፈትን እምበር፡ ሰብ ዝሰርሖም ቀመማት ኣይንጠቐም። ነቲ ዝተጨማደደ ቈርበት ገጽና ፍሩታታት ምልካይ፡ ዘጣዕስ ከምዝዛብሉ፡ ውልቀ-ሰባት ካብ ተሞኩሮኦን ዝህበኦ ምኽሪ እዩ። ቈርበት ለሚን ግን፡ ኣሲዳዊ ባህሪ ስለዘለዎ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ዕንፋሩር ዘለዎ ወይ ወዝ ዝተሓረሞ ቈርበትና ክንጥቀመሉ ተመራጺ ኣይኮነን።


**ፍሽኽታ ምዝውታር**

ፍሽኽታ ዋጋ ዘይከፈሎ ዝቐለለ መድሃኒት ኣካላትዩ። ፍሽኽታ ተዘውትር ዓለንስተይቲ፡ ንነገራት ኣቕሊላ ስለእትሕዞ፡ ጥዕናኣ ክትሕሉ የኽእላ። ፍሽኽታ ውሽጢ፡ ኣብ ገጽ ስለዝርአ፡



ገጻ በሪሁን ጸቢቑን ከንጸባርቕ ይሕግዝ። ስለዚ፡ ደቀንስትዮ፡ ንፍሽኽታ ከም መመላኸዒ ገጽና ንጠቐመሉ።

እዞም ዝጠቐስኩዎም ሜላታት፡ ምስ ጽሬት ቈርበትና፡ ኢድን ዓንትን ኮይኖም ዝኸዱ መመላኸዒ እዮም። ስለዚ፡ ንጥዕና ዝጐድእ ቅብኣት ኣብ ክንዲ ንጥቀም፡ እዞም ባህርያውያን ሜላታት ገይርና ጽሬት ኣካላትና ንክናኸን።



## ሕግን ሕብረተሰብን

# ኣቦይ ዝሃቡኒ መንበር ......

ሚኪኤል ጸጋይ

‘ኣቦይ ዝሃቡኒ መንበር፡ ወዲቓ ዘይትስበር፡ ሞይታ ዘይትቐበር!!’ እትብል ሕንቅል ሕንቅሊተይ መልሳ ስም ወዲ-ሰብ’ዩ። ነቲ ህያብ ወለድና ዝኾነ ስምና፡ መንበር ብዝብል ዉስጠዘ ዝወከለት እያ። መንበር፡ ስልጣን ኢልና እንተተርጉምናዮ ብሓቂ ስምና ስልጣንና’ዩ። ሰብ ብስልጣኑን ብመዓርጉን ይልለ’ዩ። ብስሙ ከኣ ካብ ኣሕዋቱ፡ ኣሓቱ፡ ጎረባብቱን መሳርሕቱን ይልለን ግቡእ ረብሓኡ ይዕቅብን። ካብኡ ሓሊፉ ስም፡ መንነት፡ ጾታ፡ ባህሊ፡ ሃይማኖትን ታሪኽን’ዉን ፈልዩ የመልክት’ዩ። ስም፡ ሓበንን ኩርዓትን ይፈጥር’ዩ። ምስ ካልኦት እንላለን ርክባት እነካይድን ስምና ብምጥቃስ ኢና። ‘ኣታ’ ‘ኣቲ’ ተባሂልና ክንዘንጠል ስምና ብጌጋ ክጽሓፍን ኪድመጽን ቅር ዝብለና፡ ስምና ኣካል ክብረትና ስለዝኾነ’ዩ። ንሰንክል፡ ንሕመም፡ ንደነስ፡ ኣካልናምበር ስምና ኣይጸምሉን፡ ኣይድወንን። ስለዚ ስም ወዲቓ ኣይስበርን! ሞት ዘይተርፍ’ዩ፣ ስምና ግን እንተ ብጽቡቕ እንተ ብሕማቕ ብድሕሪና ተራፊ’ዩ፡ ስለዚ ስምና ሞይትና’ዉን ኣይቅበርን!

ስምና ባህሊ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሕጊ’ዉን’ዩ። ሰብ ብህይወት’ከሎ ይኹን ድሕሪ ሞቱ ኣብ መንነ ስሙን መሰለ-ግዴታኡን ጥቡቕ ምትእሳስር ኣሎ። ንብረትን ሃብትን ብስሙ’ዩ ዝጥረ፡ ዝረጋገጽ፡ ዝውገንን ብውርሲ ዝሰጋገርን። ሰብ ብናይ ባዕሉ ስም ትካል ከፊቱ ይነግድ። ወረቓት መንነት፡ ፓስፖርት፡ ቪዛ፡ ፍቓድ መዘወሪ መኪናን ካልእን ብስምና’ዩ ህይወት ዝህልዎን ብቑዕ ዝኸዉንን። ኣብ ሕክምናዊ፡ ፋይናንሳዊ ይኹን ምምሕዳራዊ ካርድታት ዝሰፈረ ስምና ኣገልግሎት ክንረክብ ርሑዉነት ይፈጥረልና። ጸለመን ሓሳብ ሰብ ኣዘንቢዕካ ምቕራብን ስም ብምጥቃስ’ዩ ዝፍጸም። ሕጋዊ ምስሕሓብን ነገርን ከኣ ይፈጥር። ስም ሓሶት ብምንጋር ወይ ብምኽታም ገበን ምትላል ይፍጸም፡ ስለዚ’ ከኣ’ዩ ስም ብሕጊ ሓለዋ ዝግበረሉ።

ኩሉ ዝተወልደ ስም፡ ስም ኣቦን ስም ኣቦሓጎን ዘጠቓልል ሰለስተ ኣስማት ክህልዎ መሰሉ ምዃኑ ሲቪላዊ ሕጊ ይገልጽ። ኣብ ክንዲ ስም ኣቦሓጎ ስም ቤተ-ሰብ ወይ ስም እንዳ ክወሃብ’ዉን ይኽእል’ዩ። ብዙሓት ደቅን ደቂ-ደቅን ኣብ ክንዲ ስም ኣቦሓጎኦም ናይ ሓደ ፈራዩኦም ስም ከወስዱ ሕጊ የፍቅድ ማለት’ዩ።

ንዝተወልደ ስም ዝመርጸሉ መን’ዩ? ኣብቲ ናይ ቅድሚ ናጽነት ሕጊ ስም ዝመርጽ ኣቦ’ዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብ ሕግና ኮነ ኣብ ሕግታት ሓያሎ ሃገራት ስም ዝምረጽ ብስምምዕ ክልቲኦም ወለዲ’ዩ። ሓዲኦም ብህይወት እንተዘይሃልዩ እቲ ዝተረፈ ወላዲ ይመርጽ። እቲ ህጻን ኣቦኡ ዘይተረጋገጸ ወይ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ብኣደ ይምረጽ፡ ኣደ እንተዘይሃልያ ከኣ ስም ቆልዓ ብቤተ ሰብ ኣደ’ዩ ዝምረጽ። እቲ ቆልዓ ዓቕሚ ኣዳም ኪይበጽሐ ኣቦኡ እንተተፈሊጡ፡ እቲ ዝተቐበሎ ኣቦኡን ኣዲኡን ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ናብ በዓል መዚ ክብሪ መዝገብ ብምቕራብ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ስም ብምስራዝ ክእርምዎ ይኽእሉ። እንተዓብዩ ግን ቅየራ ስም ብመስርሕ ቤት ፍርዲ ይፍጸም።

ኣቦን ኣደን ኣብ ዘይህልውሉ ወይ ስም ክመርጹ ኣብ ዘይክእልሉ ብሓረግ ወለዶ ንላዕሊ ተቖጺሩ ብስጋ ዝቐረበ ወላዲ ስም ይህብ፡ በዚ እንተዘይሰለጠ ካብ ጐድናዊ ሓረግ ዝቐረበ ዘመድ ስም ይመርጽ። ዝተረኽቡ መቕርብ ቅርበቶም ማዕረን ብዙሓትን ብዝኾኑ እቲ ዝዓበየ መቕርብ ስም ክመርጽ ይግባእ።

ተሓዲጉ ዝተረኽበ ቆልዓ (ኣቡኡን ኣዲኡን ዝደርበይዎ) መን ስም የውጽኣሉ? ኣቦን ኣደን ኪይተፈልጡ ኣዝማድ ክፍለጡ ኣይክእሉን። ስለዚ ልደት ቆልዓ ክገልጹ ሓላፍነትን ግዴታን ዘለዎም ሰባት ወይ ኣካላት (ሓካይም፡ ህጻን ዝተረከቡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራዊ ጉዳያት) ስም መሪጾም የመዝግብዎ። ንስም ብዘይመረጹ፡ በዓል መዚ ክብሪ መዝገብ ቀዳማይ ስም ብምሃብ ይምዝግቦ። ኣብቲ ዘባ ወይ ዓዲ ልሙድ ዝኾነ፡ ንኽጽወዓሉ ዘየሸግሮ ስም ክምረጸሉ ከኣ ሕጊ የዘኻኽር።

ሙብዛሕትና ዘይንትግብሮን ዘይንዝክሮን ኮይኑ’ምበር ህጻን ብዝተወልደ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ልደቱ ብስሙ ኣብ ክብሪ መዝገብ ክሰፍር ይግባእ። ስነ-ስርዓት ምዝገባ ህጻን ካብ ምዝገባ ዓበይቲ ዝቐለለን ካብ ወጻኢታት ዘድሕንን’ዩ።

ምርዓም ቆልዓ ማለት ብዘርኢ ዘይወለድካዮ ብሕጋዊ ውዕል ውላድካ ክኸውን’ከሎ’ዩ። ዝተራዕመ ቆልዓ ብወለዱ ምሉእ ስም ሒዙ እንተጸኒሑ፡ ስም ኣቦን ስም ኣቦሓጎን ብናይ ረዓሚ’ዩ ዝቕየር። ኣብቲ ውዕል ምርዓም ካልእ ስምምዕ እንተዘይሃልዩ፡ ረዓሚ ቀዳማይ ስም ናይቲ ቆልዓ’ዉን ክቕይሮ ይኽእል’ዩ!

ስም ኣቦን ስም ኣቦሓጎን ዝቕየረሉ ብቑዕ ምኽንያት እንተሃልዩ ሕጊ ብመንገዲ ቤት ፍርዲ ቅየራ ስም የፍቅድ’ዩ። ስም ኣቦን ኣቦሓጎን ምቕያር ማለት ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ምእራም ጌጋ ዝሓለፈ፡ ወላዲ፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ምቕያር ወይ ምዉሳኽ ማለት’ዩ። ኣብ ዘይወለዶኻ፡ ዘይሃብት’ኻን ዘይውርስኻን ወይ ኣብ ዘይድኽነትካን ክሳራኻን ምጽንባር ማለት’ዩ። ዘልዕሎ ሕጋዊ ሕቶታት ከኣ ኣነኣኢስካ ዝርአ ኣይኮነን። ስለዚ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ቅየራ ስም፡ ረብሓታት ኻልኦት ሰባት ከይጉዳእ ከረጋግጽ ግዴታ ኣለዎ። ምልክታ ምቕያር ስም ኣብ ሃገራዊ ጋዜጣ ዝወጽእ’ዉን ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ ካልእ ሰብ ምእንቲ ኪቃወምን ክከራኸርን’ዩ። ብዘይካ ስም ኣቦን ስም ኣባሓጎን ዝኾነ ሰብ ብቑዕ ምኽንያት ብምቕራብ ንቀዳማይ ስሙ ክቕይር’ዉን መሰል ኣለዎ። ዝቐረበ ምኽንያት ብቑዕ ድዩ ኣይኮነን ዝመዝንን ዝብይንን ቤት ፍርዲ’ዩ።

ኣስማት ክምረጹ’ከለዉ ህዝቢ ክጥቀመሎም

ዘየሸግሩ፡ ስነ-ምግባርʼምበር ሞራላዊ ኣበር ዘይብሎም ስኒትን ምርድዳእን ህዝቢ ዝፈጥሩ ክኸዉን ይድለ። ስለዚʼዩ ድማ ኣስማትʼዉን ከም ኩሉ መዳይ ናይ ህይወት ሕጊ ብተገዳስነት ዝርእየምን ዝኪታተሎምን። በዚ ከኣʼዩ ቤት ጽሕፈት ክብሪ መዝገብ ስም ክምዝግብʼክሎ ገለ ኣስማት ክነጽግ ዘኽእሎ ፖሊሲ ዝህልዎ። ምርጫ ኣስማት ንስድራቤት ተዋሂቡ ማለት ምሕራይ ኣስማት ደረት የብሉን ማለት ኣይኮነን።

ህጻን እዞም ዝስዕቡ ዓይነት ኣስማት ክወሃብዎ ኣይግባእን፡ ወይ ክወሃብዎ እንተፈቲኖም በዓል መዚ ክብሪ መዝገብ ክነጽጎም ይግባእ:-

ቀዳማይ ስም ናይ ብህይወት ዘለዉ ኣሕዋቱ ወይ ኣሓቱ፡

ንስነ-ምግባር ሕብረተሰብ ዝቃረኑ ናይ ሕንኪ ወይ ጸዩፋት ቃላት፡

ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ወይ ዓዲ ዝትንክፉ ወይ ጎንጺ ዝዕድሙ ወጋእቲ ቃላት፡

ኣስማት ናይ ብደረጃ ዓለምን ከባብን ዝፍለጡ ኣባላት ግብረ-ሽበራ፡

ተለቃቒቡ ካብ መጠን ንላዕሊ ነውሓት (ብዝሒ ፊደላት) ዘለዎ (ኣብ ወረቐት ንምስፋሩ ጥራይ ዘይኮነ ሰባት ከዘውትርዎʼዉን ቀሊል ዘይኮነ ኣስማት (ኣብ ገለ ሃገራት ዝለዓለ ዝፍቀድ መጠን ፊደላት ብቁጽሪ ዝተደረተʼዩ።)፡

ምድማጹ ዘሸግር ወይ ብፊደላት ዘይውከል ድምጺ ዝሓዘ ኣስማት፡

ምድንጋር ዝፈጥር ናብ ጌጋ ዘመርሕ፡

ሰይጣን፡ ዲያብሎስ ወይ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኣስማት፡

ህጻን መን ከም ዝስመ ኣቐዲሙ ዝተገብረ ስምምዕ ስም ንምልዋጥ ኣይክልክልንʼዩ። ዝኾነ ሰብ ካልኦት ሰባት ንስሙ ካብ ሕጊ ወጻኢ ብምጥቃም ቁጠባዊ ወይ ሞራላዊ ጉድኣት ብዘውረድሉ ወይ ኣብ መጻኢ ከም ዘውርድሉ ፍሉጥ እንተኾይኑ ኪቃወም፡ መኣገዲ ትእዛዝ ክሓትት፡ ንዘወረዶ ጉድኣት ካሕሳ ክረክብ መሰሉʼዩ። እቲ ሰብ ሞይቱ እንተኾይኑ ወይ ተቓውሞ ከቕርብ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ተቓውሞ ናይ ምቕራብ መሰል ናብ መጻምድቱ ወይ ናብ ኩሎም ደቁ ይሓልፍ።

ሓቀኛ ስም ሓቢእካ ናይ ሓሶት ስም ምሃብ ወይ ምምዝጋብ ንባዕሉ ክሳብ 3 ወርሒ ዘእስር ገበንʼዩ (ብስሙ ኣታሊሉ ንብረት እንተወሲዱ ተደራቢ ገበን ይህልዎ።) እዚ ግን ሓሳባትካ ብቓል ኮነ ብጽሑፍ ንምግላጽ ስም ብርዒ ምጥቃም ይኽልከል ማለት ኣይኮነን። ኣሰናዳኢ ወይ ኣሕታሚ ሓቀኛ ስም ደራሲ ክሕዝ ግን ግድንʼዩ። ንጸጥታን ድሕነት ሃገርንʼውን ዝምልከቶ ኣካል ብዝፈልጦ ብኻልእ ስም ምጥቃም ይስርሓሉʼዩ። ወደሓንኩም!

ሕንቅል ሕንቅሊተይ! ሰናብ ሰናቢተይ! ʼኣቦይ ዝሃቡኒ መንበር፡ ወዲቓ ዘይትስበር፡ ሞይታ ዘይትቕበር ፍለጡለይʼ.... ስም እንብል ክብሪ ስም ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ንምግላጽ እዩ። ኣብ ቅድሚ ሕጊ ድማ እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ መግለጺ መንነትና ስምና እዩ።

---

ካብ ገጽ 15 ዝቐጸለ

# ኣብነታዊት ገራቢት....!

ምስ ክኢላታት ሕርሻ እናተረዳድኣት ዘይኮነ፡ ብሃሳሰ-ለባም እያ ተካይዶ። በዚ ድማ ብዙሕ ዝጐደላ ክህሉ ከምዘኽእል ትኣምን።

ወይዘሮ ኣሉ ዓል 77 ዓመት ኣደ እያ። ክንድኡ ዝገበረት ግን ኣይትመስልን። ምስ ኣትክልቲን ኣግራብን ምውዓል ክሳብ ክንዲ ምንታይ ባህታ ከምዝፈጥረላ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ተብርህ። "...ምስ ኣግራብን ኣትክልትን ምውዓል ካብ ቀኣጠባዊ መኽሰቡ ንላዕሊ፡ ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ዘለዎ ኣበርክቶ ከምዝዓቢ ባዕለይ ምስክርʼየ። ድኻም እንተዘይኮይኑ ኣብ ጥዕና ጸገም የብለይን...።"

ንጥፈታት ወዘይሮ ኣሉ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ከባቢኣ ርኡይ ጽልዋ ገይሩ ምህላዉ ተረድኣ። ኣቐዲሞም "ንምንታይʼያ ክንዲʼዚ ትሃልኽ፣ ኣበይ ክትበጽሕ ደልያʼያ እዚ ኹሉ ጻዕራ፡" ዝብሉን ንተበግሶኣ ዘነኣእሱን ዝነበሩ ፈለጥታ፡ ሎሚ ፍረ ከቢድ ድኻማ ዓስቢ ክትሓፍስ ምስ ርኣዩ፡ ቃሎም ዓጺፎም ከተባብዕዋን ኣድናቖቶም ክገልጹላን ጀሚሮም ምህላዎም ትሕብር። ኣብቶም ተረፍ ዘቤታዊ ጠለባ ኣማሊኣ፡ ዝተረፈ ሸይጣ ጽቡቕ ኣታዊ እትረኽበሎም ጋባን ካልኦት ፍረ ዝህቡ ኣትክልቲን ጸቒጣ ክትነጥፍ ዘተባብዕዋ ሰባት እናበዝሑ ይመጽኡ ምህላዎም ድማ ወሲኻ ተረድአ።

ወይዘሮ ኣሉ ዳኩር እሸባ፡ ክሊማዊ ለውጥን ሳዕቤናቱን ኣብ ምምካት ብዓቕማ ኣበርክቶ ክትገብር ክሳብ ለይቲ ሎሚ ደኺመን ረብሪበንʼሞ ደቀይ ተቐበሉኒ ክይበላት ስርሓ ትቕጽል ዘላ ሃብሮም ኣደ እያ። ተሸላሚት 30 ሽሕ ናቕፋ ክትከውን ዘብቅዓ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመት ከተካይዶ ዝጸንሐት ዳግመ ምግራብን ውጽኢቱን ተገምጊሙʼዩ። ካብ ናታ ዝዓቢ ኣበርክቶ ክንብራ ዝኽእላ ብዙሓት ደቀንስትዮ ከምዘለዋ እትኣምን ወይዘሮ ኣሉ፡ ነቲ መደብ ንዘወደቡ ሚኒስትሪታት መሬት፡ ማይን ኣከባቢን፡ ሕርሻን፡ ከምኡʼውን ሃማደኤን ውድብ ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ልባዊ ምስጋናኣ ኣቕሪባ። መዓላ ዝተዋህባ ገንዘባዊ ሽልማት ከኣ ኣብ መዐደጊ ትሪኳላታ መሕጸሪ ቦታ ኣግራብ ከም እተውዕሎ ተዛሪባ። እዛ ህርኩትቲ ኣደ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝተጓዕዘቶ ልምዓታዊ ንጥፈታት ሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ሽልማት ክትረኽበሉ ሓሲባ ኣይትፈልጥን። ዝሰርሐ ስለዝዕወት ግን ፍረ ከቢድ ጻዕራን ድኻማን እትስመየሉ ግዜ መጺኡ። ኣብነታዊት ገራቢት ተባሂላ ከኣ 30 ሽሕ ናቕፋ ክትሽለም በቒዓ!

# ማህደር ታሪኽ

## ምቁር ከም መዓር መሪር ከም ዕረ

ራሄል በርሀ



ብርሂን፡ ብ1958 ኢያ ኣብ ዓዲ ሻኻ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተወሊዳ። ኣቦኣ ቀሺ ገብረዋህድ ቀሺ ክፍለሚካኤልን ወላዲታ ንግስቲ ገብርኣብ ደሪዕ፡ ዓድን ባሕርን ሓሪሶም ዝናበሩ ዓኗይ ብምንባሮም፡ ብዘይካ'ቲ ንዝተወሰነ እዋን ምስ ኣሞኣ ኣብ ማይ-ተመናይ ኣስመራ ዝተቐመጠቶ፡ ዕድመ ህጻንነታ ብሕርሻን ጉስነትንያ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ወለዳ ኣሕሊፋቶ።

ኣብ መጋቢት 1976 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ድሓር ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ) ዝተሰለፈት ብርሂን፡ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ኣብ ዓዜን ድሕሪ ምምሃራ፡ በቲ ሽዑ ዝነበረ ውዕዉዕ ኩነታት ተጸልያ ክትቅጽሎ ብዘይምኽኣላ፡ ኣብ ማእከላይ ይኹን ካልኣይ ደረጃ ቤት-ምህርቲ ተጸምቢራ ኣካዳሚያዊ ፍልጠታ ከተብርኽ ዕድል ኣይረኸበትን።

መጋርያ ሓዊ፡ ልዕሊ'ቶም ኣብ ማዕዶ ዝርከቡ ሰባት፡ ነቶም ከቢቦም ዝስሕንዎ'ዩ ዘምውቕ። ምኽንያቱ ቅርበት ስለዘለዎም። ብርሂን ድማ ምንቅስቓስ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ካርነሽም ልክዕ ከም መጋርያ ሓዊ'ዩ ጸልዩዋ። ትምህርቲ ይኹን ካልእ ማሕበራዊ ጉዳያት ረጥሪጣ ናብ ደምበ ገድሊ ክትጽንበር ዝደረኻ ድማ፡ እቲ ኣብ ከባቢ ዓዳ ዝነበረ ጽልዋታት ገድሊ'ዩ።

ብርሂን ንኣስታት ሓደ ዓመት ኣብ መደበር ታዕሊም ፋሕ ኣብ ዝጸንሓትሉ፡ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር (1977) ኣብ ፋሕ ስለዝተቓነዐ፡ ካብ ሰራዊትን ሓፋሽ ውድባትን፡ ካብ ግንባራትን ደጀንን፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ንዝተወከሉ ጉባኤኛታት ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ኣብ ምድላዉ ምስ ብጾታ ብምኻን ልዑል እጃም ኣበርኪታ'ያ። ሓድሽ ይኹን ገዲም ተጋዳላይ ካብ ዝልለየሉ ጉሉሓት ባህርያት ሓደ፡ ኣብ ዝተመደበሉ ዓይነት ሞያ ወይ ስራሕ፡ ብንቕሓትን ተወፋይነትን ግቡኡ ዝፍጽም ምዃኑ'ዩ። ብርሂን ድማ ምስ ብጾታ ነዚ ሓቂ'ዚ'ያ ኣመስኪራ። ድሕሪ'ዚ ታሪኻዊ ፍጻመ'ዚ፡ ብርሂን ኣብ መደበር ታዕሊም ብሊቓት ሰለስተ ኣዋርሕ ጸኒሓ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ኣላዪት ተመሃሮ ተማሃሮ ተመዲባ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተዋጋኣይ ውድብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ በረኻ ዝተመስረተ መንግስቲ'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ወጻኢ ኣብ 'መትከል ርእሰኻ ምኽኣል' ዝተመርኮሰ ንጥፈታት ዘሰላስላ ሓያሎ ክፍሊታትን ኮሚሽናትን ነይረንኦ እየን። ሓንቲ ካብአን ድማ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ያ። ብርሂን ነቶም ኣቦን ኣደን ዘይብሎም ወይ ምስኦም ዘይቅመጡ ተመሃሮ፡ ክንዲ ኣቦን ክንዲ ኣደን ኮይና ብፍቕሪ ትሕብሕቦም ነበረት። ካብ ወለዶም ዝተፈለዩ ህጻውንትን ትሕቲ ዕድመን ተመሃሮ ምእላይ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክምዩ። ነቲ ሓላፍነት ዘኽብዶ ድማ፡ መታን ከይዝኽትሙን ከየስተማስሉን ፍቕሪ ወላዲ ከምዝዕንገሉ ምግባር'ዩ። እቲ ስራሕ ዝብላዕን ዝስተን ምቕራብ፡ ዝረስሐ ክንዳውቶምን ነብሶምን ምሕጻብ...ወዘተ. ጥራይ ዘይኮነ ብቐንዱ ጥዑይን ምሉእን ስነ-ልቦና ከምዝህልዎም ምግባር'ዩ ዝነበረ። ብርሂን ምስ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘስተማቐረቶ ካብ መዓር ዝምቅር ህይወት ግን ካብ ክልተ ዓመት ዝሓልፍ ኣይነበረን።

ኣብ ሰውራ፡ ከከም ኣድላይነን ኩነታትን ካብ ደጀን ናብ ቅድመ ግንባር ምኻታት፡ ካብ ቅድመ ግንበር ናብ ደጀን ምምዳብ ልሙድ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ብርሂን ኣብ ኣጋ መወዳእታ ፍሽለት 4ይ ወራር ብ1979 ናብ ግንባር ናቕፋ ብምኻታት ናብ ብርጌድ 70 ተመዲባ። ከም ሓዳስ ተዋጋኢት ድማ ንፈለማ እዋን ካብ እምባ ደንደን ንሽንኽ የማን ኣብ ዝርከብ ቤት-ሕመድ ዝበሃል ድፋዕ ዓሪዳ።

ግንባር ናቕፋ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ተቐያይሩ፡ ህዝባዊ ግንባር ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ድሕሪ ምግባሩ፡ ጽኑዕ ናይ መከላኸሊ መስመር'ዩ ነይሩ። ጸላኢ ነቲ ጽኑዕ ዕርዲ ኣፍሪሱ ሰውራ ኤርትራ ክድምስስ፡ ህዝባዊ ግንባር ድማ ነቲ ህንዱድ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ኣላሽ ኣቢሉ ኣኽሊል ዓወት ክሰቅል ነዊሕን መሪርን ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር እዩ።

እቶም ኣብ ድፋዕ ዝጸንሕዋ ተጋደልቲ ንብርሂን ፍሉይ ተምሳጥ'ዮም ኣሕዲሮሙላ። "ኣምሓራ መጥቃዕቲ እንተድኣ ጀሚረን በዚ ኢና ንሃጅመን!.. በዚ ኢና ንድርዕመን!" እናበሉ ከዕልሉ ከለዉ፡ ትብዓታ ኣብ ፎንዶርያ ዝተበዐ ዘሎ ማሕረሻ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓ ነይሩ። ዕድመኦምን ናይ ቃልሲ መንፈሶምን ብምዝማድ ተደኒቓትሎምን "እንቋዕ ብጻይቲ እዚኦቶም ኮንኩ!" ብምባል ተሓቢናትሎምን። ብጻይነት ዝሰረቱ ሓልዮቶም፡ ንገድላዊ መንፈሳ ተወሳኺ ሓይሊ ዝፈጠረሉ ሰውራዊ ጠባይ'ዩ። ምስ ብጾታ ማይ ክትርወድ ከላ፡ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ጀሪካኖም ኣብጺሖም ተመሊሶም

ከቕበልወን ኸለዉ፡ ኣብ እዋን ዕረፍትን ድቃስን መሬት ከይኩርኵሖን ተኸሊ ‘ጸሓይ ፈርሆ’ ቆሪጾም ከም ፍርናሽ ከንጽፉለንን ኣስሓይታ ናቕፉ ከየቑርረን ኣብ ልዕሊ ነጸላኣን ካብ እንዳ ብርጌድ ዝለመንዎ ከሻሹ ኩዲኖም ከማምቅ‘ወንን ከለዉ፡ እቲ ፍጻመታት ኣብ ኣእምሮኣ ልክዕ ከም ኣብ ከውሒ ዝተወቕረ ጽሑፍ ተሰኒዱ ምህላዉ ትገልጽ። ካብቶም መሰረት ዓወት ዝኾኑ ገድላዊ ክብረታት ቀንዲ ብጻያዊ ሓልዮት ምዃኑ ድማ ትኣምን።

ብርሂን ሓድጊ 4ይ ወራር ዝኾኑ ሬሳታት ሰራዊት ደርግ ድኣ ርእያ እምበር፡ እታ ናይ መወዳእታ ጥይት ናይቲ ወራር ክትትኮስ‘ውን ኣየርከበትላን። ንመጀመርያ ግዜ ኲናት ዝተሳተፈትሉን ስዉእ ብጻይ ዝረኣየትሉን ድማ ኣብ 5ይ ወራር‘ዩ ነይሩ።

ኣብ ቅድመ ግንባር እቲ ቀንዲ ስራሕ፡ ብውግእ ጸላኢ ምስዓርኳ እንተኾነ፡ ማእቶት፡ ስፖርት፡ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ፖለቲካዊ ጎስጓስ...ወዘተ. ናይ ምውጋእ መንፈስ መመሊሶም ዘሐድሱ መዓልታዊ ንጥፈታት ተጋዳላይ‘ዮም ነይሮም። ኣብዚ መስርሕ‘ዚ ከም ሴፍ ዝሰሓሉን ብንቕሓት በሲሎም ዝፈርዩን ካድራት ድማ‘ዮም ቀንዲ ደፋእቲ መንኮርኮር ገድሊ ክኾኑ ዝበቕዑ። ብርሂን ድማ በዞም ዝተጠቕሱ ገድላዊ ንጥፈታትን ክብረታትን ተሃኒጻን ፖለቲካዊ ብስለት ኣጥሪያን ኣብ መበል 16 ዙርያ ካድር- ኣብ ‘ባቑስ’ ስልጠና ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት ክትቀስም ተላኢኻ። ኣብ መንጎ ትምህርታ ከኣ፡ ካብቲ ማእከል ስልጠና ናብ ግንባር ብምኽታት 6ይ ወራር ኣብ ምፍሻል ከም ካድር ግቡኣ ዝፈጸመት ብጻይቲ‘ያ።

ብርሂን ኣብ ጎድኒ ደቂ-ተባዕትዮ ብጾታ ብምዃን ኣብ ኩሉ‘ቲ ትብዓትን ጽንዓትን ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዘመስከረ ዓውደ ውግኣት ተሳቲፋ ጅግንነታ ዘመስከረት ካብ 1984-1986 መራሒት መስርዕ ካብ 1986-1991 ድማ መራሒት ጋንታ ብምዃን ዝተቓለሰት ሓርበኛ‘ያ።

ዓወት፡ ፍረ መውጋእትን መስዋእትንዩ። ህዝባዊ ግንባር ፍጥር ካብ ዝበለ ኣትሒዙ ዘመዝገቦምን ክሳብ ሕጂ‘ውን ዘመዝግቦም ዘሎ ድሙቓት ዓወታት ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎም‘ዮም። ብጠያይትን ኢስኩጀታትን መሓውሮም ዝተቖርጹ፡ ዝሰንከሉ፡ ኣዒንቶም ዓዊሮም ምርኣይ ዝስኣኑ፡ ምንጋጋኦም ዝፈረሱ፡፡ ሕቖኦም ተሃሪሞም ዝለመሱ...ወዘተ. ብዙሓት‘ዮም። የግዳስ፡ እቶም ህልዋት ብመውጋእቶምን ስንክልናኦምን ሕቡናት እዮም። ዝያዳ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ብፈንጂ የግኒይቲ እግራ ተወቒዓ።ራብዓይን ናይ መወዳእታን መውጋእታ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 1990 ኣብ ዓዲ ሮሶ ዘጋጠማ እዩ። ውግእ ኣብ ዘይነበረሉ ጸጥ ዝበለ ኩነታት ካብ ዕርዲ ጸላኢ ሃንደበት ብዝተተኮሰ ጥይት መንኩባ ተወጊኣ። ካብቶም ቅድሚኡ ዘጋጠምዋ ሰለስተ መውጋእቲታት ዝፈልዮ ድማ፡ ኣብቲ ጽንኩር ናይ ምርብራብ እዋን ምጥናሳ ጣዕሳ እናተሰምዓ እንከሎ ዘጋጠማ ብምዃኑ‘ዩ። “መውጋእቲ ብኻ ኣብ ከብደይ ኮይኑለይ”



ኹሉ ከአ ነቶም “ዓወት ንሓፋሽ!” እናበሉ ብጅግንነት መስዋእቲ ዝኾኑ ብጾቶም ብዝያዳ ሓበርን ይዝክሩ።

ብርሂን ከም ኩሎም ዞም ጀጋኑና ኣርባዕተ ግዜ ዝተወግአት ሓርበኛ‘ያ። ፈላማይ መውጋእታ፡ ኣብቲ መቕጸልታ 6ይ ወራር ዝኾነ ግን ከም 6ይ ወራር ፈኺራን ዳንኬራን ዘይተገብረሉ፡ ብ1983 ደርግ ዘበገሶ ሰላሕታ ወራር‘ዩ ነይሩ። ሽዑ ብስኩጆ (ጆላድ) ከቢድ ብረት ርእሳ ተወቒዓ። ንኻልኣይ ግዜ ዝተወግኣትሉ መጥቃዕቲ ባረንቱ 1985 እዩ። ኣብቲ ጽዕጹዕ ኲናት ካብ ጸላኢ ብዝተተኮሰ ቦምባ ኣር-ፒ-ጂ ኢዳን ሰለፋን ተወጊኣ። ሳልሳይ መውጋእታ 1987 ኣብ ድሕሪ መስመር‘ዩ ነይሩ። ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ንዝወርድ ቃፍላይ (ኮሎኛ) ብድብያ ዘጥቅዕሉ ስርሒት። ኣብዚ ስርሒት‘ዚ ኣብ ከባቢ ዒላባርዕድ- ታባ ኩዋኪን- ዓሪዱ ንዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ንምድምሳስ ኣብ ክትብል ንመስዋእቲ ዝተመነየትሉ ህሞት ምንባሩ ድማ ትዝክር።

ብርሂንካብቲኣብ1986ዝተዛመደቶበዓል ቤታን ናይ ቃልሲ ብጻያን፡ መራሒ ቦጦሎኒ ጺጋይ በርሀ ማናያ ጥንሲ ሒዛ። ስውእ ብጻያ ጺጋይ በርሀ ግን ውላዱ ኣይረኣየን። ዓሰብ ነጻ ንምውጻእ ኣብ ዝተኻየደ ኲናት ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ጥንሲ ኣብ ማህጸና ጸይራ ከላ፡ ኣብ ሚያዝያ 1991 (ድሮ ናጽነት) ኣብ በይሉል ተሰዊኡ። ብርሂን ከተማ ዓሰብ ንምምሕራር ኣብ ዝተመደበ መጥቃዕቲ ምስ ቦጦሎኒኣ ክትሳተፍኳ እንተነበራ ጥንሲ ስለዝሓዘት ግን ተሪፋ። ኣብ ዓራርብ ድሕሪ ምሕራሳ ከኣ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ከተማ ከረን- መጋርሕ ኣብ ዝነበረ መዕበዪ ህጻናት (እንዳ 17) ነቲ “መዋእል” ዝሰመየቶ ሓድጊ ስውእ በዓል ቤታ ከተዕቢ ጀሚራ።

እቲ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ገድሊ

ብኣንጸባራቒ ዓወት ህዝቢ ኤርትራን ምጅራግ ሰራዊት መግዛእቲን ምስ ኣኽተመ፡ ህዝባዊ ግንባር ካልእ ዝጸንከረ ቁጠባዊ ገድሊ'ዩ ገጢምዎ። ይኹንምበር ተጋዳላይ ንኹሉ ዘጋጥሞ ብድሆታት ናይ ምኽኣልን ብዓቕሊ ናይ ምስጋርን ባህሊ ተጻዋርነት ዘጥረየ ፍጡር ብምዃኑ፡ ብርሂን ከም ኩሉ ተጋዳላይ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ዝነበረ ህይወት ክኢላ ሓሊፋቶ መዕበዪ ህጻናት ኮር-161 ኮይና ብምምዳብ፡ ውላዳ እናዕበየት ነቲ መዕበዪ ህጻናት ምምሕዳር ናይ ጽባሕ ናጽነት ስርሓ ኮነ።

ተጋዳላይ ውልቃዊ ህይወቱ ክመርሕ



ብ1994 ናይ ምጥያስ መደብ ብመንግስቲ ኤርትራ ምስ ተወሰነ፡ ካብተን ኣደ ቆልዑ ዝነበራ ኣስታት 400 ተጋደልቲ ሙብዛሕትአን ክጣየሳ ከለዋ፡ ዝተረፋ ድማ ናብ ዝተፈላለያ መንግስታውያን ትካላት ተመደባ። ብርሂን ከኣ ተጣይሳ ኣብቲ መንግስቲ ቁጠባዊ መነባብሮ ተጣየስቲ ንምምሕያሽ ብ58 ሚኒባሳት ኣብ 1996 ዘቖሞ ኩባንያ መጓዓዝያ ገመል ብ7000 ናቕፋ በዓልቲ ብርኪ ኣባል ኮይና። ብርሂን ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ወፈራ እትኣትወሉን ስራሕ ብምንዳይ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ተመናይ ኣብ እትርከብ እንዳሻሂ ስራሕ ጀሚራ። ኣብ 2005 ከኣ፡ ሰላማዊት ተሰፋገርግስ ዝተባህለት ካልኣይቲ ቆልዓ ንምሕቃፍ በቒዓ። ናብራ እቲ ካልእ ቃልሲ እዩ። ብርሂን ናብራኣ ከተማሓይሽ ኣብ እትገብሮ ዝነበረ ጻዕሪ ዝተዓደየቶ ገንዘብ ስለዝነበራ፡ ንእኡ ክትዓብስ፡ ኣብ ሚያዝያ 2016 ናብ ስዑዲ ዓረብ ኣምሪሓ። ጣይፍ ኣብ ዝተባህለት ከተማ ድማ፡ ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ሰሪሓ። ድሕሪኡ ግን ጥዕና ኣይረኸበትን። ኣብ መወዳእታ 2019 ከኣ ናብ ሃገራ ተመሊሳ።

ብርሂን ካብ ስዑዲ ዓረብ ድሕሪ ምምላሳ፡ ንሰላማዊት ጓላ ኣመርዕያታ። ብሰላማዊት ሕንስቲ'ኳ እንተኾነት፡ እቲ ካብ ስዉእ በዓል ቤታ ዝወለደቶ'ሞ 'መዋእል' ዝሰመየቶ ውላዳ ግን ብ2014 ካብ 2016 ካብ ገዛ ምስ ወጸ ሃለዋቱ ዘይፍለጥ ተሰዊሩ ምትራፉ ቅሳነት ይኸልኣ።

ብርሂን፡ ምስ ኩሎም ኣብ ብርጌድ 70፡ ክፍለ-ሰራዊት 61፡ ኮር 161፡ ክፍለሰራዊት 90 ዝነበሩ ናይ ቃልሲ ብጾታ ናጽነት ክትደሊ ዝተጓዓዘቶን ዝኸፈለቶ ዋጋን ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። መሪር ከም ዕሪ፣ ግን ከኣ እታ ብናይ ኣሽሓት መስዋእትን ስንክልናን ዝተረኸበት ናጽነት ምቅርቲ ከም መዓር። ህይወት ከምኡ'ያ። ብገለ ትሕጎስ ብገለ ትጉሂ። ነቲ መሰናኽላት ዝመልኦ ጉዕዞ ሰጊርካ ጸኒዕካ ኣብ ዕላማኻ ምብጻሕ ግን፡ ናይ ህይወት ዝዓበየ ተልእኾ'ዩ። ብርሂን ኣብኡ ጽኑዕ እምነት'ዩ ዘለዋ። ኣብ ሰውራ ዘጥረየቶ እምነት። ብርሂን ድሕሪ'ዚ ኩሉ ናይ ገድልን ምጥያስን ተመኩሮ፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ትሰርሕ ዘላ። ብስም መጽሔት ኣግእዞ ታሪኽ ህይወታ ዘውግዓትና ነመስግና። ደሃይ መዋእል ወዳ ክትረክብ ድማ ንምነየላ።



# ካብ ደንደን ናብ ደጀን


መሓመድ እድሪስ መሓመድ

ኑብያት ኣፈወርቂ፡ኣብቲ ርሱን ሃገራዊ ስምዒት ገንፊሉሉ ዝነበረ ወቕቲ፡ ተጋደልቲ ብብዝሒ ኣብ ከበሳታት ዝዛወሩሉ ዝነበሩ እዋናት፡ ገዛ እንዳ ኣቦይ ኣፈወርቂ ድማ ተጋደልቲ ተኣንገደሉ ዝነበረት ግዜ እያ ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ውሽጣ ክጉሀር ጀሚሩ። በቶም ተጋደልቲ ኣውራ ድማ ነተን ዕጥቀን ሽጥ ኣቢለን ካልሽን ተሓጊጠን ቁምጣን ጋምባለን ወድየን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ዝወናጨፉ ዝነበራ ኣውራድማ ላልምባ እትባሃል ተጋደሊት ህዝባዊ ሓይልታት እንክትርኢ ክትቀንእ ግዜ ኣይወሰደላን። ከም በዓል ላልምባ ክትኸውንን ነዓኣን ክትመስልን ድማ ኑብያት “ግድነት ሳሕል ወሪደ ክጋደል ኣሎኒ”ዝብል ናይ ምግዳል መንፈስን ስምዒትንዓሰላ።

ሓንቲ መዓልቲ ኑብያት ምስተን ነዓኣ ዝመስላ ደቀንስትዮ ብሓንሰብ ናብ ገድሊ ነቕላ። ካብ ኮር-ባርያ ክሳብ ሳሕል (ብሌቓት) ዝነበረ ጉዕዞ ድማ ናብቲ ገድሊ ክይተጸንበርካ ነፍሱ ዝኸኣለ ገድሊ'ዩ ዝነበረ። በዓል ኑብያት ብኣውልዕ-ጾሩ ኣቢለንቁልቁል ደቂ-ናዞ ወሪደን ናብ ዓላ ካብኡ ድማ ብባዓረዛን ጋሕተላይን ሓሊፈን፡ናብ ፍልፍል ሰለሙና ኣምርሓ። እዚ ከባቢታትዚ ብሰራዊት ጸላኢ ብጽኑዕ ይሕሎ ስለዝነበረ ብለይትን ጸላምን ክተሓልፎ ተኣፋፍን ሓደገኛን ነበረ። ንኡ ሰጊረን ግን ኑብያትን ብጾታን ኣብ ፍልፍል ሰለሙና ብሰላም በጽሓ። ኣብ ፍልፍል ከለዋ ዝተበሰረአ ድሙቕ ዓወታት፡ ዝያዳ ነቲ ዝነበረን ወኒ ዘበራትዕ ነበረ። ደቀምሓረ ብ6 ሓምለ ከረን ድማ ብ8 ሓምለ 1977 ሓራ ወጸ። እዚ ዓወትዚ ነተን ሓደሽቲ ተጋደልቲ ፍናንን ዘዕረገ ነበረ።

በዓል ኑብያት ሰለሙና ምስ በጽሓ ነቲ ዝወሃበን መቕኑን ሓሩጭ ወዲ-ዓከርለዊሰን ሰንኪተን ክምገባ ነይሩወን። እቲ ዝወሃበን ዝነበረ ሓሩጭነዊሕ ዝተዓቕረ ብነቕዝን ሓሳኹን ፈለኽለኽ ዝበለዩ ነይሩ።ነዚ ሓርጭ'ዚ እናርኣኻ ሰንኪትካ ክትምገቦ ንኑብያት ካብ ዘጨነቓ ናይ ፈለማ ጸገምሓደ ነበረ። ናብራ ገድሊ ክሳብ ክንድኡ ሕሱም ይኸውን ኢላ ኣይተጸበየትን። ኑብያት ኣብ ገዛኣሕንቕቕትን ኣብ መግቢ ድማ ፈንፋኒትን ጻዮኒትንያ ዝነበረት።በዚ ድማ፡ ኣብቲ ፈለማ ሰሙናት ንዑ በሊዕኻ ካብ ምውዓል ጥሜት እትመርጸሉ ግዜ ይዛይድ ነበረ።

ኑብያት ሓደ መዓልቲ ‘ሎሚ ምሳሕ ስጋዩ’ ዝብል ወረ ምስ ሰምዓት ጥዑይ መግቢ ክትበልዕ ሃረፈት።ካብቲ ሓሳኽ ወዲ ዓከር ተገላጊላ ስጋ ጥራይ በሊዓ ክትውዕል ሓሰበት። እንተኾነ እቲ ስጋውን ምስ ኑብያት ዝቃዶ ኣይነበረን። ናብቲ ኣብ ዓቢ ድስቲ ተሰኺቲቱ ዝነበረ ስጋ ክተቋምት ጸኒሓ፡ ሃንደበት የማን ግልጽ እንተበለት ዘሰንብድ ትርኢት ረኣየት። ዝተቖርጸ ርእሲ ገመል ምስ ኣዒንቱን ቆርበቱን ምስ ረኣየት ክትነፍጽ ቅሩብ ተረፈ። ስጋ ክብቲ ወይ ጠለበ-በጊዕ ዝተጸበየት ስጋ ገመል። ተጋደልቲ ስጋ ገመል ከምዝበልዑ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ፍልፍል እያ ርእያ።ሽዑ ሓንቲ ካብተን ተጋደልቲ ንኑብያት ምስ ረኣየት፡ “ኣንቲ ሰቕ ኢልኪ ብልዒ ኣብ ገድሊ ዝተቐረበልካ ኢኻ ትበልዕ” በለታ። “እዋእ! ገድሊ ከምዚ ድዩ፡ ቀልጢፎም ናብቲ ሳሕል ዘይወስዱና ጓለይ፡ ሕጂስ ኸኣ ስጋ ገመል!” ኢላ ኣመና ተጨነቐት። ስጋ ነዚ ዝረኣየ ክልተ ክጋደላ ኢለን ካብ ደብሪ ዝተሰለፋ ኣዋልድ (ኢታያት)፡ “ንዒ ኑብያት ካብዚ ዘሎና ሽሮ ምሳና ብልዒ” በለኣ። እቲ ሽሮ ዝተባህለ'ውን ንሽሙ ሽሮ'ዩ እምበር መቐረት ዘይብሉ ናይ ምንታይ ምዃኑ ኣይፍለጥን።ካብ ስጋ ገመል ኣይከፍእን ኢላ ድማ ምስኣንተቐረበት።እንተኾነ ነቲ ሓረሮ ቅጫ ወዲ ዓከር እናገላበጠትን ነቲ ሓሰኻ እናኣለየትን ክትበልዕ ከላ ዝኸለሰታ ክላሶ ካብ ጎሮርኣ ምውራድ ኣበየት። ንሱ ክይኣክል ኑብያት ዓሶ ሓመመት።ምስ ጥሜታ ኣብቲ ቆጥቋጥ ነጸላኣ ጉቲራ ክትዕርፍ እንተ በለት ሕጂ'ውን ሓንቲ ካብተን መጋቦ፡ “መን ዝሰንከተልኪ ክትበልዒ ንዒ ዕንጨይቲ ኣምጽእኺ ሰንክቲ” በለታ። ኑብያት ኩሉ ነገር




ጋን ኮይኑዋ፡ ገድሊ ክይተጋደለቶ መስገደል ኮይኑ ተቐበላ።

እዘን ክጋደላ ካብ ከበሳ ዝተሰለፋ ደቀንስትዮ ካብ ፍልፍል ናብ ሳሕል ኣመና መሪርን ነዊሕን ጉዕዞ ይጽበየን ነበረ። እቲ ነዊሕ መስርዕ ምሸት ምድሪ ካብ ፍልፍል ንሰሜን ገጹ ምስ ነቐለ ብድኻም ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተቓራረጸ። ኣብ መንጎ እቶም ሓለፍቲ “ኣብሩኽ” ብምባል፡ ዳሕረዎት ክሳብ ዘርክቡ ይጽበዩ። ኑብያት ምስቲ ዝነበራ ድኻምን ዓሶን እናተጨነቐት “መዓስ ኮን ብሌቓት ንበጽሕ” ክትብል ከላ ብሌቓት ግን ብቐሊል እትበጽሕቦታ ኣይነበረትን።በቲ ፍሉጥ መንገዲ ዘይብሉ ሰጣሕ ጎላጉል ካብ ሽዕብ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘሎ ክትበጽሕ ኣመና መሪርን ነዊሕን ነበረ። ነቲ መንገዲ ሰማእታት ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ብዙሓት መንእሰያት ክጋደሉ ክብሉ ብጽምእን ጥሜትን ሂወቶም ዝሓለፈሉ ቦታታት ክሓልፋ ግድን ነበረ። ኤርትራውያን መንእሰያት ምእንቲ ክጋደሉ መስዋእቲ ይኸፍሉ ከምዝነበሩ ኑብያት ደሓር ህይወት ገድሊ ኣጸቢቑ ምስ በረሃላ እዩ ተረዲኡዋ።

ኑብያት፡ ድሕሪ ናይ መዓልታት ነዊሕ መሪርን ጉዕዞ ብሌቓት ምስ በጽሓት መጀመርታ ነቲ ልሙዕ ዱር ምስ ረኣየት ልሙዕ ጀራዲን ኮይኑ ተሰምዓ። ትርኢቱ

ደስ በላ። ጃሕጃሕ ዝብል ሓቑቕ ማይ ብሌቓታ'ውን ፍሉይ ፍሰሃን ደስታን ኣሕደረላ። እንተኾነ፡ እቲ ጀሪዲን ዝመሰላ ዱር፡ ገረብ ዓዳይ እቲ ብትርኢቱ ዝተመሰጠት ማይ ብሌቓት ድማ ክትርእዮ እምበር ክትሰትዮ ዘይከኣል ኣመና መሪርን ጨዋምን ነበረ።ነብያት ብሌቓት'ውንከም ዝሓሰበቶ ኣይጸሓታን። ቢቃ ነበራ ገድሊ ካብ ዝኸፍኦ ናብዝገደደ ኮይኑ ተቐበላ። እንተኾነ ምሪትን ጽንካረን ገድሊ ዘመቅር ኣይተሳእነን።ልዑል ሓልዮትን ብጻይነትን



ኣጆኸን ዝብል ምትብባዕ ቀዳሞት ተጋደልቲ ተስፋ ሂቡ ሞራል ዘበርኸ ነበረ።በዚ ድማ ኩላን እተን ሕንታቕን ምቾትን ገዲፈን ዝተጋደላ መንእሰያት ደቀንስትዮ፡ እተን ኢታያት'ውን ከይተረፋ ከይተሓለላንኹሉ መሰናኽል ኣብ ጎድኒ ብጾተን ኮይነን ካብ ምብድሁድሕር ኣይበላን። ወተሃደራዊ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ንቕሓተን ሰኒቐን ድማ ናብቲ ሽግር መነባብሮ ጥራይ ዘይኮነ መሰዋእትን ስንክልናን ዝመኻድትዩ ወግእ ክጽንበራ ግዜ ኣይወሰደን። ሽዑ ግን ሳሕል ማዩ፡ መግቡ ጸሓዩ ኩሉ ተለማሚደንኦ ነበራ።

ነብያት ቅድሚ ምስላፉ በተን ኣብ ዓዳ ኮር-ባርያ ትርእየን ዝነበረት ተጋደልቲ ትቑንእ ስለዝነበረት፡ ቀልጢፉ ናብ ሓይልታት ተወዚዓ ብረት ክተዓጥቕ ተሃንጠየት። ናይ ምውዛዕ ግዜ ምስ ኣኸለ፡ምስ ብጾታ ካብ ብሌቓት ናብ ደቡባዊ ወገን ተጓዒዘን ናብ ሓደ ዕድመ ቆልዑ ዝመልእዎ ጸቢብ ስንጭሮ በጽሓ። ነብያት ተገረመት። ክንዲ'ዚኦም ዝኾኑ ህጻናት'ከ ንሳሕል እንታይ ክገብሩ መጺኦም በለት ብልባ። ካብ ምግራም ከይወጸት ከኣ፡ "እዚ ቦታ'ዚ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ዩ ዜሮ ይበሃል፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝዓበዩን ዝመሃሩን ቆልዑ ክተኣልያ ኣብዚ ተመዲብክን ኣለኽን" ዝብል ካብ ትጽቢታ ወጻኢ ዘረባ ሰምዐት።ነብያት ነዚ ምስ ሰምዓት ኣብ ዘላቶ ቀዚዛ በለት። "ኣነ ኪጋደልን ብረት ክዓጥቕን እምበር ቆልዑ ክዕቢ ኣይወጻኣኩን" ብምባል ነቲ ዘረባ ክትኣምኖን ክትቅበሎን ኣይከኣለትን።ኣብዘይሓሰበቶ ቦታ ብምምዳባ ኣመና ብሕርቃን መግቢ ክትለክፍ ኣብዘይትኽእለሉ ደረጃ በጽሐት። ብሰንኪ'ዚ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ እታ ነባር ዓሶ ደጊሳታናብ ሕክምና ኣተወት።

እንተኾነ ድሕሪ ሳልስቲ፡ሰዉእ ወልደኣብ (ገብል)ን ዩስፍ ሓምድ (ወዲ ሼኽ)ን ነተን ሓደስቲ ተጋደልቲ ብምእካብ ክወዘዓ ምኽንነን ሓበሩወን። ጓል ሃይለ እትባሃል ዘመድ ነብያት፡ ነታ ናይ ምውዛዕ ቓል ምስ ሰምዓት ነቲ ድሕሪኡ ዝነበረ መደረ ከይተጸበየት፡ ካብቲ ኣኼባ ምሉቕ ኢላ፡ ከም ዑፍ እናበረረት፡ ናብቲ ነብያት ደቂሰትሉ ዝነበረት ሕክምና ከይዳ ንነብያት ኣበሰረታ። ነብያት ነዚ ብስራት'ዚ ምስ ሰምዓት ብድድ በለት።"ቢቃ ሓውየየ" ኢላ በለታ ንኣወጣሽ ሓኪም ቤት-ትምህርቲ ሰውራ። ኣወጣሽ "ገና መድሃኒትኪ ኣይወደኣክን" እኳ እንተበለታ መን ክሰምዓ። ነብያት ካብቲ ከኒና ንላዕሊ እታ ናይ ምውዛዕ ቓል ዝያዳ ፈወሰታ። ኣመት ጥዕናኣ ገዲፋናብ ሓይልታት ክትውዛዕ፡ ብረት ዓጢቓ ክትዋጋእ ምህንጣያ ዘገርም ነበረ።

እዘን ካብ ብሌቓት ናብ ዜሮ ዝመጽኣ ደቀንስትዮ፡ እንደገና ካብ ዜሮ ናብ ፋሕ ነቐላ።ኣብ ዜሮ ምስ በጽሓ መደበን ተነግረን።ነብያት ኣብ ብርገድ 70 በጺሓዋ። ካብ ፋሕ ኣብ ዝባን መኪና ተወጢሓ ነቲ ቅድሚ ዓመት ክትጋደል ብእግሪዝሰንጠቐቶ ነዊሕ መንገዲ ሓሊፋ ግንዳዕ በጽሓት። ካብ ግንዳዕ ድማ ናብታ ኣብ ባጽዕ ትረጋረግ ዝነበረት ኣሃዱኣ ወረደት።ባጽዕ ራሕስን ሰላምን ዝዓሰላ ቦታ ኣይነበረትን። ብፋሉላትን ሚሳይላትን ክትነድድ ጸንሓታ። ተጋደልቲኣብቲ ጨዋም መሬት ድፋዕ ሃኒጾም እናተዋግኡ እያ ነብያት ናብ ኣሃዱኣ ዝተጸንበረት። ሓሳብ ልባ ስሚሩላ ድማ ናብ መስርዕ ብሬን ተመደበት። ክፉፍ ኮለይ ዓጢቓ ድማ ነቲ ሃንቀው ትብሎ ዝነበረት ሂወት ገድሊ ኣብ ድፋዓት ዕዳጋን ሰለናን ፈለመቶ። እቲ ቦታ ምስቲ ዝነበረ ሃሩርን ጨዋምነትንብሕልፊንደቀንስትዮ ምቹእ ኣይነበረን። በዚ ድማ፡ ሓለፍታ ኣብ ድሕሪት ክትጸንሕ ሓበሩዋ።ነብያት ግን ካብ መስርዓ"ብፍጹም ኣይተርፍን" ኢላኣቕበጸት። ነቲ ድሕሪት ተመለሲ ዝብል ሓልዮትን ብጻይነትን ጸማም እዝኒ ሂባ ድማ ምስቶም መጋቦ ሞሊቓ ናብ መስርዓ ድሕሪ ምጽንባር፡ ልክዕ ከምቶም ነባሪት ተጋደልቲ ብጅግንነትን ተወፋይነትን ኣብቲ ወግእ ተደራገመት።

ኣሃዱ ነብያት ኣብ ባጽዕ ክትዋጋእ ድሕሪ ምጽናሓ፡ ጸላኢ ብግንባር ደቡብ ይደፍእ ስለዝነበረ፡ ካብ ባጽዕ ተላዒላ ከበሳ ደየበት። ኣብቲ ብርቱዕ ውግእ ግርሁ ስርናይ ድማ ተጸምደት። ድሕሪ ደማዊ ኲናት ናይ ግርሁ ስርናይ፡ሕጂ'ውን ጸላኢ ብባጽዕ ከደፍእ ስለዝጀመረ እታ ኣሃዱ ከም እንደገና ናብ ባጽዕ ተመልሰት። ካብ ውሽጢ ባጽዕ ምዝላቕ ኮይኑ ድማ፡ ኣብ ከባቢ ዶጋሊ ዓረደት። ኣብቲ እዋንቲ ጸላኢ ብብዝሒ ሰራዊትን ከበድቲ

ኣጸዋርን ላዕለዋይ ኢድ ጨቢጡ ይደፍእ ብምንባሩ፡ ብባሕሪ (ማርሳ-ግልቡብ) ኣኳሊሙ ናብ እምዓሚደ ኣምርሐ። ኣሃዱ በዓል ኑብያት ሕጂ'ውን ብእግርን መካይንን ካብ ከባቢ ባጽዕ ናብ እምዓሚዶ ቅድድም ኮነ። ኑብያት ክፉፍን ብረትን ተሓንጊጣ ድሮ ጉዲም ተጋደሊት ኮይና ንብጾታ ኣጀኹም እናበለት ናብ ውግእ እምዓሚደ ብጅግንነት



ኑብያትን በዓል ቤታ ስውእ ኣረፋይነ ከንፈ

ተሳተፈት። ኣብ ሓጺር ግዜ ካብታ እግራ ኣብ ሓይልታት ዘንበረትላ ዕለት ጀሚራ ኣብ ባጽዕ፡ ግርሁ ስርናይ፡ ዶጋሊ፡እምዓሚደ፡ኣብ ጽንኩርን ሓደገኛን ውግኣት ተሳተፈት።ናይ እምዓሚዶ ግን ፍሉይ ነበረ።

ድሕሪ ወግእ እምዓሚዶጸላኢ ብኹሉ መኣዝናት ይህንደድ ስለዝነበረ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ኑቲ ኣብ ሳሕል ዝፈለሞ ዓወታት ከም እንደገና ኣብ ሳሕል ከደግሞ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ጽኑዕ ዕርድታት ሃኒጹ ክረባረብ ጀመረ። ኣሃዱ ኑብያትድሕሪ ውግእ እምዓሚዶ ናብ ግንባር ናቕፋ እያ ኣዝሊቓ። ተጋዳላይ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዕርዲ ክኸውን ዝተመርጸ ግንባር ናቕፋ ምስ በጽሐ “ብርሃጽና ደምና ነዓቅብ!”ዝብል ጭርሖ ሒዙ፡ ኣብ ውግእን ምስራሕ ዕርድታትን ተጸምደ። ኑብያትን ብጾታን ደማ ኣብ ውግእን ማእቶትን ብዘይተግላባኑት ብልዑል ስምዒት ይሳተፋ ነበራ።ኑብያት ብፍላይድልዱል ኣካላታ ስለዝነበራ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ካብ ዝግበር

ንጥፈታት ቦኹራ ኣይትፈልጥን። ትዋጋእ፡ ድፋዕ ትኹዕት፣ ኣጉናድ ትስከም፡ ዕንጨይቲ ትፍልጽ ኮታ ኩሉ ተጋዳላይ ዝገብሮ ንጥፈታት ብትግሃት ትፍጽም ነበረት።

ጸላኢ ካብቶም ሓሙሽተ ወራራት ኣካይዱ ከምቲ ምህንዳሱ ንተጋዳላይ ክስዕሮ ኣይከኣለን።ካብዚ ፍሽለት'ዚ ኣብ ክንዲ ዝመሃር ከኣ፡ከም ብሓድሽ ሓንሰብን ንሓዋሩን ተጋደልቲንምጥፋእን6 ወራር ሰፊሕ ምድላዋት ኣካየደ። ተጋዳላይ ብወገኑ ኑቲ ወራር ንምሕምሻሽ ድፍዓቱ ኣብ ምድልዳልንመርዛም ጋዝ ዝከላኸል ማስኬራ ኣብ ምስራሕን ዕጥቅታቱ ኣብ ምጽፋፍ ተጸምደ። ካብ ጎላጉል ኣግራዕን ካልእ ቦታታትን ናብ ግንባር ናቕፋ ዝጓረት ዝነበረ ገዘፍቲ ኣጉናድ ኣብ ዝባን ተጋደልቲ ተጸይሩ ናብ ዝባንቲ ኳዕናን እምባ ደንደን ምድያብ መዓልታዊ ስራሕ ነበረ።ኣብዚ ከቢድ ዕማምዚ ተጋደልቲ ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ኣሕዋተንክስከማን ብኣፍራዛ ካናለታት ክኹዕታ፡ ኣእማን ክፍልጻ ከለዋ፡ ኑብያት ኣብ ለሚ ካብ እትዝክሮ ዛንታ ጅግንነት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ'ዩ፡“ሰብ ዕንጸይቲ ይፍልጽ ይኸውንእኸውሕ ምፍላጽ ግን ተኣምርዩ”ብምባል ድማ ትግረም። እቲ ግዜ'ቲ ሓርበኛ ኢደይ ዘይኑብ ያሲን ሓደ ወጻእተኛ ጋዜጠኛ ብዛዕባ ኤርትራ ምስ ሓተታ “ኤርትራ ኣይኮነን ሰባ ኣእማናውን ይመኽኽ ኣሎ” ክትብል ዝሃቡቶስእላዊ

መግለጺ ዘዘኻኽርዩ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ በዓልቲ ድልዱል ቁመና ኑብያት፡ ኑቶም ከቢድ ጉንዲ ተሰኪሞም ዝነበሩ ብጾታ ከተብርይ፡ኣብ መንገ እቶም ተሰከምቲ ምስኣተወት፡ ሓደ ቁሙቱ ሕጽር ዝበለ ብድሕሪት ተሰኪሙ ዝነበረ ብጻይ፡ ቁሙቱ ምሕጻሩ ከይኣክል እግሩ ኣብ ጉድጓድ ስለዝኣተወ ንሱ ክዕንቀፍን ኑብያትክትወድቕን ሓደ ኮነ። እቲ ጉንዲ ድማ ብምሉእ ሓይሉ ናብ ርእስን ክሳድን ኑብያት ወደቐ። ኑብያት ርእሳ ቡቲ ጉንዲ ተጸቕጠ፡ቡቲ ዝወረዳ መሃሰይቲ ናብ ሕክምና ተላእከት። እንተኾነ ገና ከይሓወየት፡ጽንሒ ድፋዕ ከይትኸዲ እናተባህለት፡“6ይ ወራር እናመጽአ ኣብ ሕክምና ኣይጸንሕን” ኢላ ኣቕበጸት። ከም እንደገና ናብ ድፋዕ ተመሊሳ፡ ኣብ ምምካት 6ይ ወራር ኣተወት፡፡ ብጅግንነት እናተዋግኣት ከላ፡ሓደ መዓልቲ ብጻዕቂ ኣብ ከባቢኣ ብዝወደቐ ዝነበረ ቦምባታት ከቢድ ብረትን ፋሉላትን እዝና ክሳብ ትጽምም ኮነት።ስኪጀታት እውን ኣብ ዝባና ዓለበ። በዚ ድማ ስንክልና ኢጋጢሙዋ ዕረ እናጥዓማ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክትሰናበት ተገደደት።

ኑብያት ብሰንኪ ስንክልና ካብ ድፋዕ ምስ ወረደት፡ ድሕሪ ዓመት ምስቲ ወፉይን ህርኩትንኣባል ጀማሂር ሳሕል ዝነበረ ስውእ ተጋዳላይ ኣረፋይነ ከንፈ ተዛሚዳ። ኣብ 1983 ከኣ ኣብ ወግሬት ብሕጊ መርዓ ህዝባዊ ግንባር ቃል ኪዳን ኣሰሩ።በኹሪ ጓላ ኤልሳ ድሕሪ ሾውዓተ ዓመት ካብ መርዓአ ኣብ ሓምለ 1991 ኣብ ዓሬርብ ተወልደት። ኣብ ኣስመራ ድማ ፈልሞን፡ ሳምሶንን ሩታን ተወልዱ። ሎሚ ኣርባዕቲኦም ደቃ ብትምህርቲ ጸብለል ኢሎምድሕሪ ምምራቕ፡ ኣብዝተፈላለየ ሚኒስትሪታትንኮሚሽናትን ተመዲቦም ንሃገሮምን ህዝቦምን ብተወፋይነት የገልግሉኣለዉ።ኑብያት ዘሕለፈቶ ገድላዊ ህይወት እንክትዝክር፡ ካብቲ ቅሩብ ኡፎይታ ዝረኸበትሉ ደጀን፡ እቲ ጽንኩር ሂወት ዝሕለፈትሉ እምባ ደንደን እንክትዝክር'ያ ዝያዳ እትምሰጥ።ንጅግንነት ብጾታ ድማ ብልዑል ሓበንን ምድንፋቕን ትዝክሮ።

# ስነ - ጥበብ

## ኣብ ቅርዓት ፌስቲቫል 2023

መርሃዊ ታደሰ

*ድሕሪ ኮሮና ሎሚ ዓመት ንመጀመርታ እዋን ዝተኻየደ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ኤክስፖ ኣብ ቀጻሩ ብዙሓት መሰጥቲ ዝኾኑ መሳናዶኣታት ሒዙዩ ንኒጋድያን መጋረጃኡ ከፊቱ። ገላ ካብቲ ዝቐረበ ብዙሕ መደባት ድማ ንባህልን መነባብሮን ሕብረተ-ሰብና ዘሳሊ ቁሸት ዘባታትን ብደቀንስትዮ ዝፈረዩ ስነ-ጥበባዊ ፍርያትን ንደቀንስትዮ ዘንጸባርቑ ፍርያት ስነ-ጥበብን እዩ። ኣብቲ ቀጽሪ ምስ ኣቕረብትን ተሳተፍትን ዘካየድናዮ ዝርርብ ይስዕብ፦*

***

### ቀባኢት ደለና ተኽለት

ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 ንምርኢት ሒዘየን ቀሪበ ዘለኹ ፍርያት ክልተ ዓይነት ቅብኣታት'የን። እታ ሓንቲ ቅብኣ ሎሚ ምሳና ብህይወት ንዘየላ ስነ-ጥበበኛ ወይኒ ሓረግ (ቤኪ) ንጠባያን መንነታን ትውክል ኮይና፡ እታ ካልኣይቲ ድማ "ሓድነት" ዘርእስታ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥና ንዘለና ስሙር ሓድነትን ውህደትን እተንጸባርቕ ቅብኣ'ያ።

እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ነተን ኣብ ፈለማ እዋን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ስሩዕ ትምህርቲ ብተመኩሮን ድሌትን ጥራሕ ዘዳለኽዎን ፍርያተይ ሒዘ ዝቐረብኩሉ ፈስቲቫል ብምኧኑን ምስ ብዙሓት ሰባት ንኽላለን ካብ ተሳተፍቲ ድማ ሃነጽቲ ሓሳባትን ኣድናቖትን ክረክብን ስለ ዝሓገዘኒ ንዓይ ፍሉይ ተመስጦ ዘሕደረለይ ፈስቲቫል'ዩ።

***

### ቀራጺ ኢሳቕ ተስፋገዚ

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ኤክስፖ "ኤርትራዊት ኣደ" ዘርእስታ ብጀሶ ዝሰራሕክዋ ቅርጺ ሒዘ'የ ቀሪበ። ምንጪ ስእሊ ናይዛ ቅርጺ ድማ ናይ ሚኒስትሪ ዜና ስእሊ ኮይና ሰኣላይ ፎቶግራፍ ታእዛዝ ኣብርሃ (ዕንድኩር) እዩ። እዛ ቅርጺ ብሰንኪ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዘጋጠመ ናብራኻን ዝኸኻን መሬትካን ገዲፍካ



ምፍንቓል ማዕረ ኽንደይ መሪር ምንባሩ'ያ ተንጸባርቕ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሓሙሻይ ርእሳ ካብ ከባቢ ባድመ ዝርከብ ዴዳ ዝተባህለ ቦታ ትስደድ ናይ ዝነበረት ኣደ ፎቶግራፍ ኮይና፡ ሓደ ቆልዓ ኣብ ዝባና፡ ሓደ ኣብ ሕቑፋ፡ ሓደ ብየማናይ ኢዳ፡ ሓደ ብጺጋማይ ኢዳ፡ ሓደ ኣብ ማህጸና ሒዛ ምውቕ ቤታን መነባብሮኣን ገዲፋ እግራ ናብ ዝመርሓ ክትከይድ እንከላ እተርኢ'ያ። ካብ ዝኽርና ዘይሃስስ ሓቀኛ ፍጻመ ድማ'ዩ።

***

### ስነ-ጥበበኛ መና እድሪስ

ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 ኣነ ኣብ ቁሸት ምርኢት'የ ተሳቲፈ። ከም ድምጻዊት ኮይነ ብከራር ገይረ "ሻንበቆ ለይለይ ዝበለት'የ ለይለይ ዝበለት፡ ኣይንሳ እንድያ ብርኽቲ ማይቤት'የ ምሳይ ዝዓበየት" ዝኣመሰለ ባህላዊ ደርፈታት እናደርፍኩ ንኒጋድያን ፈስቲቫል ከዘናግዕ ቀንየ። ብዘይካ'ዚ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ድምጻውያን ክደርፉ እንከለዉ፡ ብሓባር እናተቓባበልና ነቲ ምርኢት ነጽብቖ ነይርና። "ንጻወት'የ-ንጻወት'የ ዓለም ጽላሎት'የ፣ ተጻወታ-ተጻወታ ፍልሖ'ሎዎ ባይታ" እናበልና ንባዕልና ክንጻወትን ንበጻሕቲ ከነጻውትን ቀኒና።

***


### ደራሲትን መምህርን ሰዛና ተወልደ

ኣብ ቀጽሪ ፈስቲቫል ምስ ደራስን ተርጓምን መምህር ፍጹም ኣማሃ ብሓባር ብምኧን ሎሚ ዓመት ዘዳለናያ "ሕንቅል ሕንቅሊተይ" ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ ሒዘ'የ ኣብ ምርኢት መጻሕፍቲ ቀሪበ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣብ ዓለምና ብዘይ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ንድሕሪት ዝጉተት እንበር ንቕድሚት ዝምርሽ ሕብረተ-ሰብ ከምዘየለ፡ ደቀንስትዮ ካብ ተጻባይነት ብኣጋኡ ክናገፋ ከምዝግባእን፡ ፈጠራዊ ኣነባብራ ደቀስትዮን ውጽኢቱን፣ ብቐንዱ ድማ ሰብኣዊ ሕብረተ-ሰብ ብምህናጽ ብሓባራዊ ዕዮ ሓበራዊ መጻኢ ምፍጣር ዘለዎ ጽባቐ እተዘንቱ'ያ።

ካብ ተዓዘብቲ እዚ ምርኢት ልዑል ኣድናቖት ረኺብና ስለዘለና ኣብ ዝቕጽል ካልእ መጽሓፍ ብሓባር ክንሰርሕ እዚ ምርኢት መጻሕፍቲ'ዚ ኣተባቢዑና ስለ ዘሎ ምስ ደራስን ተርጓምን መምህር ፍጹም ኣምሃ ኣብ ቀረባ እዋን ሓዳሽ መጽሓፍ ከነዳሉ እትስፎ።

***

### ተሳሃይት ሰባሕ ናስር



ደራሲትን መምህርን ሰዛና ተወልደ

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ንመጀመርታ እዋንየ ተላሃይት ኮይነ ተሳቲፈ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ጥራሕ'የ ዝሳተፍ ነይረ። ዝነጥፈሉ ትልሂት ናይ ብሄረ ሳሆ እዩ። ትዕዝብተይ ጽቡቕ ስራሕ ኣቕራብና እየ ዝብል። ንመጻኢ ኸኣ ብዝሓየለ መልክዕ ክሳተፍ ተስፋ እገብር። ሓደ ካብ ጽባቐ ናይ ፈስቲቫል፡ ምስ ብዙሓት ሰባት ማለት ምስ ብዙሓት ሰብ ሞያን ተመኩሮን ዘላልየካ ምዃኑ'ዩ።

***

## ስነ-ጥበበኛ ወይኒ ተስፋይ

ኣብዚ ፈስቲቫል ኢደ-ስርሓት ከም ቆቢዕ፡ ሻርባ ናይ ክሳድ፡ ዘመናዊ ዘናቢል፡ መትሓዚ ድስቲ፡ መትሓዚ መፋትሕ፡ ዝተፋላለየ ዓይነት ቦርሳታት....ዝኣመሰሉ ንኹሉ ዕድመን ንኽልቲኡ ጾታን ዘገልግሉ ፍርያት ሒዘየ ቀሪበ። እዚ ፍርያት እዚ ኸኣ ብዑንቀኁ፡ ብፈትሊ፡ ብጨርቂን ብላሻን ዝተሰርሐ ፍርያት'ዩ። ሃገራዊ ፈስቲቫል ኣባናን ብኣናን ዝፈረየ ፍርያትና ምስ ብዙሓት ሰባት ንኸነላልዮን ካብ ብዙሓት ሰባት ድማ ሞራላዊ ምትብባዕ ንኽንረክብን ዘኽኣለና ሃገራዊ ንግደት'ዩ።

***


## ስነ-ጥበበኛ ራሕማ ሮማዳን

ብቐይሕን ጻዕዳን ጣፍ ተጠቒመ ዘዳለኹዎም ዝተፈላለዩ ስእልታት ሒዘየ ኣብዚ ፈስቲቫል ምርኢት ኣቕሪበ። ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ኣርማ ናይ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ)፣ ኣብ ዘባ ደቡብ ንኡስ ዘባ ሰገነይቲ እትርከብ ኣብ ሃገራዊ ባጤራና ኣብ ሓሙሽተ ናቕፋ ሰፊራ ዘላ ዳዕሮ ሓሙሽተ፣ ሓንቲ ሓደ ካብቶም ጥንታውያንን ታሪኻውያንን ዝኾኑ ቦታታት ሃገርና ቆሓይን፣ እቲ ኣርማና ዝኾነ ገመል፣ ብጻዕዳን ቀይሕን ጣፍ ተጠቒመ ብምቕራጽ ንኤግዝብሽን ኣቕሪበዮም፡ ካብ ተዓዛብቲ ከኣ ሞራልን ምትብባዕን ረኺበ።

***

## በጽሓይ ቀጽሪ ፈስቲቫል ነብይ መልኣከ

ምስ ወላዲተይ ምጽላል ወልዱ'የ ካብ ስዊዘርላንድ ናብ ኤርትራ ሃገርና መጺአ። ኣብ ሃገርና ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ርእየ። ናብ ዓድና ኣዘሓይቲ ከይደ'ውን ነቲ ግሩም ባህልና ርእየዮ። ምሳቶም ኣብቲ ዓዲ ዘለዉ ሞዛኖይ ተጻዊተ፡ ሳዕሪ ዓጺደ፡ ሓደ-ሓደ ስራሕ ሰሪሐ። ባህልና ጽቡቕ'ዩ። እቲ ሰብ ላቺ ናይ ጫማኻ ተፈቲሑ እንተደኣ ርእዩ "መን ሸምካ!" ኢሉ ጸዊዑ 'ላቺኻ እሰሮ ከየውድቐካ' ኢሉ'ዩ ዝሕብረካ። ኣብ ወጻኢ ግና ከምኡ ዝብለካ የለን። ዋላ ውደቕ ኣይግደሶምን እዩ። ፈስቲቫል ኤክስፖ ካብ ዝኸፈት ሰለስተ ኣርባዕተ ግዜ ተመላሊሰ ኣለኹ። ኣብ ናይ ብሄረ ሳሆ ገዛ ኣትየ መርዓትን መርዓውን ርእየ። በቲ እንበልዖ ጣፍ ዝበሃል እኽሊ ብሓንቲ ጓል ዝተሳእለ ስእልታት ርእየ። ሎሚ ምሸት'የ ናብ ስዊዘርላንድ ክምለስ። ከይመነኹዎ'የ ድማ ዝምለስ ዘለኹ። ንኹሎም ኣብ ደገ ዝቕመጡ ቆልዑ ናብ ዓድኹም መጺእኹም ባህልኹም ርኣዩ፡ ኣብ ገጠር ተዛወሩ ክብሎም እደሊ።



ቀባኢት ደለና ተከሊት



ስነ-ጥበበኛ መና እድሪስ



ተላሃይት ሰባሕ ናስር



ስነ-ጥበበኛ ወይኒ ተስፋይ




ነጋድያን ነብይ መልኣከ




ስነ-ጥበበኛ ራሕማ ሮማዳን

# ስነ - ልቦና

## ደቀንስትዮን ዓወትን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል



ዓወት ንውሱናት ሰባት ጥራይ እተሓዝአ ገይርና ክንቑጽሮ ኣይግባእን። ነፍሲ ወከፍና ከይተሓለልና እንተ ሰሪሕና፡ ምስቶም ዕዉታት ዝበሃሉ ሰባት ክንጽንበር ጸገም የብልናን። ኣብዚ ምዕቡል ዘመን ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተወዳዲረን ክዕወታ ንዕዙብ ኣለና። ቅድሚ ሕጂ ደቀንስትዮ ከም ዘይብቑዓት ይሕሰባ ስለዝነበራን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተወዳዲረን ክዕወታ ኣይክእላን እየን ስለዝበሃላን፡ ንምትብባዐን ተባሂሉ መሕለፊ ገለ ኮታ ይምደበለን ነይሩ። እቲ ሓሳብ ጽቡቕ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ኣእምሮ ደቀንስትዮ ዝፈጥሮ ስምዒት ምትሓት ግዳ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን።

ሎሚ ደቀንስትዮ ብሓገዝ ወይ ብዕድል ኣይኮናን ዝዕወታ ዘለዋ። ዕውታት ደቀንስትዮ ብቕቡል ምኽንያት እየን ዝዕወታ ዘለዋ። ዕዉታት ደቀንስትዮ ንዕዮአን ካብቲ ካልኦት ሰባት ዝሰርሕዎ ብዝተፈልየ ወይ ዝጸፈፈ መንገዲ እየን ዝዓምምኦ። ንሳተን ንህይወት ብባህጊ ጥራይ ኣይኮነን ዝነብርኣ። ባህገን ንኸስምራ ዝሓተን ጻዕርን መስዋእትን ኣማእዚነን ይፈልጥኦ እየን።

ዕዉታት ደቀንስትዮ ንኽብረን ብዝግባእ ይፈልጥኦ። ንኽብረን ዝምጥን ዝኾነ ዋጋ ክኸፍላ ፍርሒ ኣይስምዐንን እዩ። ኣብ ገዛእ ርእሰን እኹል ወፍሪ ይገብራ። ኩንደኾናዊ ስጉምቲ (risk) ክወስዳ ሰገጥ ኣይብላን እየን። ኣብ ዝምድናአን ኰነ ኣብ ስርሐን፡ ትሕቲ ዝግበአን ክብሪ ክወስዳ ፍቓደኛታት ኣይኮናን።

ንሳተን ምሒር ዘጸልእኦ ጉዳይ እንተ ሃልዩ፡ ጽግዕተኛ ምኻን እዩ። ልምዲ ጽዕግተኛነት ውዒሉ ሓዲሩ ክርምሰን እንተ ዘይኮኑ፡ ዘምጽኣለን ራህዋ ከም ዘየልቦ ኣዳዕዲዐን ይፈልጥኦ እየን። ብድሕሪ ባይታአን ከይተሸቓረራ ወይ ልዕሊ ዓቕን ከይተነየታ፡ ዝያዳ ኣድህቦአን ኣብ ህሉው ኩነታተንን መጻኢ ዕድለንን ይገብራ። ኣቐዲመን ንዝፈጸምኦ ጌጋ ከም ጽቡቕ መምሃሪ እምበር፡ ከም ርእሰን ዘድንናሉ ፍጻመ ኣይዝክርአን እየን። ዋላ ኻልኦት ሰባት ከነኣእሰወን እንተ ፈተኑ፡ ንኽብረን ብዝግባእ ስለ ዝፈልጥኦ፡ ኣይደሃላለዋን እየን። ብመንጽሩ’ኳ ደኣ፡ ክብረን ዝያዳ ንምዕዛዝ ኣበርቲዐን እየን ዝሰርሓ። ኣብ ርእሰ ክብረን (self-worth) ከቶ ዋጋ ዕዳጋ ኣይገብራን እየን።

ኢንጋ ስታሲዩሊዮንይተ እተባህለት ዕዉትቲ ኣትሌትን ኣማኻሪት ስነ ልቦናን፡ ንደቀንስትዮ ኣብ ህይወትኪ ዕዉትቲ ኽትኮኒ ዝሕግዙ ነጥብታት ዝበሉቶም ብኸምዚ ዝስዕብ ትዝርዝሮም፥

### ◆ ኣብ ድራኺ ዘይኮንኪ ኣብ ተወፋይነት ኣድህቢ።

ኣብ ሸቶኺ ክሳብ ክንደይ ውፉይቲ ኢኺ? ሸቶኺ ክሳብ ክንደይ እዩ ዘገድሰኪ? ሸቶኺ ንኸትጭብጢ ክሳብ ክንደይ መስዋእቲ ክትከፍሊ ድሉውቲ ኢኺ? ገዛእ ርእስኺ ምሉእ ብምሉእ ውፍይቲ ኮይና እንተ ረኺብኪያ፡ ድራኺ ቀስ ኢሉ ከም ዝስዕብ ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብልክን። እቲ እትሕንጽጽዮ ሸቶ ግዳ፡ ኩውንነታውን ብዓቕምኺ ክትጭብጥዮ እትኽእልን ክኸውን ተመራጺ እዩ።

### ◆ ፍልጠት እምበር፡ ውጽኢት ኣይትኣልሺ

ኣብ ተምሳጥ ርኽበታት፡ ምምሕያሽ፡ ዳህሳስ ከምኡ’ውን፡ ፈተነ (experimenting) እንተ ኣድሂብኪ፡ ኣድህቦኺ ኩሉ ሻብ እዩ ዝመልእ። ብመንጽሩ፡ ኣብ ውጽኢት ጥራይ ተድህቢ እንተኼንኪ፡ ድራኸኺ ልክዕ ከም ዛዕዛዕታ፡ ሙቐት ምስ ረኸበ በኒኑ ይጠፍእ። ምኽንቲዚ፡ እቲ ቐንዲ መፍትሕ፡ ኣብቲ መዓርፎ ዘይኮነ ኣብቲ ጉዕዞ ምድሃብ እዩ። ኣብ ጉዕዞ እንታይ ክትምሃሪ ከም ዘለኪን እንታይ ምምሕያሽ ከም ዝገበርኪን ጽቡቕ ገይርኪ ኣቕልበሉ። ገለ ተማሃሮ ብኸመይ ሽምዲደን ልዑል ነጥቢ የመዝግባ እምበር፡ ብኸመይ ዘይበርስ ፍልጠት የኻዕብታ ኣይሓስባሉን እየን። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈራ፡ ፈጺመን ዘየድምዓ ኮይነን ይተርፋ።

### 3. ኑቲ ጉዕዞ ኣዘናጋዒ ግበርዮ

ናብ ሸቶኺ ንምብጻሕ ከቢድ ጸገም ኪጋጥመኪ ይኽእል እዩ። ብዝተኻእለኪ መጠን፡ ነቲ ጉዕዞ ኣዘናጋዒ ክትገብርዮ ፈትኒ። ከምኡ እንተ ገይርክዮ ከይተፈለጠኪ ኣብ ሸቶኺ ክትበጽሒ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብቲ ጉዕዞ እንተ ተጨኒቕኪ፡ ኣንፈት ናይ ምስሓት ዕድል እውን ከጓንፈኪ ይኽእል እዩ። ኣንፈታ ዝሰሓተት ጓለንስተይቲ ድማ፡ ምስ ዓወት ፊት ንፊት ክትራኸብ ከቶ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

### 4. ካብ ደስኩል ኣተሓሳስባ ሓራ ኹኒ

ኣተሓሳስባኺ ንስምዒትኪ ኣጸቢቑ እዩ

ዝጸልዎ። ስምዒትኪ ኸኣ፡ ንስራሕኪ ከመይ ከም እትርእዮ ይውስኖ። ኣብ ኣእምሮኺ ዘይተኣደነ ሓሳባት ኣለኪ። ነየናይ ክትመርጺ ከም ዘለኪ ንዓኺ ይምልከት። ነቶም ሓሊኾም ዝሕዙኺ (ፍርሒ፡ ጥርጣረ፡ ...) ዲኺ ክትመርጺ፡ ዋላስ ነቶም ንቕድሚት ዘሰጉምኺ (ተምሳጥ፡ ፈተነ ምክያድ፡ ሓድሽ ነገር ምፍታን፡ ...)፡ ኣብ ምምራጽ ልዑል ጥንቃቐ ክትገብሪ ይግባእ። ሓያሎ ደቀንስትዮ ኣብዚ መዳይ ንጹር ምርጫ ስለ ዘየካይዳ እየን፡ ኣብ ህይወተን ዕዉታት ዘይኮና ዘለዋ።

**5. ንስእሊ ኣእምሮኺ ተጠቐምሉ**

ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ምስተናገፍኪ፡ ንስእሊ ኣእምሮኺ ብዝግባእ ናብ ምጥቃም ትሰጋገሪ። ነገራት ጽቡቕ ክኸዱልኪ ምስ ጀመሩ፡ ብእወታዊ ጸዓት ትምልኢ። ብድሕሪኡ ንዘገጥሙኺ ጸገማት ብዘይ ዝኾነ ስክፍታ ገጢምኪ ትስዕርዮም። ምእንቲዚ፡ ንኩነታት ካብ እወታ ተበጊስኪ ቀይርዮ። “ስርሐይ ኣጽሊኡኒ ኣሎ።” ምባል ተዘውትሪ እንተ ኼንኪ፡ ጽቡቕ ስምዒት ክሰርጸኪ ዝሕሰብ ኣይኮነን። እዚ ጉዳይ ስእለ ኣእምሮ እዩ። ዋላ ኣብቲ ኣሰልካዪ ስራሕ ዝበሃል፡ ካብ'ታ ሕስምቲ ሓላፊትኪ ገለ ነገር ክትማሃሪ ትኽእሊ ኢኺ። ካባኺ ዝድለ እወታዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባል እዩ። እንተ ነፊዕኪ ነታ ጊንጢ ኢልኪ እትግምግምያ ናይ ቀረባ ሓላፊትኪ፡ መንገዲ የማን ከተትሕዝያ ኣይእግመክን እዩ።

**6. ንዝእ ርእስኺ ካብ ምግጋይ ተቖጠቢ**



ድራኽ ማለት ትግባረ እዩ። ትግባረ ድማ፡ ውጽኢት የምጽእ። እናሓንሳእ ተግባራትኪ ነቲ ንስኺ እትደልይዮ ውጽኢት ከምጽእ ይጽገም። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ጸገም መታን ከይትወድቂ፡ ናብ ገዛእ ርእስኺ ምትዕሽሻው ተምርሒ። ገዛእ ርእስኺ ምትዕሽሻው፡ ናብ ዝሕታለን ቅዛነትን ከምርሓኪ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ከምዚ ኩነታት ወጺእኪ፡ ገዛእ ርእስኺ በድሂ። ዋላ ነቲ ዘፍርሓኪ ነገር፡ ግድን ዘድልየኪ እንተ ኾይኑ ብትብዓት ዕየዪዮ። ብዓወት ምስ ዛዘምክዮ፡ እቲ ፍርሕኺ ብእኡ ንብኡ ክበንነልኪ እዩ። ሙብዛሕትኡ ፍርሕታት ኣብ ኣእምሮና ብጌጋ እተቐርጹ ምኳኖም ከተቕልብሉም ጽቡቕ እዩ።

**7. ንመሰናኽላት ኣወግድዮም**

ትርጉም ዘይብሉም ነገራትን መሰናኽላትን፡ ኩሉ ሻብ ኣብ ቅድሜኺ ተገቲሮም ክጸንሑኺ እዮም። ኣብቶም ዝያዳ ዘገድሶኺ ጥራይ እንተ ኣተኩርኪ፡ ነቶም መሰናኽላት ብቐሊሉ ክትሰግርዮም ትኽእሊ ኢኺ። ነቶም ግዜ ዘባኽኑልኪ ኣብ ወረቐት ኣስፍርዮም እሞ፡ ኣብኦም ንግዜኡ ከይትሰርሒ ንዝእ ርእስኺ ሓላፍነት ኣሰክምያ። ዝማእምአ ግዜ ምስ ረኸብኪ ግዳ፡ ነቶም ዓጸቕቲ ዕዮታት ከተጻፍፍዮም ኣለኪ።

**8. ኣብ ካልኦት ሰባት ኣይትመርኰሲ**

ኣብ ክንዳኺ ኮይኖም ዋላ ወለድኺ፡ ኣሕዋትኪ፡ ዓርኪ-መሓዙትኪ፡ መሳርሕትኺ ወይ ሓላፊትኪ ክዓዩልኪ ኣይትጸበዪ። ኩላቶም ኣኣብ ስራሖም እተጸምዱ እዮም። ዝኾነ ሰብ ሕጉስ ዝገብረኪ ወይ ዘዐውተኪ የለን። ሓጉስክን ዓወትካን ካባኺ እዩ ዝምንጩ።

**9. ጽኑዕ ውጥን ኣውጽኢ**

ናብ ቅድሚት ዘመርሻኺ ሰለስተ ስጉምትታት ኣለልዪ። ካብዚ ንላዕሊ ኣየድልየክን እዩ። ሰሙናዊ ውጥን እንተ ሃለወኪ ተመራጺ እዩ። እንታይ፡ ብኸመይን መዓስን ከም እትዓዪ ክትፈልጢ ኣለኪ። እዞም ሕቶታት ኣብ እትሕንጽጽዮ ውጥን እምበዛ ሓገዝቲ እዮም። መዓልታዊ ንዝዓየኽዮ ገምግምዮ። ካብኡ ተማሂርኪ ብዝከኣለኪ ክትመሓየሺ ይግባእ።

**10. ንዝእ ርእስኺ ካብ ጽንቃቐ-ዓቕሚ ተኸላኸልላ**

ኣብ ሓያል ድራኽ ኣብ እትሽመምሉ፡ ብቐሊሉ ኣብ ጽንቃቐ-ዓቕሚ (burn out) ክትወድቂ ትኽእሊ ኢኺ። ድኻም ክስመዓኪ እንከሎ፡ ዕረፍቲ ክትወስዲ ኣለኪ። ኣእምሮኽን ኣካልክን እተዛንየሉ ግዜ መድቢ። እተፈላለዩ ዕዮታት ምስልሳል ንባዕሉ ዕረፍቲ እዩ። ፈጠራዊ ዕዮ ምስ ሰራሕኪ፡ ናብ ጉልበታዊ ዕዮ ተሰጋገሪ። በይንኺ ክትዓዪ እንተ ጸኒሕኪ፡ ናብ ጕጅለኣዊ ዕዮ ተሰጋገሪ። ካብቲ ክትዓይዩሉ ዝጸናሕኪ ቦታ ምቕያር፡ ናቱ ሩፍታ ኣለዎ። ንእስታት ሓሙሽተ ደቓይቕ ኣዕሚቕኪ ምስትንፋስ፡ ኣዒንትኺ ምዕማትን ኣብ ሓደ ነገር ምትኳርን እውን ንባዕሉ የዛንየኪ እዩ።

ሃካይ ስለ ዝኾንኪ ወይ ሽቶ ስለ ዘይብልኪ ኣይኮነን ድርኺት ዘውሕደኪ። ዋላ እተን ከዋኽብቲ ስፖርታውያን፡ ሃብታማት ሰብ ዋኒን፡ ዓበይቲ ዝበሃላ ሞያውያን ሰባት፡ ... እውን እናሓንሳእ ይፈሽላ እየን። ንዓኣተን ዝድርኸን እንተልዩ፡ ቀጻሊ ክመሓየሻ ህንጡይነት ስለ ዘለወን እዩ። ምእንቲዚ፡ ቅድም ቀዳድም ህንጡይነት ኣማዕብሊ። እዚ ድማ፡ ናብ ሽቶኽን ዓወትኪን ክመርሓኪ እዩ።

**መወከሲ:- Successful Women**

# ጽንብል ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን (baby-shower)

ምሲጋና ሳሙኤል

ሓድሽ ህጻን፡ ንኣባላት ስድራቤትን መቕርብን ፍሉይ ባህታዊ ዝፈጥር። እቲ ዕሸል ቅድሚ ናብ'ታ ስድራ ምጽንባሩ፡ ናይ ሓጐስ ፌስታ ይካየድ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ንኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ዝካየዱ በዓላት እናተጋነኑ'ዮም ዝመጹ ዘለው። ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝተፈላለዩ እዮም። ኣብ ሃገርና ምስ እንምልከት፡ ኣደ ነብሳን ህጻናን ብሰላም ምስ ተረከበት'ያ፡ ኩሉ ሰብ እንቋዕ ሓጐሰኪ ክብል ድሕሪ ሕርሳ ዝበጽሓ። ከም ባህልናን ወግዕናን፡ ተኣኻኺብካ ናይ ሓጐስ ገዓት ትበልዕ፡ ቡን ትሰቲ። ኣቀባብላ ሓዲሽ ህጻን ከኣ በዚ የኽትም።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ካብ ባህልናን ወግዕናን ወጻኢ ዝካየዱ ጽምብላት ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ይቀላቐሉ ኣለዉ። እዚ ጽንብል'ዚ፡ ካብ ሃገራት ምዕራብ ናብ ኣፍሪቃ እናኣስፋሕፈሐ ዝመጽእ ዘሎ ኮይኑ፡ ብልምዲ 'ምሕጻብ ቈልዓ' (Baby shower) ተባሂሉ ይፍለጥ። መበገሲ ናይ'ዚ ካበይ እዩ?

ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ካብ ጥንቲ ዝነበረ ክነሱ፡ መበገሲኡ ግብጽን ግሪኽን ምዃኑ ይንገረሉ። ቅድሚ ሕርሲ ኣብ ዘሎ ግዜ ከኣ፡ ነፍሰ-ጾርን ፈተውታን ተኣኻኺቦም መግብን መስተን ብምቕራብ ይዘናግዑ። እታ ነፍሰ-ጾር፡ ካብ'ቶም ናብ'ቲ ጽንብል ዝመጽኡ ፈተውታ ዝኾነ ገጸ በረኸት ኣይትቕበልን'ያ። ምስ ሓረሰት ከኣ፡ ከም ምልክት ምምጻእ ሰላም፡ ንሳን ኣብ'ቲ ጽንብል ዝነበሩ ስድራቤታን፡ ብሓጎስ ይውጭጩ፡ ይጭድሩ። ሓራስ፡ ኣብ ገዛ ተዓጽያ ምስ ቀነየት፡ ናብ ቤት መቕደስ ከይዳ፡ መንፈሳዊ ስነ-ስርዓት ይካየድ። እዚ ልምዲ'ዚ ከኣ እናስፋሕፍሐ መጺኡ።

ወግዒ ኣገባብ ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን፡





ብፍላይ ካብ 5ይ ክሳብ 15 ክፍለ ዘመን፡ እናተለዋወጠ ክመጽእን ብዙሕ ጠለባት ክሓትትን ጀሚሩ። በቶም ኣብ'ቲ ጽንብል ዝመጽኡ ኣጋይሽ ከኣ፡ ነታ ኣደን ነቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ዕሸልን ዝኸውን ህያባት ናይ ምብርካት ስነ-ስርዓት ተኣታትዩ። ካብ 1800 ዓ.ም ኣትሒዙ'ውን፡ እቲ ጽንብል፡ ብመቕርብን ፈተውትን እናተዳለወ፡ ነታ ነፍሰ-ጾር ኣደ ምዕዳም መጺኡ። እዚ ልምዲ'ዚ፡ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካን ካናዳን ዝውቱር እዩ። ዝበዝሓ ሃገራት ግን፡ ነዚ ኣደ ቅድሚ ምሕራሳ ዝካየድ ጽንብል ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ኣይድግፍኦን'የን።

ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ኣብ ጉዳይ ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ኣመልኪቶም ዘቕረብዎ መግለጺ ኣሎ። ንሳቶም፡ ክንዮ'ቲ ኣብ'ቲ ጽንብል ዝፍጠር ደስታን ሓጐስን፡ ኣብ'ታ ኣደ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘኸትል'ዮም ዘረድኡ። እታ ኣደ ሳሕቲ ዝርአ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሻቕሎት ምስ ዝህልዋ ከኣ፡ ኣብ ክንዲ በቲ ቅድሚ ምሕራሳ ዝካየደላ ጽንብል ተዛንያ ንነዝኣ ትምለስ፡ ኩነታት ሕርሰይ ከመይ ክኸውን እዩ' ዝብል ነውጺ ናይ ኣእምሮ ከምዝፈጥረላ ይሕብሩ። ምስ ፈተውታን ኣዝማዳን መታን ክትሕጐስ፡ እቲ ጽንብል፡ ኣደ ውላዳ ምስ ሓቑፈትን ምስ ተረጋግኣትን ክካየድ'ውን ይመኽሩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ፡ እታ ነፍሰ-ጾር፡ ነቲ ጽንብል ንኸተማዕርግ እትለብሶ ክዳውንቲን እትገብሮ መጸባበቕን ናይ ምምራጽ መሰላ ሕልውዩ። ብስም መሰል ምሕላው ግና፡ ምዕራባውያን ደቀንስትዮ፡ ብፍላይ ደረፍቲን ተዋሳእትን፡ ኣብ እዋን ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን፡ ከብደን ቀሊዕን ዕርቃነን እናተራእያ ስለዝሰኣላ፡ ተወሳኺ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይ'ቲ ጽንብል ገይሩዎ ከምዘሎ ይንገር።

ኣብ ሃገርና፡ ቅድሚ ሕርሲ ጽንብል ኣቀባብላ ሓዲሽ ህጻን ዘካይዳ ገለ ደቀንስትዮ፡ ኣይተሳእናን። እዚ ጽንብል'ዚ፡ ኣይባህልናን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝዝውተር ኣከዳድናኦውን ምስ ባህልና ዘይከይድ፡ ባህላዊ ጥፈሻ ንዝገረፈን ምዕራባውያን ደቀንስትዮ ንምንጽብራቕ ዝግበር ስለዝኾነ፡ ብኢጋኡ ዓገብ የድልዮ።

ሓንቲ ባህላን ክብረታን ዓቂባ ኣብ ማእከል ትዕንን ሕብረተሰባ ማሚቓ ትነብር ኤርትራዊት፡ ካብ'ዘን ጉዳይ ናይ መንነት




ቅልውላው ኮይነን ዘለዋ ዝጠፈሻ ህቡባት ምዕራባውያን ደቀንስትዮ እንታይ ክትመሃር ትኽእል? ስለዚ፡ ናይ ካልኦት ክንጥምት እቲ ክቡር ናትና ከይነጥፍእ ንጠንቀቕ።

ካልእ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ እዋን ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ዝዘውተር ዘይቅቡል ኣለባብሳ ኩዳን፡ ኑቲ መደባት ንምምዕራግ ተባሂሉ ዝፈስስ ገንዘብ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ኩሉ ክሳራን እንትርፎ ዓበድበድ ካልእ ትርጉም ዘይወሃቦን ጽንበል ግን ንምንታይ ኣድለየ? ከምዚ ኢልካ'ኸ ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ምንታይ ንምብጻሕ እዩ? እዚ ጽቡቕ ባህሊ ዓለንስተይቲ ዘብርስ መንሽሮ ልምዲ'ዚ ብፍላይ ዓበይቲ ወለዲ ክነቕሕሉን ክገትእዎን ይግባእ። ጥቕሚ እንተዝህልዎ፡ እቶም ንልዕሊ ክልተ ሚእቲ ዓመት ዘንጸባረቕዎ ሃገራት ምዕራብ ሎሚ ጠቒሙዎምን ረቢሖምሉን ምረኣናዮም። እንተኾነ፡ ካብ ናብ ሰብ ናብ እንስሳ ዝኸይድ ባህሊ ክሕዙን ክኽተሉን ኣብቂዕዎም ስለዘሎ፡ ጸበሎም ኣይልከየና - ንየው ንበሎም። ንምዃኑ'ኸ፡ ሓደ ስፖርተኛ ከይተዓወተ፡ ሓደ ተመሃራይ ከይተመረቐ፡ ሓንቲ ነፍሰ-ጾር ከይሓረሰት ወዘተ. እንቋዕ ሓጐሰካ ኢልካ ጽንበል ምኪያድ፡ በየናይ መለክዒ ምኽኑይ ክኸውን ይኽእል? ስለዚ፡ ኣደታትና ዘጽንሓልና፡ ድሕሪ ምውላድ ህጻን ዝግበር ውርዙይ ኣቀባብላ ሓዲሽ ህጻን ንከተል።

ብተወሳኺ፡ ሓንቲ ነፍሰ-ጾር'ውን፡ ክሳብ'ታ ዕለተ ሕርሳ ዝኣክል፡ ገዛእ ርእሳን ዕሽላን እናተኸታተለት ከተሕልፎ'ዩ ዝበለጸ። በዓል ቤታን ፈተውታን'ውን፡ ኣብ ክንዲ ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ኣብ ምምዕራግ፡ ብሰላም ተገላጊላ ውላዳ ንኽትሓቑፍ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮኣን ኣካላታን ክግደሱ ይግባእ።

## “ቈልዑ ወለዶም ዝበልዕዎ መግቢ ክምገቡ ኣለዎም” ሓድሽ መጽናዕቲ

ወለዶም ዝበልዕዎ ዓይነት መግቢ ዝምገቡ ቈልዑ ሓያል ናይ ኣመጋግባ ልምዲ ከምዘለዎም ሓድሽ መጽናዕቲ ኣረዲኡ።

እቲ መጽናዕቲ፡ ኩነታት ኣመጋግባ ናይ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ልዕሊ 2 ሽሕ ቈልዑ ዘጽንዐ ኰይኑ፡ እቶም ወለዶም ዝበልዕዎ ዓይነት መግቢ ዝምገቡ ቈልዑ ዝሓየለ ጥዕናን ጽቡቕ ኣመጋግባን ዘወነኑ ኰይኖም ተረኺቦም። እቶም ካብ ወለዶም ተፈልዮም ንበይኖም ዝምገቡ ግን ድኹም ኣመጋግባ ዘዘውትሩ ኰይኖም ጸኒሖም።

ቈልዑ ንበይኖም ምስ ዝምገቡ፡ ካብ እንስኑቶም ጀሚሮም እቲ ዘድሊ ማእዛ ኣብ ግዜኡ ከይረኸብዎ ንኽዓብዩ ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ እዩ ዝገለጸ። ስለዚ፡ ወለዶም ነዚ ተረዲኦም ንደቆም ካብቲ ንሳቶም ዝምገብዎ ዓይነት መግቢ እናመገቡ ከዕብይዎም ክኢላታት ወሲኾም ይመኽሩ። ብተወሳኺ፡ ወለዲ ንደቆም ካብ ንኡስ ዕድሜኦም ጀሚሮም ጽቡቕ ናይ ኣመጋግባ ልድሚ ዘጥርዩሉ ባይታ ክፈጥሩሎም ተማሕጺኖም።

ንበይኖም ዝምገቡን ኣብ መንጎ መንጎ ጥዓሞት ዘዘውትሩን ቈልዑ ኣብ ኣመጋግባኦም ድኹማት ስለዝኾኑ፡ ካብ'ቲ ስሩዕ ናይ መግቢ ሰዓታት (ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን) ወጻኢ ጸጸኒሕካ ጥዓሞት ምሃብ ክቋረጽ ከምዘለዎ ድማ እቲ መጽናዕቲ ኣዘኻኺሩ።

ቈልዑ ምስ ወለዶም ምስ ዝቕረቡ ብዘይካቲ ዝፈጥረሎም ሽውሃቶም ዝኸፍት ጥዑይ ኣመጋግባ፡ ክብሪታትን ልምድታን ሕብረተሰቦም ክመሃሩ፡ ርእሰ-ምትእማምኖም ከዕብዩ፡ ምስ ስድራቤቶም ዝህልዎም ፍቕሪ ከሐይሉ ዝለዓለ ጽልዋ ስለዝህልዎ፡ ቈልዑ ምስ ወለዶ ክቕረቡ ይመረጽ።

እቲ ሓድሽ መጽናዕቲ ብተወሳኺ፡ ኣብ እዋን መግቢ ዘይምቹቕ ሃዋሁው ምስ ዝህሉ፡ ንቶም ቈልዑ ኣብ ኣመጋግባኦም ብኣሉታ ስለዝጸልዎም፡ ኣብ ግዜ መግቢ ሃወኽቲ ነገራት ክውገዱ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ሓቅነት ናይዚ መጽናዕቲ ንምርግጋጽ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ኣመጋግባ ደቆም ክዕዘብዎም ከምዝኽእሉ ኣረዲኦም።

*ምኒጋና ሳሙኤል*



ሞዛይክ

# ብርሃን ገዛ

ሃብተገርግስ ተስፋማርያም (ጠዊል)

ካብቶም ናይ ንእስነት ተዘክሮታተይ፡ እቲ ኣብ ክረምቲ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ግዜ ንዓዲ ወሪድና ዝገበረልና ዝነበረ ክንክን ከበንበንን፡ እቲ ኣብ መንን ዓባየይ ኣባሓጎይን ዝነበረ ሕድሕድ ምኽብባር፡ ኣብ ምምእዛን ምስራሕን ሂወተይ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኣባሓጎይ ንበዓልቲእንዳኡ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን ብጌጋ ብስማ ተዳህይዋ ኣይፈልጥን። ብፍላይ ኣብ ገለ ውራያት ኣምስዩ ምውቅ ኢሉዎ እንተመጺኡ፡ ኣንቲ "ብርሃን ገዛ" ከምታ ዘልመድክዮም ፈታፊትክሎምዶ እዞም ደቂ ወዲኺ? ኢሉ ክውከሳ፡ ግርምባ ኣብ ዘምሰኻ ኣምሲኻ እናበለት፡ እታ ፍጹም ዘይትምኖ ቅጫ ዳጉሳ ብብራሕ ኣጨቅያ ክትቅርበልናን ኣባሓጎይ በቲ ገላዕታ ኢዱ ከጉርሰናን ክዝክሮ ከለኹ፡ ስጉብ እዛ ሰዓት ኣፈይ ማይ'ዩ ዝመልእ። ብዘይ ምግናን ዓባየይ እዛ ብርሃን ገዛ ትሕዝቶኣ ኢድካ ዘቖርጥም፡ ፍሽኽታኣ ልብኻ ዘረስርስ፡ መኽበሪት ሓዳራ እያ ዝነበረት።

ኣባሓጎይ ግራቱ ንፍርቂ ስለዘሕርሶ፡ ጥሪቱ ብሰራሕተኛ ስለዝዳሰያ፡ ንቅድሚኡ እዩ። ዝውጥጦ ነገር የብሉን። ዝበዝሕ ግዚኡ ዝተባእሱ ክዓርቕን ክሽምግልን፡ ምስ መዛንኡ ጉጅም ክብል እዩ ዘሕልፎ ነይሩ። ኣባሓጎይ ብጣዕሚ ዕድለኛ እዩ፡ ሳላ ክንክን እታ ወሓለ ብዓልቲ ቤቱ፡ ናይ ጸሓሊ ጸብሒ ብቅጫ ስገም ኣቒስዩ እናተመገበ፡ ብፍሉይ ተዳልወሉ ሕትሞ ሳርማ እናጨለጠ፡ ርእሰይ ከይበለ ኣብ 120 ዓመቱ እዩ፡ ሕማም ሳልስቲ ሓሚሙ፡ ከይመንናዮ ምሉቑ ዝበለና።

ዓባየይ ግን ረኻቢት መከራ እያ፡ ኣንጊሃ ማይን ዕንጸይትን ብዝባና ክትጓርት ኣካላታ ማሲኑ። ኣእጋራ መጽጉዑ ፈንካሕካሕ ኢሉ ሕርካም የሕብእ። ኣዒንታ ጨምጪሙ፡ ብትኪ ናይ ኩቦ፡ ጨፈፍ ካብ ምባል ከይተገላገለት፡ ብርካ ስብር ኣቢላ እፎይ ኢላ ከየዕረፈትን ካብ ሃለኽለኽ ሕሱም መግዛእቲ ናይ ውሻጠኣ ከይተባተኸት፡ ኣብ 85 ዓመታ እያ ልበይ ሰተት ይብለኒ'ሎ እናበለት፡ ከምዛ ዋዛ ድሓን ኩኑ ዘይብላ ዓዲ ኩልና ዝተዓዝረት።



እቲ ዘሕዝን ከምዚ ዓይነት ዘይውዳእ ሃለኽለኽ፡ ዕድመ ንእስነት ዝበልዕ ሕሰም ናይ ናብራ፡ ኣብ ዓባየይ ጥራይ ኣይኮነን ተኸሲቱ። ናይ ኩለን ኣብ ገጠር ዝነብራ ኣደታት ገና ሕጂ'ውን ዝቋደሰኦ ዘለዋ ሂወት ምዃኑ እዩ።

ጸገም ኣደታት ብኢጋኡ ዝተሰወጣ፡ ኣደ ተፈጥሮ ብዝሃባ ጸጋ፡ ሕጻን ኣብ ከብዳ ን9 ወርሒ ጸይራ፡ ወሊዳ ካብ ምዕባይ ንላዕሊ፡ ሂወት ስድራ ንምምራሕ ኣብ ቤት ይኹን ኣብ ኣደባባይ ምልፋዕ፡ ናይ ኩለን ኣደታት ታሪኽ ምዃኑ ብቐረባ ዝተረድአት ኣና ዳቪስ፡ ነታ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣብሊጻ ተፍቅራ ኣዲኣን ካልኦት ኣደታታን ዝዝከራሉ ፍሉይ መዓልቲ ንክህልወን፡ ኣብ 1907 ኣብ ኣመሪካን ካልእ ክፋላት ዓለምን ምንቅስቓሳት ጀሚራ። ሕልማ ሰሚሩላ ድሕሪ 6 ዓመት፡ ኣብ 1914 ናይ ኣመሪካ መራሒ ብዝነበሩ ቶማስ ዊዝድረው ዊልሰን ተቐባልነት ረኺቡ፡ ኣብ ሚያዝያ ናይታ ቀዳመይቲ ሰሙን ሰንበት መዓልቲ፡ ናይ ኣደታት መዓልቲ ኮይና ንኽትክበር ተወሲና። ኣብዛ ክብርቲ በዓል፡ ውሉድ መግለጺ ፍቕሩ ንወላዲቱ ህያብ ዝህበሉ፡ ዝደመቐት መዓልቲ ሓጎስን ምጥርናፍ ቤተሰብን ክትከውን ድማ ከኣለት።

ዕላማ እዛ ክብርቲ ዕለት ዝደገፍ ኮይኑ እናሃለወ፡ በዓላት ምኽባርን ምድማቕን ዝፈትው ምዕራባውያን ግን፡ እዛ በዓል ንጥቕሞምን ረብሓኦምን ከማእዝንዋ ብምጅማሮም፡ ኣከባብራ እቲ በዓል፡ ብህያባትን ተመሳሳሊ ነገራትን ተሰንዩ፡ ብኣሽሓት ሚልዮናት ዶላር ዝንቀሳቐሰሉ፡ ናብ ንግድን ሽቀጥን ዕዳጋታት ኣስፋሕፊሑ።

እዚ ኣገባብ ንኣደታት ኣረሲዑ፡ ዕላምኡን መበገሲኡን እውን ስሒቱ፡ ነጋዶ ዝጥቅምሉ ኮይኑ ኣሎ ብምባል፡ ኣና ዳቪስ እንደገና ተቓውሞኣ ከተሰምዕ ጀመረት። ንዓመታት ብዙሕ ዓይነት ኣካይዳ ዝርኣየላ ኣበዓዕላ ሓሊፉ። ናይ ኣና ስምዒት ከኣ ኣዝዩ ተተንኪፉ። ብሞት ናይ ዝተፈልየታ ኣደኣ እናሓዘነት፡ ንሳ እውን ነዛ ዓለም ተሳናቢታታ። ኣና ምስ ኒሓ ትሕለፍ እምበር፡ ብሰናይ ተበግሶኣን ንጹር ዕላምኣን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ነዛ ዕለት ምኽባር ተለሚዱ፡ ኣደታት ዝዝከራሉ ዝኽብራሉን ዕለት ኮይኑ፡ ውሉድ ናብዚ ስለዘብጻሕክኒ የመስግነኪ እናበለ፡ ፍቕሩን ኣኽብሮቱን ዝገልጸሉ ኣጋጣሚ እናተፈጥረ እዩ።

ኣበዓዕላ መዓልቲ ኣደታት ብዘመናዊ መገዲ ኣብ ኣመሪካ ቅድሚ ምጅማራ፡ ኣብ ግሪኽን ሮማን ፈስቲቫላት ብምድላው ትጽንበል ምንባራ'ውን ይፍለጥ። ኣብ ጀርመን ካብ

1923 ጀመሩ እናተኸብረ እዩ። ኣብ ፈረንሳይ፡ ጃፓን፡ ኣውስትራልያን ካናዳን'ውን ከምኡ። ኣብ ሃገረ እንግሊዝ እዛ መዓልቲ'ዚኣ ብፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣብ መጋቢት 31 ክትክበር ከላ፡ ኣብ ሩስያ ከኣ ምስ መዓልቲ ደቀንስትዮ ተደሚራ ትዝከር። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከኣ ኣብ 8 ግንቦት ትብዓል።

እታ እንተ ተሸጊራ ዝተሓተ ዝበሃሉ ኩሉ ስራሕ ሰሪሓ፡ ፍሽኽታኣ ካብ ገጻ ከይጠፍአ፡ መኣዳ ከይጎደለ፡ ጎጆኣ ዝሕልሕል ከየበለት፡ ንውሉዳ ትዕንግልን ፍቕራ ትልግስን ኣደ፡ ሞሳ ናይቲ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ሰናይ ተግባራ እያ፡ እዛ ክብርቲ ዕለት ብስማ ተወፈያ። ኣደ ኩሉ ነገር እያ፡ መዕቆቢት፡ መማሞቕት፡ ኣብ ትሕቲ እግዝኣብሄር ናይ ወዲ ሰብ ፈጣሪት። ስለዚ ኪኖ ህያባት ኣሰኒኻ ፌስታታት ምእንጋድ፡ ነዛ ፈራይት ሊቃውንትን ተመራመርትን መሰረት ምዕባላ ሃገር፡ ዘልኣለም “ብርሃን ገዛ” ኮይና ክትነብር፡ ካብ ብትኪ ጨፈፍ እናበለ ንዑረት ዝቃላዕ ዘሎ ኣዒንታን ብሕሰም ናብራ ተጨማዲዱ ዘሎ ገጻን ኣገላጊልና፡ እቲ ንቡር ወዛ ተመሊሱ እፎይ ኢላ ብሰላም ሂወታ ትመርሓሉን ብዛዕባ ማዕርነታ ትሓስበሉን እዋን ከነጣጥሓላ ይግባእ። ዘቤታዊ መሳርሒታት ብምዝማን ምስ ተክኖሎጂ ምስ እነላልያ ከኣ፡ ናይ ቀረባ ፍታሕ'ዩ ነዛ “ብርሃን ገዛ” እዩ።

ብዛዕባ ኣደ ክልዓል ከሎ ብሕልና ዘይትንከፍ የለን። ኣደ ንዓይ፡ ኣደይ ማለት እኮ . . . እናበሉ ኣዕሊሎም ዘይዛዝምዎ'ዮ። ኣብ ሃገርና ብዛዕባ ኣደ ብሙዚቃ፡ ስእሊ፡ ግጥምን መጻሕፍትን፡ ተሳኢሉ፡ ተደሪሱን ተዘይሙን እዩ። ብዙሓት ከኣ ንሃገር ብኣደ ወኪሎም ገጢሞምላን ደሪፎምላን እዮም። እዛ ለዋህ፡ ፈቃር፡ መስተውዓሊት .. ኣደ ንዘለኣለም ንበርልና እናበልካ ሞራል ከተስንቓ፡ ዝፈጥረልካ ተዘክሮታት መወዳድርቲ የብሉን። ስለዚ ካብ ንዓይ ንውላደይ እናበልክን ኣብ ዝብጻሕ ዘብጻሕክን ኣደታት፡ ደስ ይበልክን ከቢርክን ብኽብረት ንበራልና ንበለን በዚ ኣጋጣሚ።

******

# ብጽሒት ዋዕሮ

ኮ/ል ኪዳነ እንድርያስ

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጋዜጠኛ ማና ኪዳነ ኑብሱ ይምሓሮ ንኑብስሄር ኣቦይ ስራጅ መሓመድ በዓል ማይ ጎዱፍ ሰራውስ (ከባቢ ሰንዓፈ)፡ ኣብ ተሌቪዥን ኤርትራ ዓዲማ ቃለ መጠይቕ ተካይደሉ ኣብ ዝነበረት ኣጋጣሚ፡ ሃንደበት ብዝመስል ኣቀራርባ "ኣቦይ ስራጅ ሓሳባት ኣቢይን መዓስን እዩ ዝመጻኩም?"፡ ክትብል ንዘቕረበትሉ ሕቶ፡ "ኣብ ንእዲ" ክብል መሊሱላ በቲ ቅልጡፍ ተረካቢ ላዛ ዝመልኦ ኣዘራርባኡ። እወ “ኣብ ንእዲ” ኩሉ ፍጡር መመዕረፊኡ ምስ ሓዘ፡ ካብ ኩሉ ጋዕገልጠም፡ ጫውጫውታን ረበሻን ናይ'ዚ ዓለም ነጻ ኣብ ዝኾንካሉ ናይ ጸጥታን ሩፍታን ግዜ።

ተመሳሳሊ ብዝመስል ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ቦታአን ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ፡ ህላወን ቀጻልነትን ናይዚ ሃገር ምስ ዘተኣማምን ጸጥታኡን ነባሪ ውሕስነቱን ወዘተ. ክጥርንፎ ዘይከኣልኩ ግን ክለዓል ዘለዎ ሓሳባት መጺኡኒ። መበገሲ ናይ'ቲ ሓሳብ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ዳግም ዘንበብኩዋ "ክልተ ቅነ ኣብ ድፈዓት" ናይ ኣለም ሰገድ ተስፋይ መጽሓፍ እያ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1996 ዝተጻሕፈት ጽሕፍቲ ከይኮነት ኣይትተርፍን። ኣብ መጽሓፉ ካብ ዝጠቐሰን ሸሞንተ ዝኾና ደቀንስትዮ እተን ኣርባዕተ ተሰዊአን (ለተብርሃን፡ ኣልማዝ፡ ገነት ቹቹን ብሳጓኣ ዝዘከራ ሳንዳይ ሆን) ነተን ድሕሪ ወርሒ ኣቢሉ፡ ልክዕ ንምኻን 24 መስከረም 1985 ብደብዳብ ነፈርቲ ምስ 11 መበል 12 ሕጻን ራካል ተኸሉብርሃን ኣብ ሃገር ዝተሰውኣ ብዝሓን ተመሳሳሊ ኣርባዕተ ደቂ ኣሃዱየይ ኣባላት ምልክት (ኤልሳ ተኽለ፡ ኣኽበረት ፍስሓ ብጓል ፈሲሕ ዝብል ሳጓ ትፍለጥ፡ የሺ መስፍንን፡ ብርኽቲ ኣምለሶምን) ስለ ዝዘከርኩ'ውን ክኸውን ይኽእል።

ተራ ደቀንስትዮ" ካብ በልና፡ ስለምንታይ ኢና ብማዕሪኡ "ተራ ደቂ ተባዕትዮ" ዘይንብል ዝብል ምጉት ከኣ ነቲ ዝመጸኒ ሓሳባት ተጎዝጊዝዎ መጺኡ። "ተራ ደቂ ተባዕትዮ" ክንብል ደኣ ዘየምሕር! ምኽንያቱ ናይ ክልቲኡ ጾታ ግደ ዝወዳደር ኣይኮነን። ከምኡ ዘይንብል ናይ ደቂ ተባዕትዮ ተራ "ብጽሒት ኣንበሳ" ስለዝኾነን ናይ ደቀንስትዮ እኳም ንኡስ ስለዝኾነን ድዩ? ዝብል ዘይብሱልን ዝሕርኽኽን ሓሳባት ዘይተፈታተነኒ'ውን ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ግን ኣበርክቶን ግደን ናይ ክልቲኡ ጾታታት ምስ ግዜን ታሪኽን ብረታዊ ቃልሲ ኣዛሚድካ ንምርኣይ እምበር ንምውድዳር ኣይኮነን ክብል ደምደምኩ። ብዓንደ ርእሱ ምውድዳሩ ዝከኣል'ውን ስለዘይኮነ። ከም ዓለመን ፍርቂ ቁጽሪ ናይቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ምሓዘን ጥራይ ዘይኮነ ግደአን ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ዝለዓለ ምኳኑ ካብ ተኣምነሉን ጭቡጥ ካብ ኮነን ግን "ተራ" ኣብ ክንዲ ምባል "ወሳኒ ተራ" ብዝብል ምሉእ ሓሳብ እንተዝትካእ ዝበለጸ ምኾነ፡ ዕላምኡ መታን ብግቡእ ክሃርምን ናይ ኣረኣእያ ጽልግልግ ንምእላይን።

ኣብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብጾተን ብምዝማድ ገምጋም ብዝሒ ደቀንስትዮ 30%፡ ዳርጋ ሓደ ሲሶ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣነ ዝበዝሐ ገድላዊ ዕድመይ ዝሰራሕኩሉ ኣሃዱ ክፍሊ ምልክት'ውን ተመሳሳሊ ከምኡ እቲ ምጣነ ሓንቲ ንሰለስተ። ቁጽሪ ንበይኑ ግን ነቲ ሓቂ ክገልጽ ብቑዓት የብሉን። መጋገዲን መደናገርን ዘይኮነሉ ምኽንያት'ውን የለን። ብዝሕን ኣድማዕነትን ክልተ በበይኑ ኣምራት ወይ መዳያት ናይ ኣበርክቶ ስለዝኾነ። "ኣይትርብሑ'ምበር ኣይትብዝሑ ኣይመርገምን" ዝብል ምስላ ኣበዋት ምዝካሩ'ውን ኣገዳሲ እዩ። መስርዕ ገድሊ ህዝባዊ ግንባር እቲ ልሙድ ብዝሓ 12-15 እዩ ዝነበረ እንተኢልና ብዘይ እተን ኣብታ መስርዕ ክህልዋ ትጽቢት ዝግበረለን 2-3 ደቀንስትዮ እታ መስርዕ ሂወት የብላን። ብኡ መንጽር እታ ጋንታ'ውን ብዘይ 8-10

ደቀንስትዮ ልምስቲ እያ። ንላዕሊ ገጹ ከምኡ እናበለ ይድይብ። ምስ ናይ ጸላኢ ብዝሒ ሰራዊት ብምዝማድ ሓደ ንዓሰርተ ተዋጊእና ኢና ስዒርና ካብ በልናን ጨቢጥ ሓቂ ካብ ኮነን፡ ብዕሸር ከምእንራባሕ ዝገበራ ደቀንስትዮ እየን እንተበልኩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐኩ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ብፍላይ እቲ ዝጸንከረ ውግኣት ድሕሪ ምዝላቕ (ክሳብ ናጽነት) ደቀንስትዮ ሓደ ሲሶ ናይ ተጋዳላይ ብዝሒ ዝሓዘሉ ምንባሩ ኣብ ግምት ምስ እነእቱ፡ ብናይ ሕብረተሰብና ለባምን ትዕዝብታዉን ኣገላልጻ፡ እንተ ብሞት እንተ ብስእነተ-ስኒት (ፍትሕ) ትፈለ፡ ሰበይቲ ዘይብሉ ገዛ "ቤተ-ልቦ" እዩ ዝበሃል።

እቲ ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዘካየዶ ነዊሕን መሪርን ምርብራብ ብዘይ ደቀንስትዮ ክሕሰብ'ውን ኣይምተኻእለን። ውዳበኡ፡ ሓድነቱ፡ ስኒቱን ሞራሉን ረማዕማዕ ምበለ። ፍርቂ ጎድኑን ኣካላቱን ተሰሊዑ ከኣ ቃልሱ ብፍጹም ኣይምተዓወተን ክብል'ኳ እንተዘይደፈርኩ ብርግጽ ቃልሱን ገድሉን ብዕጽፊ ምተናውሐ ወይ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካልእ መልክዕ ምሓዘ። ኣነ'ሞ ምልክት ስለዝነበርኩ ስራሕ ምልክት ብዘይ ደቀንስትዮ ክሓስቦ'ውን ኣይክእልን። እቲ ተባላዒ ጽምዋ ታባ ኦማል ከባቢ ሳዋ፡ ናብ በረድ ዝቕየር ቆርበት ዝቐልጥ ቀዝሒ ጎቦ ሃገር፡ ሃው ኣቢሉ ዘጽድፍ ህቡብላ ንፋስ ታባ ዓይገት,፡ (ጫንቃ ማይ ንምቅላል ምስ ዝግበር ቃልሲ ተደሚሩ)፡ ክሳብ ናጽነት ንነዊሕ ዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ዝተሰፍረ ብኹሉ መኣዝን ብጸላኢ ዝተኸበ 'ናይ መሬት ደሴት' ዝምሰል መደበር ኣባሓኒ፡ ምስ ኣናብስ ተመሓዚኻ መነባብሮ ኣብ ጎቦ ቦቢ-ምዕራብ ኤርትራ ወዘተ...... ብዘይ ህላወ ደቀንስትዮ ክሕለም'ውን ኣይከኣልን። (ድሕሪ ተበግሶ ናይ 1980 ናይ ሓንቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 23 ደቀንስትዮ ብምኽንያት ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ንሰሚናር ካብ ድፋዕ ወሪደን ኣብ መገሻአን ሳልስቲ ስለዝጸንሓ ኣብታ ቦጦሎኒ ዝሰፈነ ጽምዋን ናይ ዝኽትምና ሰንፈላልን፡ ከቢድን ዘይጽወርን ምንባሩ ናይ ሽዑ ቅነ እዋናውን ዓቢ ዛዕባን ኮይኑ ምውርሑ ይዝከረኒ።)



ክልቴና ጾታ ሰባት ንኹን እምበር ብመሰረት ጾታዊ ፍልልይና፡ ፍልስፍናና፡ እጃምና፡ ኣበርክቶና፡ ቦታናን ኣጠማምታናን ኣብ ብዙሕ መዳያት ሂወትን ኣካይዳን ፍልልያት ኣለና። ስለምንታይ እየን ደቀንስትዮ ተጋደልቲ ናብ ጸላኢኣን ዘይስልማ?? (ፍጹም! ንኸይበሃል ብጀካ ንፈውሲ ማሕላ ብጻብዕቲ ዝቑጸራ) እተን ብምውርራስ ቦታ ምስ ጸላኢ፡ ኣማራጺ ብምስኣን ይኹን ብምድህላል፡ ብመውጋእቲ ይኹን ብድኻም ኣብ ኢድ ጸላኢ ወዲቐን ዝማረኻ ደቀንስትዮ፡ እተን ናይ ማእሰርቲ ዕድል ዘጋጠመን ስለምንታይ እየን ጽባሕ ካብ ማእሰርቲ ዝወጻሉ ሰዓት ናብ ብጾተን ክምለሳ ዝህንጠያን ዝምለሳን? መርኣያ ፍሉይነትን ዘኢትነገር ምስጢርን ደቀንስትዮ እዩ። ዓለንስተይቲ ፍቕሪ እያ፡ ዓለንስተይቲ ልግሲ እያ፡ ዓለንስተይቲ ትብዓት'ያ፡ ዓለንስተይቲ ቆራጽነት'ያ፡ ዓለንስተይቲ ጽንዓት'ያ፡ ዓለንስተይቲ ነካስ'ያ፡ ዓለንስተይቲ ስራሕ'ያ፡ ዓለንስተይቲ ጽርየት እያ፡ ዓለንስተይቲ ጺጋ ሞራል'ያ፡ ዓለንስተይቲ ማሙቕ'ያ፡ ዓለንስተይቲ ሓብሓቢት'ያ፡ ዓለንስተይቲ ፈራይትን ተካኢትን'ያ፡ ዓለንስተይቲ ቀልጢፋ ናብ ዝነበረቶ ናይ ምምላስ ብቕዓት ዝተዓደለት ፍጥርቲ እያ (resilience)፡ ዓለንስተይቲ ጸሓይ'ያ፡ ዓለንስተይቲ ወርሒ'ያ፡ዓለንስተይቲ ኮኾብ'ያ፡ እወ ኮኾብ፥ ኮኾብ ምሸትን ጽባሕን! ወዘተ። ስለዚ እዚ ሕላገታት'ዚ እትውንን እሞ ሓደ ሲሶ ናይቲ ምሉእ ምስ ዘይትህሉ ህላወ ናይቲ "ምሉእ" ምተሓስበን ምተሓልመንዶ? ኣይመስለንን፡ ኣረ ብፍጹም ክኸውን ዘይክእል ነገር እዩ ኣፍካ መሊእካ ትዛረበሉ ሓቂ።

ብጀካ በጻብዕቲ ዝቑጸራ፡ ክሳብ መፋርቕ ሰብዓታት ደቀንስትዮ ኤርትራ ንብረታዊ ቃልሲ ኣይተጸንበርኦን። ኣብ ግዜ ጀብሃን መስፍናዊ ኣተሕሳስባኣን ኣካይዳኣን ክሕሰብ'ውን ኣይከኣልን ንጭቡጥን ፍሉጥን ምኽንያታት። ካብ ምምስራት ክሳብ መፋርቕ 70ታት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ክልተ ብልሒ ተቐርቂሩ ህላወኡ ንምርግጋጽ ትልኽ ይብለሉ ኣብ ዝነበረ ናይ ሞትን ሕየትን ዓመታት፡ ከም መትከሉን ዕላምኡን ንኹሉ ህዝቢ ወዲቡ ከንቅሕን ከዕጥቕን ወድዓውን ባዕላውን ኩነታት ዘፍቅደሉ ኣይነበረን። ካብ ምትሓዝ ከተማታትን ሰፊሕ ሓራ መሬት ምቁጽጻርን ምጅማር 1977 ንደሓር ግን፡ ምስ ዝሰዓበ እስትራተጂካዊ ምዝላቕ ዝንቕ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብመሰረቱን ብዓይነቱን እዩ ተቐዪሩ። ንድሕሪት ክምለስን ብኻልእ ቅማረ ክቕየርን ክትካእን ክሳብ ዘይከኣለሉ ደረጃ። ካብዚ ንድሓር ናጽነት ዘምጽአ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባርን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ዓሉ-ወዱ፡ ከም ሓደ ምሉእ ደኣ'ምበር "ተራ" ናይቲ ሓደ ወይ ናይቲ ካልእ ኢልካ ትፈላልዮ ኣይኮነን። መን ደኣሉ ካብ መን ንኢሱ ወይ ጸብለል ኢሉ ብጽሒት ኣንበሳ ዝወሰደ? እቲ በዓል ፋረ ተባዕታይ ኣንበሳ ዝምንጥሎ ዝዓበየን ዝበለጸን ግናዕ'ከ እታ ዋዕሮ ብድፍረትን ብልሓትን ዝሃደነቶ ምኳኑ ይፍለጥ ደዩ? ክምለስ ዘለዎ ዓቢ ሕቶ ምልክት እዩ!

# ደቀንስትዮ ዓለም

## 44 ቈልዑ ዝፈረየ ሊጋስ ማህጸን!

ተስፋኣለም የማነ

መርየም ናባታንዚ እያ እትብሃል። ዩጋንዳዊት እያ። ሕጂ ጓል 42 ዓመት ኮይና ኣላ። ኣብ ዓዳ፡'ማማ ዩጋንዳ' ብዝብል ቅጽል-ስምʼያ ዝያዳ ትፍለጥ። ኣብዚ 21 ክፍለ-ዘመን፡ ኣብ ዓለም ብፍርያምነታ መወዳድርቲ ኣይረኸበትን ዘላ። ኣብ ዉሽጢ 23 ዓመት፡ 16 ኣዋልድ ዝርከባኦም 44 ቈልዑ ወሊዳ። 38 ካብኣቶም ዓብዮም፣ ዝተረፉ ሽዱሽተ ግን ሞይቶም። እቶም ቀዳሞት (በኹሪ) ደቃ ሕጂ ደቂ 28 ዓመት፡ እቶም ዝነኣሱ ድማ ደቂ ሽዱሽተ ዓመት ኮይኖም ኣለዉ።

መርየም፡ ንኹሎም ደቃ ኣብ 15 ግዜ ሕርሲʼያ ወሊዳቶም። እዚ ማለት፡ 5 ግዜ ኣርባዕተ፡ 5 ግዜ ሰለስተ፡ 4 ግዜ ማንታ፡ ሓንሳብ ድማ ሓደ ቈልዓ ወሊዳ። መርየም፡ ገና መዓንጣ ዘይቈጸረት ጓል 12 ዓመት ቈልዓ እንከላʼያ ኣብ ሓዳር ተቘሪና። ስድራኣ ርቡሕ ገዛሚ ክረኽቡ ክብሉ፡ ምስ ሓደ ብ38 ዓመት ዝዓብያ ርኹብ ሰብኣይ ኣብ 1993 ኣገዲዶም ኣመርዕዮማ። ተሓለቕቲ መሰላት ደቀንስትዮ ግን፡ "ተዋግዮም ሸይጠማ" እዮም ዝብሉዎም። ኣብ 1994 ማንታ ቈልዑ ብምውላድ ከኣ፡ ኣብ 13 ዓመት ዕድሚኣ ኣደ ኮይና። ኣብ መበል 36 ዓመት ዕድሚኣ ድማ፡ ኣደ 44 ቈልዑ ኮይና።

መርየም፡ 'ደይሊ ሞኒተር' ምስ ዝተባህለት ጋዜጣ ኣብ ዝገበረቶ ቃለ-ምሕትት፡ ኣቦኣʼውን ካብ ዝተፈላለያ ኣንስቲ 45 ቈልዑ ከምዝወለደ ገሊጻ ነይራ። "እተን ኣቦይ ዘእተወን ኣንስቲ፡ ብሓደ ግዜ ካብ ማንታ ንላዕሊ ቈልዑ ዘይወለደት የብለንን፡" ክትብል ድማ ወሲኻ ሓቢራ ነይራ።

መርየም፡ ብዓል-ቤታ ስለዝገደፋ፡ ነዞም ኩሎም ቈልዑ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ እንግድዓኣ እዩ ወዲቑ። ኣብ እዋን ሕርሳ እናሻዕ ዝስንብድን ዝጭነቕን ዝነበረ ብዓል-ቤታ፡ ካብቲ ሓላፍነት ንምህዳም ኢሉʼዩ ናይ መወዳእታ ነፍሰ-ጾር እንከላ ጠፊኡ። እቲ ንዓኣ ዝያዳ ዘጕሃያ ግን ምጥፍኡ ዘይኮነ፡ ኣብ ካሳ ዝነበረ ቅሙጥ ገንዘብ ሳንቲም ከይገደፈ ጓሕጕሑዎ ምኻዱʼዩ ነይሩ። መርየም፡ ኣብዚ እዋን ደቃ ጥራይ ኣይኮነትን ተዕቢ ዘላ። ገለ ካብ ደቃ ተመርዕዮም ስለዝወለዱ፡ እንተላይ ደቂ-ደቃን ኣንስቲ ደቃን እዮም ምስኣ ኣብ



ሓደ ገዛ ተጻፊጺፎም ዝነብሩ ዘለዉ። በዚ ምኽንያት፡ ብጠቕላላ ን66 ትንፋስ ናይ ምንባይ ሓላፍነት ተሸኪማ፡ ምስ ብድህታት ህይወት ክትጠማጠም ግድን ኮይኑዋ ኣሎ። ካብታ ዋና-ከተማ ዩጋንዳ ዝኾነት ካምፓላ፡ ንሰሜን ኣስታት 50 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ 'ካሳዎ' ዝተባህለት ቁሸት ከኣ ትነብር ኣላ።

መርየም፡ ንደቃ፡ ደቂ-ደቃን ኣንስቲ ደቃን ብኽመይ ትጥዉሮም ኣላ ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድንʼዩ። ብመሰረት እቲ ንጋዜጣ 'ደይሊ ሞኒተር' ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ዋላʼኳ ዝሕግዙዋ ገለ ገበርቲ ሰናይ እንተሃለዉ፡ ናታቶም ሓገዝ ንበይኑ ስለዘይኣኽላ፡ ግዜኣ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ኣብ ምዕያይ ከተሕልፎʼያ ትግደድ። ትቕንን፣ ዳስ ትሸልም፣ ክዳውንቲ ትሰፊ፡ ካብ ፈቖዶ እንዳ-ጕሓፍ ቁርጽራጽ ሓጻውን እናኣረየት፡ ባህላዊ መስተ እናጸምቐትን ባህላዊ መድሃኒት እናኣቃመመትን ትሸይጥ፣ ወዘተ። ከምኡ ገይራ ከብዶም ተዐንግሎም፡ ተምህሮም፡ ትኸድኖምን ተሐክሞምን። መዓልታዊ ብውሕዱ 25 ኪሎ ዕፉን ኣብሲላ እንተዘይ ግዒታትሎም፡ "ማማ! ጠሚና" እናበሉ የናውጹዋ። ብሰንኪ ዘለዋ ስእነት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓራት፡ ልዕሊ ሽዱሽተ ቈልዑ ተጻፊጺፎም ይድቅሱ። ሕጂ ግን፡ ገለ ካብʼቶም ቀዳሞት ደቃ፡ ድሮ ተማሂሮም ብዲፕሎማን ዲግሪን ክምረቑ ስለዝጀመሩ፡ ነቲ ተሰኪማቶ ዘላ ከቢድ ጾር ኣብ ምፍኻስ ክሕግዙዋ ተስፋ ኣሕዲራ ኣላ።

መርየም፡ ካብ 6 ንላዕሊ ቈልዑ ክትወልድ ድሌት ይኹን መደብ ኣይነበራን። ኣብ 23 ዓመት ዕድሚኣ 25 ቈልዑ ምስ በጽሐት ግን፡ ብኩነታት ጥዕና ማህጸና ክትጠራጠር ጀሚራ። ናብ ሕክምና ብምኻድ ከኣ፡ ሓካይም ንማህጸና ኣብ ምዕጻው ክተሓጋገዙዋ ኣብ እግሮም ተንበርኪኻ ለሚናቶም። እንተኾነ፡ ማህደር እንቋቑሖኣ ዘይንቡር ግዝፊ ሒዙ ገና ብዙሕ እንቋቑሖ የፍሪ ስለዝነበረ፡ ሓደገኛ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከየኸትለላ ሰጊኦም ድሌታ ከፈጽሙላ ኣይከኣሉን። ኣብ ክንድኡ፡ ምውላድ ክትቕጽል ምዒዶም ኣፋንዮማ። ብድሕሪኡ 19 ቈልዑ ምስ ወሰኸት ግን፡ መጥባሕቲ ገይሮም ማህጸና ብቐዋምነት ዓጽዮሞላ።

መርየም ናባንታንዚ፡ ብሕጂ ደኣ ሓጕስን ቅሱንን ህይወትን ይፍጠረላʼምበር፡ ዉልድ ካብ እትብል ጀሚራ ምስ ስቅያትን መከራንʼያ ተመሓዝያ ትነብር ዘላ። ኣደኣ፡ ገና ጓል ሰለስተ መዓልቲ ናጽላ እንከላʼያ ምስ ሓሙሽተ ኣሕዋታ ኣብ ሕቝፊ ኣቦኣ ጠንጢናታ ከይዳ። እዚ ከይኣክል፡ ሰይተቦኣ እውን ነቶም ህጻን እንከላ በብተራ 'ታተ' እናበሉ ዘሐንቅቑዋ ዝነበሩ ኣሕዋታ ብኣዝዩ ኣሰቃቒ ኣገባብ (ዝተደራቐመ ጥርሙዝ ኣብ መግቢ ነስኒሳ ብምሃብ) ንሓሙሽተኦም ቀቲላቶም። እቲ ልዕሊ ኩሉ ኣብ ኣእምሮኣ ዘይሃስስ በሰላ ገዲፉ ወትሩ ዘሳቕያ ዘሎ ከኣ እዚʼዩ።

# ስፖርት

## ፈላሚት ፕረዚደንት ዓንኬል ደያኑ ብሽክለታ

ኣሚን ተስፋይ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ 2023 ብ23 - 25 ሰነ 2023 ኣብ ኣስመራ ምኽያዱ ይፍለጥ። ነዚ ኣህጉራዊ መለክዒ ዝማልአ ውድድር ምድላውን ምምራሕን ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድሊ ዘይከሓድ እዩ። ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ይኹና ካልኦት ብዙሓት ሃገራት፡ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንምድላው ኮምሽነራት ወይ ወደብቲ ካብ ግዳምየን ዝዕድማ። ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ግን ናይ ገዛእ ርእሱ ኮምሽነራት ኣሰልጢኑ ይርከብ። ነዚ ዝተጠቕሰ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ብመንእሰይ ፕረዚደንት ዓንኬል ዳንነት ሚርያም ሃብታይ'ዩ ተመሪሑ።

ዝበዝሐ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ውድድራት ቢታ ንማሕበር ብሽክለታ ዓለም UCI (International Cycling union) ወኪላ እትመጽእ ኢዛቤላ ፍራንኮ እዩ ዝዳነ ነይሩ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሸውዓተ ዓመታት ግን እቶም ዝሰልጠኑ ብማሕበር ብሽክለታ ዓለም (UCI) ኣፍልጦ ስለዝረኸቡ፡ ውድድራት ዓለም ለኻዊ ሕጋጋት ብዘማልአ ስርዓት ባዕሎምዮም ዝመርሕዎ ዘለዉ።

ንኻልኣይ ግዜኣ ንውድድር ሻምፕዮን ብሽክለታ ኤርትራ፡ ፕረዚደንት ዓንኬል ዳንነት (ኮምሽነር) ኮይና ዝመርሐት ወይዘሮ ሚርያም ሃብታይ፡ ኣብ ታሪኽ ብሽክለታ ሃገርና ተመዝጊባ ዘላ ኣብነታዊት ጓለንስተይቲ እያ። ተመኩሮ መንእሰይ ሚርያም ካበይ ናበይ እዩ፡ ብሓፈሻ ንሕብረተ-ሰብ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት ደቀንስትዮ ጠቃሚ ኮይኑ ስለ ዝረኸብናዮ፡ ጽማቕ ትሕዝቶኡ ቅድሚ ምቕራብ፡ ንሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ኣቶ ተኽለት ይስሓቕ (ሳንድያን) ነዚ ጽሑፍ ኣብ ምድላው ንዝገበረልና ልዑል ምትሕብባር ነመስግን።

ሚርያም፡ ካብ ስውእ ተጋዳላይ ሃብታይ ተኽለን (እስራኤል)ኣዲኣ ተጋዳሊት ምጽላል ከሓሰን ኣብ ሂምቦል (ሳሕል) ብ24 ግንቦት 1989 ተወሊዳ። ሚርያም ዓዲ ክልተ ዓመት ምስ ኮነት፡ ጻማ ወለዳን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ናጽነት ስለዝተበሰረ፡ እግሪ ተኸሊ እያ ናብ ኣስመራ ኣትያ። ብመውዓሊ ህጻናት ዝጀመረ ጉዕዞ ትምህርታ፡ "ትምህርቲ ደረት የብሉን፡" ብዝብል እምነታት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት ብፍላይ ድማ ኣብ ስነ-ቛንቋ ኣድሂባ ብተገዳስነት ተቐጺሉ ኣላ። ከም ውጽኢቱ ብዘይካ ቛንቋ ኣደኣ ትግርኛ ኣርባዕተ ቋንቋታት ማለት እንግሊዝ፡ ጣልያን፡ ፈረንሳይን ስፓኛን ኣጽኒዓ።

ካብ ቀኍልዕነታ ፍቕሪ ስፖርት ዝሰረጸ መንእሰይ ሚርያም፡ ተማሃሪት ከላ ኣብ ጉያ እግሪን ኩዕሶ እግሪን ትነጥፍ ነይራ። ኣብቲ እትብህንዝነበረትደረጃኪይበጽሐትግንብጸገም ጥዕና ካብ'ቲ ዓውዲ ክትፍለ ተገዲዳ። ለውጢ እንተኾና ናብ ብሽክለታ ዘንበላ፡ ቅድድም ብሽክለታ'ውን ኣይሰመረላን። እናተለማመደት ከላ ሓደጋ ስለዘጋጠማ ካብ ባህጋ ተኾሊፉ።

መንእሰይ ሚርያም ኣብ መበል 22 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብ2008 ግቡኣ ንምፍጻም ሳዋ ወሪዳ። ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ትምህርታ ተኸታቲላ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ዓቕሚ ሰብ (ፐርሰናል) ተመዲባ ድማ ኣገልግሎታት ፈጺማ ተሰናቢታ። ድሕሪኡ ኣብ ዋርሳ ኢንተርፕራይዝ ከም ጸሓፊት፡ ኣብ መገዲ ኣየር ኤርትራ ኣባል ስፔስ ኮንትሮል፡ ግሎባል ሎጂስቲክስ ኣብ ገዛ -ገዛ ድማ ንበርክት ዝበሉ ቈልዑ ናይ ገዛ ትምህርቲ ኣብ ምምሃር ነጢፋ።

2011 ሚርያም ናብ'ቲ እናበሃገቶ ብዝተፈላለየ ጸገማት ዝተፈለየቶ ዓውዲ ስፖርት ዝተመለሰትላ ዓመት እያ ነይራ። ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ኣብ ኣስመራ ዝተኣንገደሉ ግዜ እዩ። ሚርያም ነቶም ቋንቋ ፈረንሳ ዝዛረቡ ወጻእተኛታት ተቐዳደምቲ ከተስተርጉምን መደብ ክትመርሕን ዕድል ረኺባ። ዕዮኣ ድማ ብግቡእ ዛዚማ። እዚ ዕድል'ዚ ድማ ብፌደረሽን ብሽክለታ ተጠማቲት ክትከውን በሪ ከፊቱላ።

ንወኒን ኒሒን ሚርያም ዝያዳ ዝኹሕኲሐት 2013 እያ። እዛ ዓመት ዙር ኤርትራ ዝተኣንገደላ እያ ነይራ። እቲ ውድድር ብኣህጉራዊት ዳኛ ኢዛቤላ ፍራንኮ ፈርናንደስ እዩ ዝምራሕ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሚርያም ነዚ ሕጂ 10 ዓመቱ ዘብዓለ ወዳ ጥንስቲ እያ ነይራ። ብሰንኪ ጥንሲ ግን ካብቲ ዝረኸበቶ ዕድል ኣይተረፈትን። ኣብ መዛዘሚ ዝነበረ ውድድር ከም ሬድዮ ቱር ኮይና ሰሪሓ። ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ክትዓት ምስ



ተላዕለ፡ ዳኛ ኢዛቤላ ብቕኍጥዐ ነቶም ዝምጉቲቶዋ ዝነበሩ ብንድሪ "ካባኻትኩም ሕጋጋት ዩሲኣይ ዝፈልጥ የለን!" ክትብሎም ምስ ሰምዓታ፡ "እዛ ሃገር ከምቲ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኣፍርያ ዘላ፡ ብሉጻት ደያኑ ከም እተፍሪ ከነርእያ ኣለና" ኢላ ውልቃዊ ተበግሶ ክትወስድ ምስ ገዛእ ርእሳ ቃል ኣተወት። ወላዲታን በዓል ቤታ ኣቶ ሰመረ ባህታን ዳኛ ክትከውን ከምእትደሊ ብምግላጽ ኪድገፉዋ ኣእመኑዋ። ኣብ 2014 ከኣ ውላዳ ወዲ ሓደ ዓመት ከሎ፡ ናብ ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ከይዳ ስልጠና ዳንነት ክትወስድ ከም እትደሊ ተወኪሳቶም። እንተኾነ ግን "ስልጠና ንኣባላት ፌደረሽን ጥራይ'ዩ ዝምልከት" ዝብል መልሲ ተዋህባ።

ሚርያም፡ ኢዳ ኣይሃበትን። ኣብ ምርጫ ፈጻሚት ፌደረሽን ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተወዳዲራ። ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ሓላፊት ምክትታል ጒዳያት ደቀንስትዮ ናይ'ቲ ፌደረሽን ብምዃን ከኣ ንኣርባዕተ ዓመታት ወለንታዊ ኣገልግሎት ክትህብ ተመሪጻ። ኣብዚ ዞባዊ ፌደረሽን ከላ ብ2016 ኣብ ዛምብያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሰለስተ መዓልታት ኣብ መሪሕነት ዘተኮረ ስልጠና ንደቀንስትዮ ንኽትሳተፍ ዕድል ረኺባ። ኣብ'ዛ በኹሪ ናይ መገሻ ዕድል ዝረኸበትላ ዓመት፡ ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ብደቀንስትዮ ክትውዳደር ዕድል ስለ ዝረኸበት መንእሰይ ሚርያም ከም ኣላዪት ኮይና ናብ ቐጠር ገይሻ።

ሚርያም፡ ሽቶኣ ክሳብ እትወቅዕ በርቲዓ

ሰራሓ። ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ 2018 ከአ ሓላፊት ምክትታል ጉዳያት ደቀንስትዮ ኮይና ተመሪጻ። ኣርባዕተ ዓመታት ድሕሪ ምስራሓ፡ ኣብ 2023 ኣብ ዝነበረ ምርጫ ሓላፊት ዳንነት ኮይና ኸትወዳደር ኣመልኪታ። ሚርያም፡ ኣብ ዳንነት ተመኩሮ ኣጥርያ ስለ ዝጸንሐት፡ ንመወዳድርታ በሊጻ ቀዳመይቲ ጓለንስተይቲ ሓላፊት ዳንነት ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ክትከውን ብምብቃዕ፡ ክሳብ 2027 በዚ ሓላፍነትዚ ከተገልግል ተመሪጻ ኣላ።

ሚርያምዝተፈላለየስልጠናታትብምውሳድ ብቕዓት ክብ ከተብል ዝኸኣለት እያ። ኣብ 2014 ብደረጃ ዘባ ናይ ዳንነት ስልጠና ክትቀስም ከላ፡ ኣብ 2017 ብደረጃ ሃገር (National Level)፣ ኣብ 2018 ከኣ ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ዝተዋህበ ሃገራዊ መቀራረቢ ፈተና (Nationa Elite) ምስ ሽዱሽተ ደቂተባዕትዮ በይና ጓለንስተይቲ ተሳቲፋ።

ሚርያም ክልተ ዝጫፈቱ ባህርያት ኣለዋ። ፈቃር/ተራር፡ ርህርህቲ/ወሳኒት፡ ሰሓቒት/ሓራቕ፡ ብዘይ ሕብእብእ ቅኑዕ ኢላ ዝኣምነትሉ ትድርጉሖ ናይ መትከል ሰብ። ዝተዋህባ ስራሕ ብጽፈት ከየሳለጠት ኣይትድቅስን። ኣብ ግዜ ዕረፍታ ምስ ውላዳ እተሕልፎ ግዜ ድማ ዝያዳ ትብህጎ። ሚርያም ምሉእ ብምሉእ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሳ ዓለም እትነብር፡ ንውሽጣ ሰሚዓ እትጓዓዝ ሰብ እያ። ናይ ገዛእ ርእሳ ቅዲ ኣከዳድና ንኸተዘውትር ከኣ ሓጊዝዋ። ንባንዴራ ኤርትራ ዝውክል ምልክታት ዘለዎ ክዳውንቲን ስልማትን ካብቲ ተዘውትሮም ኣለባብሳ እዩ።

ሚርያም ደረጃ ትምህርታን ተመኩሮኣን ኣዕቢያ ኣህጉራዊት ዳኛ ኮይና ክትዓዪ ራእይ



ኣለዋ። ኣብ ብሽክለታ ፍሉያት ጦብላሕታታት ወይ ትዝታታት ዝፈጠሩላ ክትገልጽ ከላ፣ ኣብ 2013 ፈለማ ኣብ ሬድዮ ቱር ዝሰርሓትሉ፣ ኣብ ዙር ኤርትራ 2016ን 2017ን ኣብ ሬድዮ ቱር ተመዲባ ዝዓየየትሉ፣ ኣብ 2017 ሻምፕዮን ኤርትራ ናይ ፈለማ ጓለንስተይቲ ካልኣይቲ ዳኛ ኮይና ውድድር ምምራሓ፣ ኣብ 2018 ሻምፕዮን ኤርትራ ናይ ፈለማ ጓለንስተይቲ መላእ ሻምፕዮን ኤርትራ ፕረዚደንት ዓንኬል ደያኑ ኮይና ምስራሓ፣ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝተኣንገደ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መዘዘሚ ናይ ጽርግያ ውድድር እቲ ብሰለስተ ደቀንስትዮ ዝተመርሐ ውድድር ፕረዚደንት ናይ ዓንኬል ዳንነት ኣህጉራዊት ዳኛ ኢዛቤላ ፍራንኮ፡ ካልኣይቲ ዳኛ ባዕላ ሚርያም ሃብታይን ሳልሰይቲ ሞሮካዊት ዝመርሐኦ ውድድር ምንባሩ፣ ኣብ 2022 ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ስልጠና ዳንነት ን15 ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃበሉ፡ መምህር ኮይና ምስራሓ፣ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ንኻልኣይ ግዜኣ ፕረዚደንት ዓንኬል ዳንነት (ኮምሽነር) ኮይና ነቲ ኣህጉራውያን (ፕሮፈሽናል) ተቐዳደምቲ ዝተሳተፉዎ ውድድር ብዓወት ምዝዛማ፣ ንውድድር መላእ ኣፍሪቃ 2019 (ሞሮኮ)ን ንዙር ሩዋንዳ 2023ን ንሃገራዊት ጋንታ መሪሓ ምኻዳ ካብቶም ኣብ ህይወታ ብሓጎስ እትዝክሮም ፍጻመታት እዮም።

ካብ ዘጕሃዩዋ ፍጻሜታት ከኣ፣ ኣብ 2018 ሓላፊት ዳንነት ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ዝነበረ ዓብዱሰላም ስራጅ፡ "ንመላእ ሻምፕዮን ኤርትራ ኽትመርሕ ብቕዕቲ'ያ" ኢሉ ዝሓጸያ፡ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ብሕማም ኣብ ሱዳን ምስውኡ ኣብ ኣእምሮኣ ዘይሃስስ ዝኽሪ ዝገደፈላ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ ነታ ታሪኻዊት ዓመት ንስዉእ ዓብዱ ሰላም ወፍያታ።

ሚርያም ካብ'ቶም ምስኣ ዳንነት ዝተማሃሩ፡ ኣፍልጦ ብሽክለታ ስለዘይነበራ፡ "ንብሽክለታ ብኹሊታ ኣቲኺያ" ክብልዋ ከለዉ ዘነኣእሱዋን ኮይኑ ይስምዓ ምንባሩ ትዝክር። ነቲ ብደቂተባዕትዮ ተባሒቱ ዝነበረ ዓውዲ ከም ጓለንስተይቲ እሞ ኸኣ በዓልቲ ሓዳር ዝፈጥረላ ዝነበረ ተጽዕኖታት ድማ ገለ ካብ ብድሆታት ምንባሩ ትገልጽ።

ሚርያም ዝኾነ ዕዮ ቅድሚ ንሰባት ምእማንካ ውሽጥኻ ክኣምነሉ ኣለዎ። ውሽጥኻ ነቲ ሓሳብ ናብ ግብሪ ምስ ለወጦ ንሰባት ምእማን ኣየድልዩን እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ስራሕ ባዕሉ ክዛረብ እዩ በሃሊት እያ። "ኣብ ሞያ ዳንነት ንደቀንስትዮ ባሕሪ ጨዲደለን ኣለኹ፡ ምስዓብ ድማ ናይ'ተን ብሕጂ ዝመጽኣ ጀጋኑ ደያኑ ብሽክለታ'ዩ ክኸውን። እቲ ኣነ ዝሓለፍኩዎም ብድሆታት ዝኾነት ጓለንስተይቲ ክትሓልፎ ኣይምነይን። ኣብ ዳንነት እትግደስ ጓለንስተይቲ ፍልጠተይ ንሕጉሓ ከካፍላ ድማ ቃል ይኣቱ።" ትብል።

ኣብ መወዳእታ መንእሰይ ሚርያም ሃብታይ፡ ንኹሎም ስድራ ቤታን ዘተባብዕዎ ኣባላት ፈደረሽን ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ፈደረሽንን ብሽክለታ ኤርትራን ካልኦት ውልቀ ሰባትን ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽትበጽሕ ስለ'ቲ ዝገበሩላ ምትብባዕ ተመስግን።



# ይብሉ ነበሩ !

## ‘ፍቕሪ ተግባር ምስ ዝውሕዳ፡ መግለጺ ይበዝሓ!’

ኣልጌና ወልደማርያም

ዓባየይ ‘ብምምጽዳቕ ጺድቕ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ!’ ትብለኒ ነይራ። ሓቒ'ዩ ንእሽቶ ስለ ዝነበርኩ፡ ሓቀኛ ትርጉሙ ይርደኣኒ ነይሩ'ዩ ክብል ኣይደፍርን። ሕጂ ግን ሓደ ትዕዝብቲ ሒዘ። ንሱ ከኣ ‘ምምጽዳቕ ዘይኮነ ቅንዕና'ዩ ጺድቕ ዝገብረካ!’ ዝብል'ዩ። ሎሚ ሎሚ ግን ምምጽዳቕ ናይ ብዙሓት ሰባት ስልቲ ይኸውን ኣሎ መስለኒ። ሓሰውቲ፡ ምዕቡላት ከተርቲ፡ ፍቑራት ንምምጽዳቕ ከም ሚሳይል ይጥቀምሉ ኣለዉ። ‘ለባም፡ ፈቃርን ዕዉትን ንምምሳል ዕዳጋ ተወሪድካ፡ ምምጽዳቕ ምዕዳግ ፋሽን'ዩ ኮይኑ ዘሎ!’ ይብሉ ነበሩ!

ብቐረባ ዝፈልጦም ዝነበርኩ ፍቑራት ነይሮም። ገሊኦም ሰባት ‘ደረስቲ’ እዮም ዝብልዎም። ፍሉይ ናይ ስነ ጽሑፍ ክእለት ዝነበሮም ጸሓፍቲ ስለዝነበሩ ግን ኣይኮነን። ክልቲኦም ፍቕሪ ክገልጹ ጉድ እዮም። ኣብ መንጎኦም ዘሎ ሓልዮት፡ ምክብባር፡ ምጽውዋርን ምትእምማንን፡ ብመሳጥን ልቢ ዝሰልብን ቃላት ክገልጹልካ ከለዉ፡ እቲ ኣብ ልቦም ዝነበረ ፍቕሪ ክሳብ ክንድ ምንታይ ዓቢ ምዃኑ ንምግማት ኣይትድንጉይን። የግዳስ ፍቕሪ እዞም ደረስቲ፡ ኣብ ሓዳር ምስ በጽሑ'ዩ ተመናኒሁን ንፍትሕ መሪሕዎምን። መግለጺኦም ከንቱ ምንባሩ'ውን ድሒሩ ተሰዊጡና። ‘ፍቕሪ ተግባር እንተ ውሒደዋ፡ መግለጺ ይበዝሓ!’ ይብሉ ነበሩ።

ጂሚ! እቲ'ኳ ልሳኑ ኣብ መዓር ኣሊኹዋ ዝሓድር፡ ወዲ ገዛውትናን ዓርክናን'ዩ። ከም ጂሚ ጥዑም ምዝራብ ዝተዓደለ ሰብ ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ኣዝዩ ክኢላ መዳሪ'ዩ። ዘረባኡ ወደሳን ናእዳን'ዩ። ምስ ጂሚ እንተ ውዒልካ፡ ኣብ ነብስኻ ዝህልወካ ርድኢት ኣወንታዊ'ዩ ዝኸውን። ብመስጥቲ ቃላት ንስኻ ፍሉይ ምዃንካ እናነገረ፡ ከም ብሓድሽ ምስ ነብስኻ የላልየካ። ሓቂ ዘረባ ዝመርጾም ኲርንዓት ኣዝዮም መሰጥቲ እዮም። ኮታ ንጂሚ ኩሉ'ዩ ዝፈትዎ። ገንዘብ ከተለቅሖ ምስ ሓተተልካ ከመይ ኢልካ ትኣብዮ? ፈጺምካ! የግዳስ ጂሚ ዝተለቅሖ ገንዘብ ኣብ ምምላስ'ዩ ሓቀኛ ባህርያቱ ዝወጽእን እቶም መሰጥቲ ቓላቱ ዝኸድዕዎን። ኮታ ጂሚ ብመልሓስ ዘጥቅዕ ኣድማዒ ከታሪ'ዩ። ‘ክሳብ ዝጥዕመና ኢና ሓንኪስና በለ ዝብኢ!’ ይብሉ ነበሩ።

ኣኮይ ማኀቲ! ብቐረባ ዝፈልጦ በዓል ጺጋ'ዩ። ኩሉ ሰብ'ዩ ኣኮይ ዝብሎ። እቲ ምኽንያት፡ ንዝኾነ ሰብ ‘ወዲ ሓፍተይ’ ኢሉ ስለ ዝጽውዖ'ዩ። ኣኮይ ማኀቲ! ዕድሚኡ ዋላ'ኳ ሰብዓታት ዘፋረቐ እንተኾነ፡ ምስ መንእሰያት ግን ኣመና'ዩ ዝሰማማዕ። ኮታ ዓርኪ መንእሰያት'ዩ። ባዕሉ'ዩ ክሕግዘኩም ዝብለካ። ቅድሚ ምሕጋዙ ግን ብዛዕባ ሃብቱ ከዕልለካ ግድነት'ዩ። ‘ርኤኹም እዞም ደቀይ፡ ገንዘብ ረሳሕ'ዩ። ኣነ ክንዳኹም ከለኹ ስለ ዝተሓገዝኩ'የ ኣብዚ በጺሐ። ስለዚ ክሕግዘኩም'የ። ምኽንያቱ ንዓይ ጽድቂ'ዩ።’ እናበለ ናይ ሰዓታት ሙብርሂ ይህበካ። ኣብ መዓልቲ ቆጸራ (ንሓገዝ) ግን ኩሉ ሻዕ ኣዕናኹቱ ይሞቱዎ። ኣብቲ መጀመርታ ሓቒ'ዩ ዝመስለና ነይሩ። ደሓር ግን ካብቲ ዝተመባጽዓልና ሓገዝ ንምህዳም፡ ዝፈጥሮ ልቢ-ወለዳዊ ዛንታ ምዃኑ ፈሊጥና።

ኣደይ ኣብርሀት! ቤተ ክርስትያን ኬድካ እንተዘይተሳሊምካ፡ ክቋየቓኻን ልክዕ ልክዕካ ከስምዓኻን ኣይድንጉያን እየን። ምስ እምነት ዘለወን ምትእስሳር ኣመና ዝገርምን ዝድነቕን'ዩ። ቃል ኣምላኽ እናደገማ ክገንሓኻ ከለዋ፡ ካብ ካህን ፈሊኻ ክትርእየን ትሽገር። የግዳስ ኣደይ ኣብርሀት ምስዚ ኩሉ እምነተን፡ ምስ ጎረቤተን ኣደይ ግምጃ (ብሪጋ ማይ ፈስቶ ዝመጸ'ዩ) ሰላምታ የብለንን። ነቦይ ተኸሉ ብሕማቕ ከየልዓልኦም እንተ ውዒለን፡ ዳርጋ ይሓማ እየን። ‘በዓል ተኸሉ ከኣ ሰብኡት ተሓሲቦም’ እናበላ የቖናጽብኦም። ‘ኣትን ኣደይ ኣብርሀት ምሽ ንዓና ባእሲ ግደፉ፡ ሕደጉ ክሕደገልኩም'ዩ ኢኽን ትብላና’ እንተ ኢልካየን፡ ‘ኣይ! ኣፍ ኣፈይ ከኣ ክትምሉሰለይ፡ ኣየ ደቂ ሎሚ! በታ ግዜ እቲኣ ንስኻ ስቕ በል ንሕና ክንዛረብ ዝብሉ ክመጹ እዮም፡ ተባሂሉ'ኳ እዩ። ትንቢት'ኳ እዩ ዝፍጸም ዘሎ’ እናበላ የማርራ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ብልሳንካ ኣብ ቅድሚ ሰባት ትሃንጾ መንነትካ፡ ኣብ ፈተንቲ እዋናት ከም ዕፋፈት ተመን ተቐሪፉ ዝእለ ከይከውን ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ምንታይ ካብ መልሓስካ ረጒዳ ግብርኻ ትዓብር፡ እቲ ናይ ብሓቂ ንስኻ ምዃን ስለ ዘበልጽ። ብጣዕሚ ልሳንካ ንግሩሃት ምትላል፡ ግዝያዊ ዓወት እምበር፡ ነባሪ ቅሳነት ዝምጡ ኣይኮነን። ይብሉ ነበሩ!